# ናብ ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል ኣቦ ወንበር ህውሓት፣

ካብ ዘፅኣት (ዶ/ር)          08/05/2010 ዓ.ም

ፈለማናይ ውድብካ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ናይ ኣቦ-ወንበርነት ሓላፍነት ክትስከም ብብፆትካ ስለዝተሓረኻ እንኳዕ ኣሐጎሰካ ክብለካ እፈቱ፤ ዕዉት ናይ ኣቦ-ወንበርነት ግዘ ድማ እምነየልካ፤

ብምቕፃል ቀፃሊ-መራሒ ውድብካ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ከም ምዃንካ መጠን፤ ንስኻ ብውልቅኻን ንስኻ እትመርሖ ቢሮክራሲ-ብሓፈሻን እትውስኑዎም ፖለቲካዊ ውሳነታት፣ እትወስዱዎም ስጉምቲታት፣ ዓወትኩምን ውድቀትኩምን፣ ሕማቕኩምን ፅቡቕኩምን ወ.ዘ.ተ ኩሎም ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ኣብ ልዕሊ 6-8 ሚልዮን ትግራዋይ ፅልዋ ዘሕድሩ ብምዃኖም ኩሉ ትግራዋይ ትግራዋይ ብምዃኑ ጥራሕ የእትውኒ እዩ፣ ይምልከተኒ እዩ ኢሉ ብውልቁን ተወዲቡን ብዝፈላለዩ መንገድታት ኢዱ ሓዊሱ ክሳተፍ፣ ንፅቡቕ ንኢዱ ንሕማቕ ክነቅፍ፣ ዝመስሎን ንህዝቢ ይረብሕ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉን ሓሳብ ክህብከምዝግባእ ፍሉጥ እዩ፡፡ ኣነ እውን ኣብዚ ስምካ ፀሪሐ ቅሉዕ ደብዳቤ ክልእኽ ከለኹ ካብዚ መንፈስ ብምብጋስእዩ፡፡

ናይዚ ደብዳቤ (ፅሑፍ) ዕላማ ንስኻ ብኣቦ-ወንበርነት እትመርሖ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ዝቐፅሉ ሰለስተ ዓመታት ናይ ትኹረት ኣንፈታቱ እንታይ ክመስል ከምዝግበኦ ክጥቁም ክፍትን እየ፤ ምስኡ ኣተሓሒዘ ድማ ብቐዳምነት ክእረሙ ዝግበኦም ዓበይቲ ጌጋታት ፀሪሐ ምስ መፍትሒኦም ከቐምጥ ክፍትን እየ፤ እቶም ኣብዛ ሓፃር ፅሕፍቲ ተተናኺፎም ዘለዉ ኣዝዮም ብዙሓት ነጥብታት ብቐፃልነት ኣብ እንገብሮም ምይይጣት ማዕቢሎም ንዓድናን ንህዝብናን ዓበይቲ እታወታት ከምዝኾኑ ተስፋ ብምግባር ብቐጥታ ናብቲ ኣውራ ዋኒነይ ክኣቱ፤

ቀፀልቲ ናይ ትኹረት ኣንፈታት፤

1. ኢኮኖሚያዊ ምንቅስቓስ ትግራይ፤

ብዛዕባ ቁጠባዊ ምንቕናቕ እንትሕሰብ እቲ ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኹሉን ክመፅእ ዘለዎ ዕቑራት ፀጋታትካ፣ ዓቕምታትካ፣ ዕድላትካ፣ ብልጫታትካ ፈሊኻ ምፍላጥ እዩ፡፡ ክሳብ ሐዚ ዘለዉ መረዳእታት ዘረጋግፁልና ሓቂ ትግራይ ከምቲ ፀላእትና ክድህሉናን ርእስና ምእንታን ከነድንነሎምን “የድንጋይ ሐገር፣ ለጠመኔ መግዣ የሚበቃ ሐብት እንኳ የሌላት፣ ወ.ዘ.ተ” ዝብሉዋ ኣይኮነትን፤ ትግራይ ከምቲ ናይዚ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት ግዳያት ዝኾኑ፣ ዕቑር ዓቕምታትንፀጋታትን ትግራይ ክሪኡ ስለዘይከኣሉ ኣብ ናይ ድኽነት ኣተሓሳስባ (scarcity mentality) ጥሒሎም ዝተረፉን ገለ ኣመራርሓ ገዛኢ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ትዝስእሉዋ እውን ኣይኮነትን፡፡

የግዳስ እቶም መረዳእታታት ትግራይ ኣብ መዳያት ዘፈር ቱሪዝም፣ ሃፍቲ መዓድን፣ ሕርሻ፣ ኢንዱስትሪያዊ ዕብየት ወ.ዘ.ተ ኣዝዩ ልዑልን ብብርኪ ዓለም ተወዳዳራይ ዝገብራ ዕቑር ዓቕሚ

ዘለዋንእዮም ዘረጋግፁ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ትግራይ ኣብ ልዕሊ 3000 ዓመታት ዝተዋህለለ ባህሊ ስልጣነ(civilization) ኣለዋ፤ ሃርኳትን ዓዱ ዝፈቱን ህዝቢ ዘለዋ ክልል እያ፤ እዚ ካብ ኩሎም ዕድላት፣ ዓቕምታት፣ ብልጫታት እቲ ዝዓዘዘን ኣብ ዓለም ሒደት ህዝብታት ጥራሕ ዝረኽቡዎን ዕድል እዩ፡፡ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ዘሎ ጥንኩር ቤተሰባዊነት፣ ናይ ምትሕግጋዝ ልምዲ እውን ዓርሶም ዝኸኣሉ ብልጫታት እዮም፡፡ ምስኦም ሓዊሱ ድማ ንባሕሪ ዘለዋ ቅርበት፣ ዝተረጋገአ ሰላም (ዋላኳ ዕልዋ እቲ ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ዶባዊ ምትፍናንን ፖሊሲ ኣይ-ስላም ኣይ ኲናትየለን እንተዘይተብሃለ)፣ ንናይ ወፃኢ ኢንቨስትመንት፣ ንምዕባለ ኢንዱስትሪ ዝተመረፀት ክገብሩዋ ናይ ምግባር ተኸእሎ ኣለዎም፡፡

ኣብዚ ፅሑፈይ ኣብ ክልተ ዘፈራት (ዘፈር ቱሪዝም፤ ካብ ዘፈር ኢንዳስትሪ ድማ ኣብታ ሞተር ኢንዱስትሪያውነት ትግራይ ክትኸውን ተኽእሎ ዘለዋ ት.እ.ምት) ጥራሕ ትኹረት ገይረ ክፅሕፍ እንትኸውን ናይቲ ፅሑፍ ዕላማ ኣብቶም ዘፈራት ዘለዉ ዕድላት፣ ሕልኽልኻት፣ ውዲታት፣ተፃብኦታት መፍትሒኦምን ብሓፂሩ ከቐምጥ ክፍትን እየ፤

ሀ. ቱሪዝም፤

ትግራይ ካብ ዘለዉዋ ዓበይቲ ዕድላትን ብልጫታትን ሓደ እቲ ትኪ-ኣልባ ኢንዳስትሪ ዝብሃል ዘፈር ቱሪዝም እዩ፡፡ ኣብ ጓንኻ እኒ ምኹራብ ይሓ፣ ሓወልቲ ኣኽሱም፣ ኣኽራናት ሰሎዳ፣ ገራዓልታ፣ ብደቂቀ እስጢፋኖሳውያን ናይ ዓለም ኢንዳትሪያዊ ወያነ ዝተወልዐሉ ገዳም ጉንዳጉንዶ፣ ውቕሮ መቓብር ጋዕዋ፣ መስጊድ ኣልነጃሺ፣ ሐዚ ድማ ማይ ኣድራሻ ወ.ዘ.ተ ሒዝካ ኣብ ዘፈር ቱሪዝም ዓብዪ ቆላሕታ ምግባርን እቲ ዘፈር ቀንዲ ናይ ኢኮኖሚኻ መሰረት (ሞተር) ምግባር ግቡእ እዩ፡፡ ብዘሕዝን ኩንታት ግን ክሳብ ሐዚ ትግራይ ነዚ ዕቑር ሃፍታ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ኣይከኣለትን- ንምንታይሲ ግቡእ ስራሕ ስለዘይተሰርሐ፡፡ ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ንኽልተ ዓሰርተ ዓመታት ዝዘለቐ ናይ ዶብ ምትፍናን ናይ ባዕሉ ፅልዋ ከምዘሕደረ ፍሉጥ እኳ እንተኾነ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ግን መስሕባትና ንምሕብሓብን ንዓለም ንምፍላጥን ዝተገበሩ ፃዕርታት ውሱናት ምዃኖም፤ መስሕባት ቱሪዝምና ናይ ከቢድ ከም መንገዲ፣ ማይ፣ መዕርፎ ኣጋይሽ፣ መብራህቲ ዝበሉ መሰረተ-ልምዓታት ዘይተሃነፁሎም ብምዃኖም፤ ኣብ ኣወሃህባ ግልጋሎት ዘለና ድኹም ኣፈፃፅማ፤ ኣዝዩ ደኹምን ብዓቕሚ ዘለዎም ሰብ ሞያ ዘይተዋቐረን ነዚ ሴክተር ክመርሕ ትፅቢት ዝግበሮ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ምህላዉን እዮም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ማእኸል ዓድን ኣብ ወፃኢ ሃገራት ኣብ ዘለዋ ኤምባሲታት ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ሓበሬታ ምዝባዕን ምዕፋንን (sabotage) እውን ክጥቀሱ ዝግበኦም እዮም፡፡ ካብቶም ናይ ትግራይ ናይ ኢትዮጵያ ቅርስታት ንዓለም ከፋልጥ ሓላፍነት ተዋሂቡዎ ብመንግስቲ ዝተጣየሸ ትካል ቱሪዝም ኢትዮጵያ Ethiopian Tourism Organization-ETO

“ብበፃሕቲ ዓዲ ክጉብነዩ ዘለዎም ሓድግታት ኢትዮጵያ” ኢሉ ኣብ ዝዳለዎም ዶክመንታት ኣብ ትግራይ ዝተጠቐሰ ሓድጊ ሓወልቲ ኣኽሱም እዩ፤ ብዛዕባ 120 ውቑራት ኣብያተ-ክርስትያናትን ገዳማትን፣ ብዛዕባ ውቕሮ መቓብር ጋዕዋ፤ ብዛዕባ ነጋሽ፣ ብሄራዊ ፓርክ ቃፍታ ሽራሮ ወ.ዘ.ተ ዝብሎ የለን፡፡ እቲ ትካል ብስሩ እውን ንጎብነይቲ ኣብ ዝህቦ ምኽሪ (recommendation) ናይ ትግራይ ፃንሒት ኣብ ሓደ መዓልቲ ክዛዘም ይምዕድ፡፡

ካብዚ ብዝበኣሰ መልክዑ ድማ እቶም ዝበዝሑ ማእኸሎም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝገበሩ ውልቀ ትካላት ጉብነያ ብዛዕባ መስሕባት ቱሪዝም ትግራይ ዝህቡዎ ሓበሬታ ኣዝዩ ውሱን እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ ጎብነይቲ ደፊኦም “ንትግራይ ክንክይድ ንደሊ ኢና” እንተዘይሎም ጎብነይቲ ናብ ትግራይ ዝኸዱሉ ዕድል ፀቢብ ክኸውን እናሰርሑ እዮም፤ ኣብ ዘዳልዉዎም ብሮሸራትን ፓምፕሌታትን ብዛዕባ ቅርስታት ትግራይ ሓቀኛ መረዳእታ ንኸይህቡ ይጥንቀቑ እዮም፡፡ ገለገሊኦም ሕሉፍሓሊፎምስ ‘ኣብ ትግራይ ናይ ፀጥታ ስግኣት ከምዘሎን ናብ ትግራይ ምኻድ ሓደገኛ ከምዝኾነን’ ብምግላፅ ንጎብነይቲ ዝተጋገየ ሓበሬታ ይህቡ እዮም፡፡

እዚ ኮይኑ እናሃለወ ግን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኩለን ክልላት ነናይ ባዕለን ናይ ቱሪዝም መስሕባት ንበፃሕቲ ዓዲ ሓበሬታ ዝህባሉ ዴስክ እንትህልወን እታ ናይ ታሪኽን ቅርስን ኣዝያ ሃፍታም ትግራይ ግና ብፍሉይ ብዛዕባ መስሕባት ቱሪዝም እታ ክልል ንበፃሕቲ ዓዲ ሓበሬታ ህብ፣ ቅርስታትና ዘላሊ ዴስክ ኣብ ኣዲስ ኣበባ የብላን፡፡

ስለዝኾነ ድማ ትግራይ ዘለዋ ኣዝዩ ልዑል ዕቑር ሃፍቲ ቱሪዝም ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዋደዱ ስራሕቲ የድልዩና፤

- ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ብሰብ-ሓይሊ፣ ብንዋይ፣ ብቴክኖሎጂ ክጠናኸር፣ ዘድሚ ስራሕ ዝሰርሕ ሂወት ዘለዎ ቢሮ ክኸውን ይግባእ፤
- መስሕባት ቱሪዝም ትግራይ ብግቡእ ንኸይፍለጡን በፃሕቲ ከይጉብንዩዎምን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝግበሩ ዘለዉ ዝተዋደዱ ሻጥራት ብግቡእ ምፅናዕ፣ ምምካት፣ ምፍሻል የድሊ፤
- ንፌደራል መንግስቲ ከይተፀበኻ ሃፍቲ መዲብካ ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ዘለዉ ቅርስታት፣ ሓድግታት ትግራይ ግቡእ ሓለዋን ክንክንን ክግበረሎም፤ ናይ ሎሚ ምንጪ ሃፍቲን ኩርዓትን ክኾኑ፤ ንወለዶ እውን ክሓልፉ ምግባር የድሊ፤ ምስኡ ተታሓሒዙ እቲ ህዝቢ ባዕሉ በዓል-ዋንነት ተሰሚዑዎ ሓድግታቱ ብግቡእ ክከናኸን፣ ክዕቅብ እኹል ግንዛበ ምጭባጥ የድሊ፤ ካብቲ ተሩፋት እቲ ህዝቢ ተጠቃሚ ክኸውን ምግባር እውን የድሊ፤
- እቶም መስሕባት ቱሪዝም ተበፃሕቲ ንምግባር ቀዳምነት ሂብካ ከም ናይ መንገዲ፣ መዕረፊ፣መብራህቲ፣ ማይ ዝበሉ መሰረተ-ልምዓታት ክማልኡሎም ይግባእ፤

- ክሳብ ሐዚ ብግቡእ ዘይተፈተሹ በብገዳማቱ፣ በቢኣብያተ-ክርስትያናቱ ዘለዉ ጥንታዊ ናይ ብራና ፅሑፋት፤ መሳቕልን ፅላታትን፣ ካልኦት ቅርስታት ብግቡእ ምፍታሽ፣ ምዕቃብ የድሊ፤
- ካብ እዋን ናብ እዋን እናተመናመነ ይኸይድን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑን ዘሎ ኣብ ኢትዮጵያ እቲ ዝዓበየ ናይ ሓራምዝ ቁፅሪ ዝነበሮ፤ ብዙሓት ፍሉያት ኣዕዋፍን እንስሳታትን ኣብ ዓጉኡ ዝሓቖፈ ፓርክ ቃፍታ ሽራሮ ብግቡእ ክተሓዝ፣ ካብ ብርሰት ክድሕን ዝተዋደዱ ስራሕቲ የድልዩ፤
- መስሕባት ቱሪዝም ትግራይ ንዓለም ብግቡእ ንምፍላጥ ዘለካ ሃፍቲ ኣዋዲድካ ኩሎም ዓይነት መንገድታት ምጥቃም የድሊ፤
- ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጠናኸረ ዴስክ ሓበሬታ መስሕባት ቱሪዝም ትግራይ ክህሉ ይግባእ፤
- ኣብ ታሪኽ፣ መንነት፣ ቋንቋን ባህልን ትግራይ ዝግበሩ ምርምራት ግቡእ ቆላሕታ ይገበረሎም፤ ኣብዚ ንዝነጥፉ ፀሓፍቲ፣ ሙዚቀኛታት፣ ተዋሳእቲ፣ ገጠምቲ ወ.ዘ.ተ እኹል ጠመተ፣ ክትትልን ሓገዝን ክግበር ይግባእ፤
- ካብ ኣጉል ከይብሉና ሰኸፈት ወዒእኻ ኣብ ልዕሊ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ፣ መንነትን ሓድግታትን ትግራይ ዝግበሩ ዝተዋደዱ ተፃብኦታት ብግቡእ ምምካት፣ ሓቂ ምቅላዕ የድሊ፤

<u>ለ. ት.እ.ም.ት</u>

ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሐዚ ጥሉል መልሲ ዘይረኸበሎም ኣብ ልዕሊ ት.እም.ት ብዙሓት ሕቶታት ከልዕል ፀኒሑ እዩ-ንልዕሊ 20 ዓመታት ፡፡

“ት.እ.ም.ት ናይ መን እያ? ናይ ህዝቢ ትግራይ እንተኾይና ክሳብ ሐዚ ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ትካል እንታይ ተረቢሑ? እታ ትካል ብሓቂ ናይ ህዝቢ ትግራይ እንተኾይና ንምንታይ ህዝቢ ብቐጥታ ብተወከልቱ ዘየመሓድራ? እቲ ትካል ንምንታይ ተሓታትነትን ግልፅነትን ዘለዎ ምሕደራ ዘይህልዎ? ንምንታይ ብኣባላት ፖሊት ቢሮን ማእኸላይ ኮሚቴን ህ.ወ.ሓ.ት ትመሓደር? ክሳብ መዓዝ እዩ ሕብሕብኢት? ሰባት ሚልዮናት ሰሪቖም ብዘይተሓታትነት እንተምልጡን በብቦትኡ ፎቓት እንትግትሩ፤ ወዒኦም “ልምዓታውያን ኢንቨስተራት” እንትኾኑ፤ ዓበይቲ ተኾናተርቲ እንትኾኑ እምበር ብሕጊ ክሕተቱ ተራእዩ ኣይፈልጥን፡፡ ንምንታይ? ክሳብ መዓዝ እዩ ብኸምዚ ክቕፅል? ገሊኦም ናይተን ትካላት ስራሕ መካየድቲ ኮይኖም ዝሸየሙ ድማ ናይ ወረዳ ወይ ዞባ መመሓደርቲ ዝነበሩን ብምምሕዳራዊ በደልን ክራይ ኣካብነትን ህዝቢ ፀርፀር ዝበለሎም፣ ተገምጊሞም ዝወረዱ፤ እሞ ድማ ምስቲ ስራሕ ተዛማዲ ትምህርቲ ዘይብሎም ፖለቲካዊ ተሸምቲ እዮም፤ ንምንታይ ሙያን፣ ዓቕሚን፣ ተሓታትነትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብግልፂ ውድድር ስራሕ መካየድቲ ዘይምደበሎም? ገለ ትካላት ት.እ.ም.ት ድማ ኣብ ትግራይ ዘፍርዩኡ ምህርቲ ኣብ ትግራይ ኣብ ካልእ ክፋል ኢትዮጵያ ካብ ዝሸጥኡ ዋጋ ብኣዘዩ ዝኸበረ ዋጋ ከምዝሸጣ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ንኣብነት ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ ንሓደ ኹንታል ኣብ ኣዲስ ኣበባን መቐለን ዝሸጠሉ ዋጋ እንትወዳደር ኣብ መቐለ ዝሸጠሉ ዋጋ እንተንኣሰ ብ25 ብር ብኹንታል ዝኸበረ

እዩ፤ ናብ ትግራይ ካልእ ስሚንቶ ክኣቱ ከምዘይፍቀድ ናይ ኣደባባይ ሓቂ እዩ፡፡ ንምንታይ? ቀፃሊ ራኢን ኣንፈት ጉዕዞን ት.እ.ም.ትከ ናበይ እዩ? ወ.ዘ.ተ ወ.ዘ.ተ....”

ኣብ ት.እ.ም.ት ዝለዓሉ ሕቶታት እዚኦምን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ተዛመድቲ ሕቶታት ኣለዉ፤ ክሳብ ሐዚ ግን “ት.እ.ም.ት ናይ ህዝቢ ትግራይ እያ፤ ካብ ሙሉእ ከባቢታት ትግራይ ዝተዋፅአ ቤት ምኽሪ ኣለዋ፤ 9 ኣባላት ዘለዎ በዓል ሓደራ ቦርድ እውን ኣለዋ እዩ፤ በብዓመቱ ውሽጣዊን ናይ ደገን ኦዲት ትገብር እያ፤ ናይ ኦዲት ሪፖርቱ ድማ በብዓመቱ ንህዝቢ ትግራይ ይቐርብ እዩ” ኢልካ ሸፋፊንካ ካብ ምሕላፍ ዝሓለፈ ቅኑዕ፣ ግልፂ መልሲ ዝህብ የለን፡፡

ዝሓለፈ ሓሊፉ ኣሎ፤ ቀፃሊ ኣንፈት ጉዕዞ ት.እ.ም.ት ከመይ ክመስል ኣለዎ? ት.እ.ም.ት ተሓታትነትን ግልፅነትን ዘለዎ ምሕደራ ዘለዋ፣ ከሳቢት ዝኾነት፣ ሞተር ኢንዳስትሪያላይዜሽን ትግራይ ክትከውን እንታይ ክግበር ኣለዎ?

ውልቃዊ ረኢቶይ፤

- ፈለማ ት.እ.ም.ት ብኣተሓሳስባን ብተግባርን ዋንነታ ናብ ብዓል ዋንኣ ናብ ህዝቢ ትግራይ ትምለስ፤ ዋንነት ህዝቢ ትግራይ ብዘረጋግፅ መልክዑ፤ ግልፅነትን ተሓታትነትን ብዘስፍን መልክዑ ከም ብሓዱሽ ትዋቐር፤
- ከም መሰቦ ዝበላ ጎጀኢንዳስትሪታት፤ ከም ጉና ሰራሕቲ ንግዲ፣ ትራንስ ኢትዮጵያ፣ ኢዛና ፋብሪካ ምውፃእ መዓድን፣ ሳባ እምነ-በረድ፣ ሸባ ሌዘር፣ ሂወት መካናይዜሽን ሕርሻ ዝበሉ ትካላት ካብ 50- 75 % ብፅሒቶም ንህዝቢ ብምሻጥ ብጥንኩራት ቦርድታት ዝምርሓ ኮርፖሬሽናት ይኹና፡፡ ካብ መሸጣ እተን ትካላት ዝርከብ ገንዘብ ድማ መሊስካ ኣብ ካልእ ኢንቨስትመንትይውዕል፤
- ድሕሪ ሐዚ ት.እ.ም.ት ናይ ውልቀ ኢንቨስመንት ኣብ ክኣትዎም (ክደፍሮም) ዘይኽእሉ፣ ቀልጢፎም ክስቢ ዘየርክቡ፣ ናይ ነዋሕቲ ግዘ ክስቢ ተሊሞም ዝጣየሹ ዓውድታት እያ ኢንቨስት ክትገብር ዘለዋ፡፡ ድሓር እቶም ዘፈራት ሰብ ሃፍቲ ክደፍሩዎም ምስ ጀምሩ ት.እ.ም.ት ኢንቨስትመንታ ትስሕብ፤ ኣብ ካሊእ ሓዱሽ ዓውዲ ድማ ኢንቨስት ትገብር፤
- ቀፀልቲ ዓውዲ ኢንቨስትመንታት ብኣውሩኡ ኣብ ዓውድታት ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂን ካልኦት ምዕቡላት ቴክኖሎጂን ዘድህቡ ክኾኑ ትፅቢት ይግበር፤

- ልዑል ናይ ቴክኖሎጂ ፍልጠት ሽግግርኣብ ዘምፅኡ ዓውድታት ምስ ናይ ወፃኢ ኩባንያታት ብሽርክና ምስራሕ ሓደ ኣንፈት ዕቤት ትእምት ክኸውን ይግባእ፡፡

ብሓፈሻ፡ ኣድላይነትን እዋናውነትን ምእዋጅ ኢኮኖሚያዊ ወያነ (ብፍላይ ኢንዱስሪያዊ ወያነ) ትግራይ ዘማትእ ኣይኮነን፤ እዚ ክዉን ንክኸውን ግን ፈለማ መሰረታዊ ስራሕቲ ክስርሑ ኣለዎም፤

- ኣብ ትግራይ ንኢንቨስትመንት ጥጡሕ ዝኾነ ኩነታት፣ ንኢንቨስትመንት ሓንጎፉይ ኢሉ ዘተኣናግድ ቢሮክራሲ ብምፍጣር ትግራይ ማእኸል ስሕበት ኢንቨስትመንት ምግባር ቀዒሉ ዝመፅእ እዩ፡፡
- ትግራይ ካብ ደበና እቲ "ኣይ-ኩናት ኣይ-ሰላም" ዝብሃል ቀዋሚ ናይ ኩናት ሃዋህው ክትወፅእ ይግባእ፣ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ እዚ ን20 ዓመታት ዝቐፀለ ሃዋህው ኩናት ካብቶም ኣብታ ሃገር ዘለዉ ውሱን ዕድላት ኢንቨስትመንት፣ ልምዓት እውን ተገሊፉ እዩ፣ ምስኡ ድማ ኣብ መዳያት ህንፀት ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ነፃነት ሰናይ ምምሕዳር እውን ካብ ሃገሩን ካብ ጅማሩኡን እውን ንድሕሪት ተጎቲቱ እዩ፡፡ እዚ ህዝቢ ን20 ዓመት መዓስከር ወታደራት፣ ዞባ ኩናት ኮይኑ፣ ናይ ሰላምን ርግኣትን ኣየር ጎዲሉዎ ኣሎ፣ ምልሻ ትግራይ ማሕረስ ገዲፉ ዘብዒ ይሓድር ኣሎ፡፡ እዚ ህዝቢ ብሰንኪ እቶም ተደራረብቲ ውሽጣዊን ደጋዊን ማሕለኻታት ደቁ ምሕብሓብ ኣብዩዎ ፎቐዶ ባሕርን ሽንጥሮን ይተርፉ ኣለዉ፡፡ ክልቲኡ ደቂ ሓደ ማህፀን ሓው ህዝቢ ብሰንኪ እዚ "ኣይሰላም ኣይኩናት' ዝብሉዎ መወዳእትኡ ዘይፍለጥ ፍሹል ፖሊሲ ኢህወዴግ ከምዝፈሸለ ተኣሚኒሉ ካልእ ብዝሰርሕ፣ ናይዞም ህዝብታት ቃንዛ ቀኒሱ ዘላቒ ረብሓ ብዘረጋግፅ ፖሊሲ ክትካእ ኣለዎ፣
- ህንፀት ድልዱላት ትካላት (strong institutions)፣ ህንፀት ብዙሕነትን ኣፈላላይ ሐሳብን ዘተኣናግድ ዲሞክራሲ (participatory, multi-party democracy)፣ ምርግጋፅ ፍትሒን ነጻነትን፣ ናይ ተሓታትነት መስርሕ፡፡ ዘይማዕበለ ዲሞክራሲ፣ ብግዕዝይናን ክራይ ኣካብነትን ዝተወረረ ቢሮክራሲ፣ ኣብ ውልቀ ሰበ-ስልጣን ዝንጥልጠላን ትካላዊ ጥንካረን ነፃነትን ዘይብለን ልሙሳት ትካላት መንግስቲ ሒዝካ፣ ተሓታትነት እንተየንገስካ፣ ፍትሒ እናዛባዕኻን ነፃነት ደቂ ሰባት ዓፊንካን ብዛዕባ ስሉጥን ዘላቒን ምዕባለ ሃገር ክትሓስብ ኣፀጋሚ እዩ፡፡ ስለዚ ኣብዚ ዓብዩ ትኹረት ሂብካ ምስራሕ ከድሊ እዩ፡፡
- ኩሉግዘ ምስዚ ጎኒ ንጎኒ ክኸይድ ዘለዎ ኣብ ትምህርቲ፣ ኣብ ህንፀት ወለዶ ዝግበር ጥንቃቐ ዝመልአ ትኹረትን ኢንቨስትመንትን እዩ፡፡ "Education Made us what we Are" እዩሞ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ትኹረት ዘድልዮ ጉዳይ ፅሬት ትምህርቲ ብምምሕያሽእቲ ዕዳጋ ዝጠልቦም ክኢላታት ኣፍሪኻ ኣብ ምዕበለ ኢንዱስትሪ ተርኦም ክፃወቱ ምግባር የድሊ፣ ብነዊሕ ግዘ ድማ ብፍላይ ኣብ መዳይ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ተዋሳእትን መራሕትን ዝኾኑ ብቑዓት ምሁራት ምፍጣር ናይ ኩሉግዘ ናይ ትኹረት ኣንፈትና ክኸውን ዘለዎ እዩ፡፡
- ዝተማልአ ኣቕርቦት መሰረተ-ልምዓት ኣዝዩ ወሳኒ እዩ፣
- ሐዚ ሐዚ ኣብ ትግራይ እግሪ ይተክል ዘሎ ክራይ ኣካቢ ፖለቲካል ኢኮኖሚ ኣዐርዩ እንተይገወደ ክመሓው ይግባእ፣ እዚ ድማ ብወፈራን ብጭርሖን ዘይኮነስ ክራይ ኣካብነት ዝቃለስን ሰባት ብውፅኢቶም ዝምዝንን ኣሰራርሓ (system)ብምዝርጋሕ እዩ፣

2. ኣብ ቅትለት ትምህርቲ፡ ፈለማ ኣብ ሕብረተሰብና ብዛዕባ ትምህርቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሓደገኛ ኣረኣእያን መበገሲኡን ምፍታሽ፣ ብኣግባቡ ምርዳእ ምቕያርን የድሊ፣

ብዛዕባ ውድቀት ትምህርቲ ትግራይ ክንሓስብ ከለና ሰለስተ ቀንዲ ምኽንያታት ኮይኖም ንረኽቦም፤- ማዕቢሉ ዘሎ ሓደገኛ ፀረ-ትምህርቲ ኣረኣእያ፣ በሰሮ ፖሊሲ ትምህርቲ፣ በሰሮ ኣመራርሓ ትምህርቲ፤

ቀንዲ ሓደጋ ትግራይ ኣብ ትምህርቲ ተፈጢሩን ማዕቢሉን ዘሎ ኣረኣእያ እዩ- ንትምህርቲ ዘናሹ ፣ ረብሓ ትምህርቲ ዘቆናፅብ ፀረ-ትምህርቲ ዝኾነ ኣረኣእያ፡፡ ብርግፅ እዚ ንባዕሉ ውፅኢት እምበር ምኽንያት ኣይኮነን፡፡ ኣብ ትግራይ ብዝተምሃርካን ብዝበላሕኻን ቁፅሪ ትሕቲ ሰብ ትኾነሉን እትግፍዐሉን መስርሕ ተዘርጊሑ እዩ ምባል ይከኣል፡፡ ካብ ላዕለዋይ ፀፍሒ ስልጣን ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ጀሚሩ ንትምህርቲን ንምሁርን ናይ “ኒዮ-ሊበራሊዝም መሳርሒ፣ ተወላዋሊ” ወ.ዘ.ተ እናበልካ ብጎቦ ዓይኒ ብምርኣይን ብምፅልላእን ዝተጀመረን ናብ ህዝቢ ዝለሓኾን ፀረ-ምሁር ትግራዋይ ኣረኣእያ እቲ መሪሕነት ከይዱ ከይዱ ህፃናትን መንእሰይን ትግራይ “ምምሃር ምድካይን ትሕቲ ሃገርካ ምኺንን ካብ ኮነ ንምንታይ ድኣ ክምሃር፣ እንታይ ንምርካብ በርቲዐ ከፅንዕ?” ናብ ዝብል ረብሓን ክብሪን ትምህርቲ ናብ ሕቶ ምልክት ዘእቲ ናይ ኣረኣእያ ቁልቁለት ሸው ክብል ገይሩዎ፤ እቲ ዝተምሃረ ነኣናእሽቱ ኣሓቱ ኣሕዋቱ “በርቲዕኻ ተምሃር” ኢሉ ከይምዕድ እውን ዝተሰከፈሉ (“ተማሂርካ እንታይ ኣምፂእኻ?” ዝብል ሕቶ ስለዝስዕብ) ኩነታት ፈጢሩ እዩ፡፡

ብተግባር ኣብ ትግራይ “ብትምህርቲ ክሓልፈለይ እዩ” ዝብል ኣረኣእያ እናጠፍአ ምምሃር “ምድካይ፣ ደቅኻ ምጥማይ” ማለት እንተኾይኑ ንምንታይ ይምሃር፣ ንምንታይ ግዘይ ኣብ ትምህርቲ የጥፍእ ዝብል ኣረኣእያ እናገወደ ከይዱ፤ ናይዚ ውፅኢት ድማ ተጋሩ ኣብ ብሄራዊ ፈተናታ ብምውዳቕን ካብ ዩኒቨርሲቲታት ብምብራርን ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ዝወዳደረና ኣይተረኸበን፡፡

ትማሊ ቕድሚ ትማሊ-ቅድሚ 15፣ 20 ዓመት ተምሃራይ ትግራይ ተማሂረ ፅባሕ ክሓልፈለይ እዩ ዝብል ሓቦ ነይሩዎ፤ በርቲዐ ኣፅኒዐ ከም እከለ ክኸውን እየ ዝብለሎም መርኣያ ዝኾኑዎ ብዙሓት ሃንሳታት፣ ሄለናት እውን ነይሮምዎ፡፡ ናይዚ ውፅኢት ድማ ትግራይ ካብ መላእ ሃገር 10ይን 12ን ክፍልታት ብምሕላፍ ዝወዳደራ ኣይነበረን፡፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ድማ ብፍላይ ኣብ ሒሳብ፣ ፊዚክስ፣ ኢንጅነሪንግ ተጋሩ ጎብለላት ነይርና፡፡ እዚ ኩሉ ብዩኒቨርሲቲ ዝሓለፈ ትግራዋይ ዝፈልጦ ናይ ትማሊ ሓቂ እዩ፡፡ ሐዚ እዚ ኩሉ ታሪኽ ጥራሕ ኣዩ፤ ናይ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ውፅኢት ብሄራዊ ፈተናታት ተጋሩ ናይዚ ቀሊል መርአያ እዩ፡፡ እኒህ ድማ ተጋሩ ብፍላይ 10ይ ክፍሊ ኣብ ምውዳቕ ካብ ሙሉእ ሃገር ተወዳዳሪ ዘይብልና ምልክት ሕምቀት፣ ምልክት ልምሰት ኮይንና ኣለና፡፡ ብ2006 ዓ.ም ብብርኪ ሃገር 35 ሚእታዊ ተምሃሮ 10ይ ክፍሊ እንትሓልፉ ናይ ትግራይ 28 % ከምዝነበረ እዩ መረዳእታታት ዝሕብሩ፡፡ ናይ 2008 ዓ.ም ድማ 37 % ተምሃሮ ናብ መሰናድኦ እንትሓልፉ 24.5 % ተጋሩ ጥራሕ ከምዝሓለፉ እዩ መረዳእታታት ዝሕብሩልና፡፡ ቢሮኦም መረዳእታ ንዝደሊ ክፉት ስለዝይኮነ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ኣብ ሕድሕድ ዓመት ናይ ዝሓለፉ ተምሃሮ ዝርዝር ኦፊሴላዊ ዳታ እኳ ምርካብ እንተዘይተኽኣለ ኣብቲ ቢሮ ካብ ዘለዉ ገለ ግዱሳት ሰራሕተኛታትን ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሚኒስቴር ኢትዮጵያን ዝተረኸቡ ሓበሬታት ዘረጋግጹዎ ሓቂ ተጋሩ ብትምህርቲ ትሕቲ ሃገርና ካብ ንኸውን፣ ኩለመዳያዊ ፅሬት ትምህርቲ ትግራይና ካብ ዝነበሮ እውን ብዝገደደ መሬት ካብ ዝዘብጥ ብዙሕ ኮይኑዎ እዩ፡፡

እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣዝዩ ሓደገኛ ረብሓን ክብሪን ትምህርቲ ብዜሮ ዘባዝሕ ኣረኣእያ ንምእራም ፈለማ ሰባት ብዓቕሞም፣ ብክእለቶም፣ ብፍልጠቶም ብብልጫኦም ዝምዝን መስርሕ ምትእትታው እዩ፤ በርቲዕኻ ምምሃር፣ ዝበለፀ ምፍላጥ ተመራፂ ዝገብርን ብኢኮኖሚ ተረባሒ ዝገብርን መስርሕ ክህሉ ምግባር እዩ፤ ነቲ ግጉይ ኣረኣእያ ብሓሳብን ብተግባርን ትምክቶ ማለት እዩ፡፡

- እቲ ካልኣይ ምኽንያት ውድቀት ትምህርቲ ትግራይ ውደቀት ፖሊሲ ትምህርቲ እዩ፤

ክሳብ 4ይ ክፍሊ "ተምሃራይ ፈለጠ ኣይፈለጠ፣ ኣፅንዐ ኣየፅንዐ ስኽ ኢልካ ኣሕልፎ፣ ምውዳቕ ዝብሃል የለን" ይብል፡፡ ካብኡ ንደሓር ዘሎ ድማ ዝበለፀ ክሳድካ ዘድንን እዩ፡፡ "ውፅኢት ተኮር" ዝብሃል መስርሕ ንቲ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዘ ምግቢ ናይ ምርካብ ውሕስንኡ ዘየረጋገፀ ምሽክን መምህር ናይ ሞይኡ፣ ናይ ሕሊንኡ ዘይኮነስ ናይ ህልውና ሕቶኡ ተገዛኢ ክኸውን እዩ ገይሩዎ፡፡ ሓደ መምህር ዝምዘን ንተምሃሮኡ ብዘጨበጦ ፍልጠት ዘይኮነስ ብዝሃቦ ብዝሒ ማርኪ፣ "ክንደይ ተምሃራይ ኣሕሊፉ?" ብዝብል እዩ፤ ተምሃሮ እውን ገምገምቲ እዮም፤ ስለዚ እቲ መምህር "ንእሽቶይ ዕቤት ደኾን ይረክብሞ ደቀይ ይዕንግል?" ካብ ዝብል ተስፋ ብቶም ኣብ ዕሸል ዕድመ ዘለዉ ኣብ ሞንጎ ፍልጠትን ማርኪን ዘሎ ርሕቐት ብዙሕ ክርድኡ ዘይኽእሉ ተምሃሮኡ እውን ከይጽላእ፤ ብዙሕ ተምሃራይ ብልዑል ማርኪ ኣሕሊፉ እውን ምእንታን ክብሃል... ንዘፅነዐን ዘየፅንዐን 80ታትን 90ታትን ክህብ እዩ ተገዲዱ፡፡ ኣብ ቀረባ እዋን ሓደ ቀዳማይ ሰሚስተር ምስተወደአ ኣብ ዕረፍቲ እናሃለወ ብሓደጋ ሂወቱ ዝሓለፈ ህፃን ሰነ ናብ ወለዱ "ወድኹም 85 % ኣቬረጅ ረኺቡ ናብ ቀፃላይ ክፍሊ ሓሊፉ ኣሎ" ዝብል ሰርተፊኬት ከምዝተልኣኸሎም ሰሚዕና ኢና፡፡ እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ንኹሉ ብኣልማሚት 80ታትን 90ታትን ክትህብ ዘገደድ ብሱልን ጥረን ዘይፈሊ መስርሕ ከፅንዕ፣ በርቲዑ ክመሃር ዝደሊ ውሱን ተምሃራይ እውን ከይህሉ እዩ ዝገብር ("ኩልና 80፣90 % እንረክብ እንተኾይንና ድኣ እንታይ ኣድከመኒ?" ዝብል ስምዒት ስለዝፈጥረሉ)፡፡ ብተወሳኺ እዚ ንኹሉ 90ታት ዘሰክም፣ ተምሃራይ ንመምህሩ ክግምግም፣ ከም ድላዩ ከቆናፅብ ዝገበረን ኣሰራርሓ ብፍላይ ኣብ ገለ ገጠራት ትግራይ እቶም ትማሊ ኣብቲ ማሕበረሰብ ዝለዓለ ክብሪ ዝወሃቦም ዝነበሩ መማህራን ሎሚ ገለ ስነ-ምግባር ዘይብሉ ወይ ድማ እቲ ሲስተም ስነ-ምግባር ከይህልዎ ዝገበሮ ውሱን ተምሃራይ ፎቕዶ መንገዲ እናተፀበየ "ገዛ ዕዮ ኣይሰራሕኻን ኢልካኒ" ዶ 'እንታይዶ' ብዝብል ኣናእሽቶይ ምኽኒታት ንመምህሩ ብወልቀን ብጉጅለን ዘዋርደሉ፣ ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣካላዊ መጥቃዕቲ ዝፍፀመሉ ኩነታት ልሙድ እናኾነ እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ዞባታት ምብራቕ፣ ደቡብ፣ ማእኸላይ ኣዝዩ ልሙድ ዕለታዊ ተርእዮ እዩ ኮይኑ፡፡

ብተምህርቲ፣ ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ተወዳዳሪ ኮይንካ ምርካብ ናይ ምርጫ ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ ህልውና ሕቶ እናኾነ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ተጋሩ ብትምህርቲ ክንድዚ ምንቁልቋል ብመጻኢ ህዝብን ሃገርን ጠላዕ ምፅዋት ጥራሕ እዩ፤

እቲ ሳልሳይን ምኽንያት ድማ ኣብ ሕድሕድ ብርኪ ነቲ ሴክተር ዝመርሐ ኣካዳሚያዊ ዓቕምን ተወፋይነትን ዘለዎ ብዓል ሞያ ክንዲ ምቕማጥ ንዓመታት ምስ ትምህርቲ ገለ ፍልጠ ዘይብሎም ፖለቲካዊ ተሸየምቲ ነቲ ትውልዲ ናይ ምህናፅን ናይ ዓዲ መፃኢ ኣንፈት ናይ ምቕያስን ጉዳይ ዝኾነ ትምህርቲ ከልምሱዎ ገይሩዎም እዩ፡፡ ብሰንኪ እቲ ሴክተር ዝመርሐ ምስ ትምህርቲ ዝምድና ዘይብሉ ፖለቲካዊ

ሹመኛ ዝኾተሎ ትምህርቲ ማእኸሉ ዘይገበረ ናይ ሕቱኽቱኽ ስራሕ መማህራን ትግራይ ናይ ስራሕ ነፃነት ዝሰኣኑሉ፣ ብናብርኦም ዝተጎሳቐሉን ዘይሕጉሳትን ክኾኑ ዝተገደዱሉ፣ ናይ ስራሕ ሞራሎም ክወድቕ ዝኾነሉ ኩነታት እዩ ፈጢሩ፡፡ ኣብ ትግራይ ዘሎ መምህር ኣብ ዝኸፍአ ናይ ጭቆናን ድኽነትን ኣርዑት እዩ ዘሎ፡፡ መምህር ዲግሪ ሒዙ ብስኬል ዲፕሎማ ዝቖፅር ቢሮ ትምህርቲ ዘለዎ ክልል እዩ ክልልና፤ እቲ መምህር ብግዲ ኣብ ፕሮፖጋንዳዊ ስራሕቲ እውን ክፅመድ፣ ብኣስገዳድ ቆፂርካ ዘይውድኡ ዓይነት መዋጮታት ክኸፍል፤ ብድኽነትን ጥሜትን ተቖራሚዱ ክነብርን ደቁ ጥራሕ ከብዶም ናብ ቤት ትምህርቲ ክልእኽእን ዝተገደደሉ ኩነታት እዩ ዘሎ፡፡ ብዚይን ወድዙይን ናይ ስራሕ ሞራሉ ከወድቕ ገይሩዎ፤ መምህር ከይሓዝካ ድማ ፅሬት ትምህርቲ ዝሕሰብ ኣይኮነን፡፡

ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ከምቲ ትፈልጦ ትምህርቲ ቁልፊ ዕቤት ሓንቲ ሃገር እዩ ፤ ቁልፊ ህልውና ሓንቲ ሃገር እውን እዩ፡፡ እዚ ሴክተር ናይ ሓንቲ ዓዲ ኣንፈት ጉዕዞ ዝውስን፣ ትውልዲ ናይ ምብራስን ምህናፅን ጉዳይ ብምዃኑ ካብ ኩሎም ሴክተራት እቲ ዝለዓለ ቀላሕታን፣ ጥንቃቐን ብልሒን ዝሓትት ሴክተር እዩ፡፡ ከምቲ ቅድም ኢልና ዝገለፅናዮ፣ ትግራይና ብመዳይ ትምህርቲ ኣዝያ እያ ሓሚቓ ዘላ፡፡ ስለዝኾነ ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ምኽንያታት ሓዊሱ ካልኦት ተጋሩ ብትምህርቲ ኣዚና ክንሓምቕ ዝገበሩና ኩሎም ምኽንያታት ብግቡእ ተፀኒዖም ሳይንሳዊ መፍትሒ ክወሃቦምን ተግባራዊ ክግበሩን ይግባእ፡፡ ልዕሊ ኹሉን ቅድሚ ኩሉን ከብርኪ ፅሬት ትምህርቲ ትግራይን ኣብ ትምህርቲ ተፈጢሩ ዘሎ ኣዝዩ ዘሰክፍ ስምዒትን ኣረኣእያን ዝእረመሉ መንገዲ ምንዳይ የድሊ፡፡

3. ኣብ በለስ ዝወርድ ዘሎን ዕንወት ምዕጋትን ህዝቢ ነቲ ሓሰኻ ኣርዩ ብኢኮኖሚ ተጠቃሚ ዝኾነሉ መንገዲ ምንዳይን- ክልቲኦም ጎኒ ንጎኒ ይኺዱ፡

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ከምቲ ንስኻ እውን እትፈልጦ በለስ ምስ ህዝቢ ትግራይ ንኣማኢት ወይ ንኣሽሓት ዓመታት ዝዘለቐጥቡቕ ምትእስሳር ዘለዎ እዩ፡፡ ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ትግራይ በለስ ንሓ ትግራዋይ እቲ ዝዓበየ ጥሪቱ እዩ፡፡ ቀለብ እንስሱ፣ ናይ ክረምቲ ቀለቡ፣ ዓርኩ፣ ኩለንተንኡ እዩ፡፡ ንዚ በለስ፣ ንዚ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ኣውራ ጥሪት ኣማኢት ኣሽሓት ሓረስት ትግራይ ዝነበረ በለስ ክትትንክፍ ከለኻ ቀዲምካ እንታይ ትገብር ከምዘለኻ እናተረደኣካ ክኸውን ነይሩዎ፡፡ ኣብ ትግራይ ቅድሚ ከባቢ 15 ዓመታት ዝገበረ ግን ዘሕዝን እዩ፡፡

ፈለማ Foodsafe ዝብሃል ትካል ከባቢ 150 ሄክታር በለስ ተረኪቡ ነቲ Cochineal ከራብሕ ፈቲኑ፤ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት 3000 ቶን ካርሚን ሰደድ ከምዝገበረ እውን እዩ መረዳእታታት ዘመላኽቱ፡፡ ኮይኑ ግና ብሰንኪ ጥንቃቐ ዘይተገበረሉ ኣተሓሕዛ እቲ ሓሰኻ ናብ ናይቲ ገባር በለስ ልሒኹ ናብ ለበዳነት ተሰጋጊሩ፡፡ ዋላኳ እቲ ኢንቨስተር ካብ ትግራይ ክወፅእ እንተተገበረ ለበዳ እቲ ሐሰኻ ግን እናተስፋሕፍሐ ከይዱ ድሮኳ ኣብ ከባቢ 100 ሽሕ ሄክታር በለስ ተላቢዱ ኣሎ፤ በለስ ካብ ገፅ-ምድሪ ትግራይ ናብ ዘጥፍኣሉ ብርኪ ተሰጋጊሩ ምባል ኣብ ዝከኣለሉ ብርኪ በፂሑ ኣሎ፡፡ ሎሚ ህዝቢ

ወጀራት፣ ህዝቢ ራያ፣ ህዝቢ እንደርታ፣ ህዝቢ ክልተ-ኣውላዕሎ ሬሳ በለስ ሓቑፉ ይቑዝም ኣሎ፤ እቲ ፀገም ናብ መላእ ዓጋመ እውን ይጋፋሕ እዩ ዘሎ፡፡

በመሰረቱ ሓሰኻ Cochineal ብኣውሩኡ በለስ ከም መራብሒኡን መንበሪኡን ዝጥቀም ሐሰኻ እዩ፡፡ እቲ ሓሰኻ እንቁላሊሕ ብምውዳቕ እዩ ዝራባሕ፡፡ 17-24 % ክብደት እቲ ሐሰኻን እንቁላሊሑኣን carmic acid እዩ፡፡ እዚ ኣሲድ ምስ ናይ ኣልሙኒየም ወይ ካልሽየም ጨዋት ብምውሃድ carmine ዝበሃል መቕለሚ ምግብታት፣ ኣልባሳትን ሊፕስቲክን ኮይኑ ዘገልግል ምህርቲ ይህብ፡፡

እዚ ምህርቲ ኣብ ዝሓለፉ 200 ዓመታት ብምኽንያት ምህዞ ሰብ-ስራሕ መቕለመቲ እኳ ጠለቡ እናተመናመነ ዝኸደ እንተኾነ ካብ ቀረባ ዓመታት ጀሚሩ ድማ ብምኽንያት ኣብቶም ሰብ-ስራሕ መቕለምቲ እናዓበየ ዝኸደ ሰኽፈት ጥዕና ጠለብ ካርሚን ከም ብሓዱሽ እናወሰኸ እዩ፡፡

ነቲ ሓሰኻ ብኢድካ ብምእራይ ወይ ድማ ዞፕቴክ ብዝበሃሉ መእረዪ ባስኬታት ኣብቲ በለስ ብምቕማጥ እዩ ዝእከብ፡፡ ኣብ ማይ ብምእላኽ ፤ ኣብ ፀሓይ ንብዝሕ ዝበለ እዋን ብምቅላዕ፤ ኣብ ሞጎጎ ወይም ዘበናዊ ኦቨን ብምቕላው፤ ናብ ርሑስ ትኪ (steam) ብምስጣሕ ብኣርባዕቲኦም መንገዲ ኣርባዕተን ልዕሊኡን ዓይነት ሕብሪ ምርካብ ይከኣል፡፡

ኣብዚ ሰዓት እዚ ህዝቢ ትግራይ ኣይ ካብ በለሱ ኮይኑ፤ ኣይ ፈትሊ ሃሪ ኣፍርዩ ተረባሒ ኮየኑ ክልተ ጉድኣት ኮይኑዎ ሬሳ በለሰ ሓቒፉ ዝሕንዝሕ ይነብዕ ኣሎ፡፡ ድሕሪ እዞም ኩሎም ዓመታት እውን ንዚ ፀገም ንምቕራፍ፣ ወይ ድማ እቲ ህዝቢ ካብ ምእራይ እቲ ሐሰኻ ተረባሒ ንምግባር ዝግበር ፃዕሪ የለን፡፡

መፍትሒኡ ግልፂ እዩ፤

i. እቲ ሓረስታይ ክልተ ጉድኣት ክጉዳእ የብሉን እሞ ኣብቶም እቲ ሓሰኻ ብመልክዕ ለበዳ ተስፋሕፊሑዎም ዘለዉ ከባቢታት ዘሎ ህዝቢ ተረባሒ ምግባር፤ ሓረስቶትና ብቐሊሉ ነዚ ሓሰኻ ኣርዮም፣ ኣድሪቖም ናብ ዕዳጋ ዓለም ብምቕራብ ዓብዪ እቶት ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣብዚ ሰዓት ዘሎ ዓለማዊ ዕዳጋ ሓደ ኪሎ ደረቕ Cochineal ካብ 50- 80 ዶላር እዩ፡፡ ፈረንሳይ፣ ጣልያንን ጃፓንን ድማ ቀንዲ ገዝእቲ እየን፡፡ እዚ ቀሊል ዘይብሃል ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ክርክብ ዝኽእል እዩ፡፡ ኣብ ሜክሲኮን ፔሩን ኣብ ሕርሻ ኮቺነያል ዘለዎም ከባቢታት ኣብ ዝተገበሩ መፅናዕቲ ምርባሕ ኮቺንያል ናብራ ህዝቢ ኣብ ምልዋጥ ዓብዪ ተራ ከምዝተፃወተ ኣረጋጊፆም እዮም፤ሳይንትስታትን FAOን ካልኦት ሳይንትስታት ዓለምን እውን ኣብዚ ጉዳይ ዝሃቡዎ ምኽሪ ተመሳሳሊ እዩ፡፡
ii. ኮይኑ ግና፣ ነባር በለስ ምስ ሂወት ሓረስታይ ትግራይ ኣዝዩ ዝኣሳሰረ፣ ቀለብ ሰብን እንስሳን ብምዃኑ ሓረስታይ ትግራይ ዝበለፀ ዝርባሕ ካብ ጥዑይን ሓስኻ ዘይብሉን በለስ (ቆልቋል) እዩሞ ምስቲ ምእራይ እቲ ሓሰኻ ጎኒ ንጎኒ እቲ ሓሰኻ ንኸባቢ ብዘይጎድእ ዘበናዊ ዝጠፍኣሉ፣ ናብ ካልኦት ከባቢታት ትግራይ ዝበለፀ ከይጋፋሕ ዝግበረሉ መንገዲ ብቕልጡፍ ክእለሽ ኣለዎ፡፡ ንህዝቢ ትግራይ- ብፍላይ ድማ ንህዝቢ ወጀራት፣ ራያ ክሳብ ሀዚ ብዝበፅሖ ሞራላዊን ንዋታዊን ጉድኣት ይቅርታ ክሕተት፣ ካሕሳ ክወሃብ ይግበኦ፤ ንዚ ጥፍኣት ቀንዲ ተሓተቲ ዝኾኑ፣ እዚ

ህዝቢ ኣይ ካብ በለሱ፣ ኣይ ካብ መሽጣ ሓሰኻ ኮቿንያል ክርባሕ ክልተ በደል ክበፅሖ ዝገበሩ፣ ዘዋደዱ ድማ ብገበን ክሕተቱ ይግባእ፡፡

4. ኮርፖሬሽን ሓፂን-መፂንን ኢንጅነሪንግን (MetEC):

ብ10 ቢልዮን ብር መበገሲ ካፒታል ዝተጣየሸን ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዕሊ 100 ቢልዮን ብር ካፒታል ክህልዎ ከምዝኽእል ዝግመት ሜቴክ ዘርፊ ማኑፋክቹሪንግ ሃገርና ብሓደ ብርኪ ሓፍ ከብሉ ብዙሕ ትፅቢት ካብ ዝተገበረሎም መንግስታዊ ትካላት እቲ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ እዩ እዩ፡፡ ውፅኢቱ እኳ ክንዲ ትፅቢት ዝተገበረሉ ኣይኹን እምበር ኣብዚ ሐዚ እዋን እዚ ሜቴክ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ማኑፋክቹሪንግ፣ ኣብ ህንፀት ከም ፋብሪካታት ሽኮር፣ ግድብ ሚለንየም ዝበሉ ዓበይቲ ፕሮጀክታት (Mega projects) ወ.ዘ.ተ ንጡፍ ተሳታፊ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡
እዚ ከምዚ ኮይኑ እናሃለወ ግን ኣብቲ ክሳብ ሐዚ ዘሎ ኣንፈት ስርጭት ኢንቨስትመንት እቲ ትካል ብዙሕ ዘሰክፍ ነገር ንረክብ፡፡ እዚ ብውነ ክንዘራረበሉ ዘለና ኣዝዩ ኣገዳሲ ዋኒን እዩ፡፡ ኣብሜቴክ ዝግበር ዘሎ ግጉይ ስትራቴጂያዊ ኣንፈት ዝተኸተለን ብዙሕ ዘይተሓሰበሉ ንደመ-ነፍሳዊኣ ካይዳ ኮነ ካብ ዘለቒ ረብሓን ህልውናን ሃገርን ህዝብን ንላዕሊ ግዚያዊ ፖለቲካዊ ከስቢን ቅልጡፍ ፋይናንሳዊ ትርፊ ንዘቕድሙ ኣንፈታት ኢንቨስትመንት እቲ ትካል ወታደራዊ ኢንዱስትሪ ከይዶም ከይዶም ንሃገርን ህዝብን ኣዝዮም ሓደገኛታት ክኾኑ ዝኽእሉሉ ዕድል ሰፊሕ እዩ፡፡ እቲ ሓደጋ ንኹልና ኢትዮጵያውያን እኳ እንተኾኑ ንተጋሩ ግን ሕልፊ ዋጋ ከኽፍለና ዝኽእል እዩ፡፡
ኣብ ትሕቲ እዚ ትካል (ሜቴክ) ዘለዋ ናይ ሰራዊት መከላኸሊ ሃገር ሃፍቲ ዝኾና ወታደራዊን ሲቪላዊን ኢንዱስትሪታት፣ ፋብሪካታት ኣብ ሓደ ቦታ ምእካብ ዘስዕቦ ሓደጋ ኣብ በዓል ዩጎዝላቪያን ኣብ ካልኦት ሃገራት ባልካንን ርኢና፣ ኣብ ታሪኽ ኣንቢብና ኢና፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዋ ኢንዳስትሪታት መከላኸሊ ሃገር ኣብ ቢሾፍቱን ካልኦት ከባቢታት ዙርያ ኣዲስ ኣበባ ምእካብ ዘስዕቦ ሳዕቤን ዓብዩ እዩ፤ ቀፃሊ ምንጪ ሓደጋ ተጋሩን መላእ ሃገርን ኮይኑ ምቕፃሉ ዘይትርፍ እዩ፡፡

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ኣብዚ ሰለስተ ነገራት ምስትብሃል የድሊ፤

ብዓይኒ ምኽንያታውነት፣ ርትዓውነት፡- ልዕሊ ትግራይ ብኹና ትዝተሃሰየ የለን፣ስለዝኾነ ድማ ልዕሊ ትግራይ ካሕሳ ዝግበኦ ከባቢ የለን፡፡ ትግራይ ሐዚ እውን ኣብ ቐጠና ኹናት ስለዘላ፣ ዝበዝሕ ሰራዊትን ኣፅዋር ኲናትን እዚ ሃገር ኣብ ትግራይ እዩ ዘሎ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ዓበይቲ ናይ ታንኪ፣ ካልኦት ኣፅዋር  መገጣጠሚን ፅገናን ፋብሪካታት ኣብ ትግራይ ብዘይምህላዉ፣ መብዛሕቲኦም ኣፅዋራት ኲናት ድማ እዋናዊ ፅገናን ፀረጋን ስለዘድልዮም፣ በብግዚኡ ፅገና ዘድልየን ታንኪታትን ኣፅዋራትን ኣዳማ፣ ኣዲስ እናኸዳ እየን ዝፅገና፣ ዝፅረጋ ዘለዋ፡፡እዚ ድማ ንታ ሃገር እውን ብዙሕ ዋጋ እዩ ዘኽፍላ ዘሎ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ናይ ምትፍናን ዓመታት ንመጎዓዐዚ እዞም ኣፅዋራት ቢልዮናት እዩ ወፃኢ ተገይሩ፡፡ ልዕሊ ትግራይ ብኹናት ዝተሃሰየ የለን፣ስለዝኾነ ድማ ልዕሊ ትግራይካ ሕሳዝግበ ኦከባቢ የለን፤ ልዕሊ ትግራይ ድማ ወታደራዊ ኢንዳስትሪ ንኽህነፀሉ ምኽንያታዊን ዝኾነ ከባቢ የለን፡፡
እዚ ብዓይኒ ፍትሓውነት እንትንሪኦ ድማ ልዕሊ 100 ቢልዮን ብር ሃፍቲ ከምዘንቀሳቕስ ዝዝረበሉ ግዙፍ ወታደራዊ ትካል ኣብ ትግራይ ክሳብ ሐዚ ዘፍሰሶ መዋእለ-ንዋይ ናይ ሓንቲ ብ300 ሚልዮን ብር

ዝወደአት ኢንጂን ፋብሪካ ህንፀት እዩ፡፡ ልዕሊ ኹሉ ብኲናት ኣብ ዝተሃሰየት ትግራይ ካብቲ ሃፍቱ 1 % እኳ ኣየፍሰሰላን፡፡ እዚ ኣዝዩ ዘይፍትሓዊ እዩ፡፡ኣብቶም ነባራት ምምሕዳራት ክልል ትግራይ ዝነበሩ ፋብሪካ ንምትካል መሬት ብምኽላእን ካልእ ቢሮክራሲያዊ ዓንቀፍቀፋት ብምፍጣርን ዝግለፁ ካብ ት.እ.ም.ት ወፃኢ ካሊእ ዝኾነ ጥቁብ ኢንቨስትመንት ብፍላይ ድማ መፍረዪ ኢንዳስትሪ ክኽፈት ናይ ዘይምድላይ ሰፋሕቲ ተርእዮታት ከምዝነበሩ እኳ ግልፂ እንተኾነእቶም ኣብ መራርሓ እቲ ትካል ዘለዉ ሓለፍቲ መንግስቲን ጀነራላት ኣብ ልዕሊ ምምሕዳር እቲ ክልል ፅቕጥ ዝበለ ተፅዕኖ ኣሕዲሮም ደፊኦም ክመፁ ኣይተርኣዩን፤

ብዓይኒ ኢንቨስትመንትን ኮርፖሬታዊ ሓላፍነትንምውፃእን እንትንርኢ ድማ፣ ከም ዝፍለጥ ብሰንኪ ፖሊሲ “ኣይ-ኲናት ፣ ኣይ-ሰላም” ልዕሊትግራይ ካብቀጠና ኢንቨስትመንት ዝተገለለ የለን፣በዓልሜቴክ ኢንቨስት ዘይገበሩ ድኣ መን እዩ ኣብትግራይ መዒኡ ኢንቨስት ክገብር? ካብታ 18 ሽሕ ሰብ ጥራሕ እትቖፅር ት.እ.ም.ት ወፃኢ እዚ ዝበሃል ጥቁው ናይ ውልቂ ኾነ ናይ መንግስቲ ኢንቨስትመንት ምንቅስቓስ የለን፤ሓያል ናይ ሸቕሊ ኣልቦነት ድማ ነጊሱ ይርከብ፡፡ከምሳዕቤኑ ድማ ተጋሩ ካብመላእ ሃገር ብስደት ንህልቂት ንመናእሰይ ቁፅሪ ሓደ ኮይንና ኣለና፡፡እቲ ብኣፅፅምቲ ጀጋኑ ዝተጣየሸ ሜቴክ ወለዶ ናይ ምድሓን ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

ገለ መፍትሒ ሓሳባት፤

I. እቶም ኢንዳስትሪታት ኣብሓደ ኸባቢ ጥራሕ ዘይኮነስ ንኹሉ ብፍትሓዊነት ተጠቃሚ ዝገብር፣ዝተመጣጠነ፣ኣብመላእ ከባቢታት እዛ ሃገር ክትከሉ ኣለዎም፡፡ ይዕበ ይንኣስ ኲለን ክልላት ኢትዮጵያ ተመጋጋቢ ብዝኾነ መልክዑ ካብ ኢንቨስትመንት ሜቴክ ተረባሕቲ ክኾና ይግባእ፤ እታ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝነበሩ ኲናታት ዝበለፀ ዝተሃሰየትን ሐዚ እውን ካብቲ ናይ ኲናት ደበና ዘይወፀትን ልዕሊ ፍርቂ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝነቀጠላን ትግራይ ግን ዝበለፀ ትኹረት ይግባኣ፤

II. እቶም በብኸባቢኡ ዝትከሉ ኢንዳስትሪታት ድማ ነንባዕሎም ክተኣሳሰሩ፣ሓደ ብዘይእቲ ሓደ ከይሰርሑ ክቶላለፉ ገይርካ ክትከሉ ይግባእ፡፡ንኣብነት መኪና ዝሰርሕ ትካልእ ንተሃልዩ፣ኣብቲ ሓደቦታ ጎማ፣ኣብቲሓደ ቦታ (ክልል) ቦዲ፣ኣብቲሓደ ሞተር፣ኣብቲሓደ ድማ ናይ ምግጥጣም ስራሕ ትሰርሕ፡፡ታንኪ እውን እንተኾይኑ ከምኡ፡፡ኩሎም ከተቆላልፎም ይግባእ፡፡ብዝኾነ መንገዲ ኣብሓደ ከባቢ ብዘይዝኾነ ናይካሊእ ድጋፍ(በይኑ) ፣ሙሉእ ንሙሉእ (100 %) ሓደ ወታደራዊ ምህርቲ ዘምርት ትካል ክህሉ ኣይግባእን፡፡ ምስ ኣብ ካሊእ ቦታታት ዘለዉ ፋብሪካታት ዘይተቖላለፈ፣ ብዘይ ናይ ካሊእ ፋብሪካ እታወት (input) በይኑ ደው ዝብል ፋብሪካ ክህሉ የብሉን፤

III. ናይ ደብረዘይቲ ማእኸላዊ ጣብያ ሓይሊ ኣየር ምህላዉ ተሪፉ እተን ዘለዋ ኣውሮፕላናት ውግእ ናብ ኲለን ናይ እዚ ማእኸላት ክከፋፈላ ይግባእ፤ ኣብ ኲለን ድማ ዝተጠናኸረ ናይ ራዳር ሲስተም ክህሉ ይግባእ፡፡ ዓሚ ብዕድል ዝፈሸለ ናይቲ ጣብያ ናይ ራዳር ሲስተምን ኣውሮፕላናትን ንምጥቃዕ ዝተገበረ ፈተነ ንዚ ሓሳብ ዘራጉደልና እዩ፡፡

(ኣብዚ ዛዕባ ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣዳሊየ ዝዘርጋሕኹዎ ሰፊሕ መብራህርሂን ስትራቴጂያዊ ትልምን ኣብ ዓይጋ-ፎረምን ካልኦት መርበባት ሓበሬታትን ምርኣይ ይከኣል-
https://www.google.com/url?sa=t&source=web&rct=j&url=http://www.aigaforum.com/amharic-article-2016/Tigrai-and-MetEC-052216.pdf&ved=OahUKEwjilOf-rpqHYAhXOZpoKHUxWCAAQFggmMAA&usg=AOvVaw3ix_7mqIqAyOic_3TBJDb1)፡፡

5. ኣንፃር ረብሓ ትግራይንትግራዋይን ዝተሰለፈ ቢሮክራሲ ኢህወዴግ- ብጥንቃቐ ምፍታሽ፣ ምቅላዕ፣ ምቅላስ ዝደሊ ሓይሊ፤

ኣብ ቢሮታት ፌደራል መንግስቲ ዘሎ ኣንፃር ረብሓን ክብሪን ህዝቢ ትግራይ ዘቕነዐ ዝተዋደደ ትንኮሳን ተፃብኦን (sabotage) ንምፍሻል እኹል ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ፡፡ እዚ ድማ ኩሉ ትግራዋይ እቲ ውዲት ክርድኦን ደፊኡ እንትመፅእ ድማ ዘፍሽለሉ ናይ ሓበሬታን ሎጂክን ዕጥቂ ክዕጠቕ ምግባር የድሊ፡፡ ብፍላይ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻን ኤሌክትሪፊኬሽንን፣ ኮርፖሬሽን ሽኮር፣ ሚኒስትሪ ጥዕና፣ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፣ ሚኒስትሪ ባህሊን ቱሪዝምን፣ ትካል ቱሪዝም ኢትዮጰያ፣ ምክልኻል ሓደጋን ድልውነትን፣ ፋይናንስን ትልሚን፣ ብሄራዊ ባንክ ኢትዮጵያ፣ ልምዓት ባንክ ኢትዮጵያ ወ.ዘ.ተ ዝበሉ ናይ ፌደራል መንግስቲ ትካላት ዘሎ ኣዝዩ ዝተዋደደ ፀረ-ረብሓታትን ክብሪን ህዝቢ ትግራይ ኣተሓሳሰባን ተግባርን ክፍተሸን ክምከትን ኣለዎ፡፡

እቶም ኣብ ቀረባ እዋናት ዝረኣናዮም ንትግራይ ካብ ትልሚ ህንፀት 105 ግድባት ሚኒስትሪ መስኖን ኢነርጂን ወፃኢ ዝገበረ፤ ናብ ኢትዮጵያ ብዩኒሴፍ ንህፃናት ዝተልኣኹ ሃነፀቲ ምግብታት ብፍሉይ ናብ ትግራይ ከይለኣኹ ዝተገበረሉ ኩነታት፤ ኣብ ኢንቨስትመንት ሕርሻ ጋምቤላን ካልኦት ተጋሩ ዝሳተፉሉ ኩሉ ዘሎ ንተጋሩ ናይ ምስቓቕ ዓውዓው መበገሲኡ እቲ ኣብ ቤት ፅዮታት ፌደራል መንግስቲ ገዊዱ ዘሎ ፀረ-ትግራዋይነት እዩ፡፡

ካልኦት መርኣያታት ውሽጣዊ ወዲት ኣንፃር ረብሓ ትግራይ እውን ምጥቃስ ይከኣል እዩ፤ ህንፀት ፋብሪካ ሹኮር ወልቃይት ንምትንዕንቃፍ ዘይተፍሓሰ ውዲት የለን፤ እቲ ውዲትን ተፃብኦን ሐዚ እውን ምስ ቀፀለ እዩ፡፡ ማነጅመንት ሱር ኮንስትራክሽን ንልዕሊ 2 ዓመት ክፍሊት ከይተውሃቦ ካብ ካዝኑኡ ቢልዮናት ሰሊዑ ህንፀት ግድብ ዛሬማ ክቕጽል እንተዘይገብር ነይሩ ህንፀት እቲ ፋብሪካ ዘይሕሰብ እዩ ነይሩ፡፡ ህንፀት መስመር ባቡር ካብ ወልድያ ከይሓልፍንምትዕንቃፍ ዝግበሩ ዘለዉ ውዲታት ብዙሓት ምዃኖም ዝፍለጥ እዩ፤ ዛጊድ እኳ እቲ ክሳብ ሽረ ተባሂሉ ዝነበረ ትልሚ እቲ ፕሮጀክት ካብ መቐለ ክጉመድ ተወሲኑ ኣሎ፤ ኣብ ኣኽሱም ክስራሕ ትልሚ ወፂኡሉ ዝነበረ ፋብሪካ መዳበርያ እውን ካብ ትልሚ ፌደራል መንግስቲ ከምዝተሰረዘ ዝፍለጥ እዩ፡፡

ታሕተዎት ተቖፀርቲ ፌደራል መንግስቲን ምምሕዳር ክልል ኣዲስ ኣበባን እውን ኣደዳ ጥቕዓታት እዮም ኮይኖም፡፡

ናታቶም በደል ዝበኣሰ ዝገብሮ ካብ ኩሉ ሸነኽንዝተዋደዱን ምኺኖም እዩ፤ እቲ ዘሕዝን እቲ በደልን ጥቕዓትን ላዕለዎት ሓለፍቶም ተጋሩ ዋላ እንትኾኑ እውን ዝገድድ እምበር ዝመሓየሽ ዘይምኺኑ እዩ፡፡ እቶም ካብ ተጋሩ ወፃኢ ዝኾኑ ሓለፍቶም ብምሒር ውፁእ ፅልኣት ብግልፂን ብሰዉርን የጥቅዕዉም፣ የበሳብሱዎም፤ ሓለፍቶም ተጋሩ እንትኾኑ ድማ እቲ ዝተረፈ ሰራሕተኛ ዝተፈትዮም ንደቅዓዶም ተጋሩ እንተበሳብሱ ግዲ እናመሰሎም ብፍላይ ኣብ ቅድሚ ደቅ ኻልኦት ብሄር ሰራሕተኛታት የበሳብሱዎም፣ የጋፍዑዎም፤ በቃ ፀበብቲ ዘይምኺኖም ንምርኣይ ብኹሉ መንገዲ ንተጋሩ ሰራሕተኛታት ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾኑ ኩሉ ዓይነት በደል የብፅሑሎም- ኩሉ ወዮ!

እቶም ተጋሩ ተበዲልና ኢሎም እንትጠርዑ ድማ "ንስኻትኩም ድኣ ሰብ-ግዘ እንዲኹም፤ ቀቢጥኩም ኢኹም ተማርሩ ዘለኹም" ይብሃሉ፤ ዝሰምዖም የለን፤ ኩሉ ንዐኦም ንምብዳል ድሉው እየ፤ ብዝሕ ዝበሉ ናይ መወዳእታ ዘወስዱዎ ስጉምቲ ስርሖም ምግዳፍ እዩ፡፡

ሎሚ ትግራዋይ ቁፁር ፌደራል መንግስቲ እንተኾይንካ ዝግበኣካ ዕቤት ትኽላእ፤ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ንዓኻ ዕፁዋት እዮም፤ ስራሕ ለቒቕካ እኳ ናይ ስራሕ ልምዲ ዝህበካ የለን፤ ተበዲልካ ዝሰምዐካ የለን፡፡ ሎሚ ትግራዋይ ኮይንካ ግልጋሎት ደሊኻ ናብ ዝኾነ ፌዳራላዊ ትካል ትኸድ ትግራዋይነትካ ጥራሕ ንኽትንገላታዕ ፣ ዝግበኣካ ግልጋሎት ንኽትክላእ እኹል ምኽንያት እዩ፡፡

እዚ ኩለ-መዳያዊ፣ ዝተዋደደ፣ ውሽጣዊ ምርድዳእ ዝፈጠረ፣ ብሓደ ሳንባ ዝትንፍስ ዝመስል፣ ብቕኒት ኣንፃር ረብሓታት ትግራይን ተጋሩን ዝተቓነየ ውዳበ ውሽጡ ክፍተሸ፣ ውዲቱ ክፈሽል ይግባእ፤ ብፍላይ እቶም ካልኦት ክፈትዉዎም ንተጋሩ ደቂ ዓዶም ካብ ሕጊ ወፃኢ ከጋፍዑን ዝበለፀ ፀረ-ትግራይን ተጋሩን መሲሎም ክርኣዩ ግድን መሲሉ ዝስምዖም ገለ ተጋሩ ሰበ-ስልጣን ክቃልዑ ይግባእ፤ እቲ ኣተሓሳስባ እውን ከም ኣተሓሳስባ ክውቃዕ ይግባእ፡፡

6. ናይ ሕሶት ዳታ፤ ሳዕቤኑ- እዚ ብኣግባቡ ምፍታሽ፣ ዕመቆቱ ምርዳእን መስመር ክሕዝ ምግባርን የድሊ፤

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል፤ ንስኻ እውን ትርድኦ ትኸውን ኢኻ ኢለ ከም ዝግምቶ፤ እዞም ዘይበላዕናዮ"በሊዖም"፣ ብፅሙእና "ረውዮም"፣ ዘይተሰርሐልና "ተሰሪሑሎም" ወ.ዘ.ተ ዝብሉ ኣዝዮም ዝተጋነኑ፣ ምስቲ ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ ኣዝዮም ዘይቃደዉ ናይ ሕሶት ፀብፃባት ብሓሙሽተ ዝፈላለዩ መንገዲታት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ሰፍ ዘይብሉ ጉድኣታት ኣብፂሖምልና እዮም፤

1. ሕሶትን ሓሳውን ዝፅየፍ ህዝቢ ንሕሶት ከም ቅቡል፣ ብሉፅ፣ ዘዋፅእ ባህሪ ገይሩ ክርኢ፤ ንሓሳዊ ከንእድ ተገዲዱ፤ ኣብ ውሽጢ 27 ዓመታት ንኣሽሓት ዓመታት ዝተዓቀበ ኩሩዕን ስልጡንን ሓቂ ናይ ምፅናዕ ባህልን ኣተሓሳስባን ተጋሩ ኣንፈቱ ንምስሓት ቀሊል ዘይብሃል ስራሕ ተሰሪሑ፤ ቀሊል ዘይብሃል ናይ ባህሊ ለውጢ መፂኡ፤ እዚ ብመሰረቱ ከም social re-engineering ገይርካ ክውሰድ ዝኽእል እዩ፡፡

2. ሃገራውን ዓለም-ለኻዊን ትካላት ብዛዕባ ትግራይ ግጉይ ግንዛበ ክህልወን፤ ትግራይ ክትረኽቦም እትኽእል ዝነበረት ጥቕምታት፣ ሓገዛት ከይትረክብ ገይሩ፤ ፌደራል ሚኒስትሪታት ኣብ ትግራይ ዝኾነ ስራሕ ከይሰርሓ ተወሳኺ ምኽንያት ኮይኑወን ፤ ትግራይ ኣብ ክፍፍል በጀትን ድጎማን ክትህሰ ገይሩ፤ ትግራዋይ ብዛዕባ ዓዱ ሓቀኛ ምስሊ ከይረክብ ገይሩ (ሓቀኛ መረዳእታ ናይ ምርካብ መሰሉ ተዓፊኑ)፤
3. ሓደ ሰራሕ ከይሰራሕኻ ኩሉ-ነገር ዝደለኻዮ ቁፅሪ እናደርጓሕኻ "ክንድዚ በሊዕኻ፣ ክንድዚ ሰቲኻ፣ ክንድዚ ተገይሩልካ" ኢልካ ኣፍካ መሊእኻ ምዝራብ፣ ብዘይተሓታትነት ምሕላፍ ከምዝከኣል ዝተገንዘበ ናይ ስርቂን ልምሰትን ቢሮክራሲ ህወሓት ብዘይንሕስያ፣ ጨሊጡ ክሰርቕ፣ ከምድላዩ ብሂወትን መፃኢን ህዝቢ ትግራይ ከባጩ፤ ድላዩ ግፍዒ ክፍፅም ኣኽኢሉዎ፤ ትግራይ እታ ሕዚ ኮይናቶ ዘላ (ኣርማ ስደት፣ ድኽነት፣ ልመና፣ ውድቀትን ፀበባን) ክትከውን ገይሩዋ፤
4. ብህ.ወ.ሓ.ት ተሰንኪቶም ዝወፁ ዝነበሩ ነጠባ ክብሃሉ ዝኽእሉ ዝተጋነኑን ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ካልእ ዓለም ዝነብር ርኹብ ወዲ-በይዛ ገይሮም ዘቕርቡ ኣሃዛት ንቶም ህዝቢ ትግራይ ሓለፉ ተረቢሑ፣ ሓለፉ ወሲዱ እናበሉ ካብቲ ካልእ ኢትዮጵያዊ ክንፅሉዎ፤ ብሕማቕ ዓይኒ ክርአን ኣደዳ ዘርኣዊ ጥቕዓት ክኸውንን ትልሚ ሓንፂዞም ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩን ዘለዉን ሓይልታት ስንቂ እዮም ኮይኖምዎም- ክልተ ሰለስተ በደል፤
5. እቲ ኣብ ዳታ ዝግበር ጉሕለት ካብ ርትዓውነት ዝሓቐ፣ ዘይመስልን እውን ምስ ምዃኑ ተጋሩ ክንነዓቕ፣ ኩሉ ከባጭወልና ገይሩዎ እዩ፡፡ ኣብቲ ማእኸል ዓዲ ዝተጋነነ ሕሶት ንዘቕርብ ሰብ "የትግራይ ዳታ ኣስመሰልከውኮ" ከምዝበሃል ፅሓይ ዝወቕዖ ሓቂ እዩ፡፡ ብፍላይ ናብቲ መንግስታዊ ቢሮክራሲ ዝቐረበ ኢትዮጵያዊ ኩሉ ብዳታና ዘይስሕቕ የለን፡፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዝሰማዕኹዎ እዩ፡፡ ኣብ ሓደ ናይ ደቡባዊ ዞባና ወረዳ ናይ እንስሳታት ሰርቬይ ይግበር ነይሩ፡፡ "ላሕሚ ክንድዚ፣ ጤል ክንድዚ..." እናበልካ ዝምልኣሉ ሰደቓ ቅጥዒ ናብቲ ወረዳ ተላኢኹ፡፡ ኣብቲ ወረዳ ሓሰማ የለዋን፡፡ ኣብ ሓደ ቁሸት ዘሎ ኣቦ-ወንበር ካብ ባዶ ዝመልኣ ኢሉ 1 ኢሉ መሊኡዋ፤ ጣብያ ኣቦ-ወንበር ሓንቲ (0) ወሲኹላ 10 ኮይና፣ ኣብ ወረዳ 100 በፂሓ፣ ኣብ ዞባ 1000 በፂሓ፡፡ ኣብ ክልል ድማ 10000 በፂሓ ፤ እዚ ናብ ፌደራል መንግስቲ ከይዱ፡፡ ሓለፍቲ ፌደራል መንግስቲ ኣብታ ወረዳ ብዘሎ በዝሒ ሓሰማታት ተደሚሞም "ተሞክሮ ክቐስሙ" ናብ ክልል ይመፁ፤ ክልል ናብቲ ወረዳ ይልእኾም፡፡ ምስ ናይ ወረዳ ሓለፍቲ ኮይኖም ናብ ሓሰማ ኣለሻ፡፡ ሓሰማ እንተበሉ ሐሰማ ትመስክር፡፡ ደሓር ናብታ ናይዚ ኩሉ መበገሲት ዝኾነት ቁሸት ይኸዱ፡፡ ቁሸት ኣመሓዳሪ "ዋእ፣ እዛ 1 እሞ ናተይ እያ፤ እተን ኣርባዕተ ዜሮ ግን ኣይፈልጠንን፤ እቲ 1 ዝመላእኹዋ እውን ካብ ጥርሑ ዝሰዶ ኢለ እየ" ኢሉ ይብሃል፡፡ መማቕርቲ ተወሲኹላ ይኸውን እምበር ሓቃዊ መበገሲ ዘለዋ ቐልዲ እያ፡፡ ብ2003/2004 ዓ.ም ይመስለኒ "ካብ ደ.ኣ.ን.ት ናብ ማእኸላይ ኢንዳስትሪ ዝተሸጋገሩ" ኣብ ዝብል ሃገራዊ ምኽክር ትግራይ ልዕሊ 100 ኢንዳስትሪታት ኣመዝጊባ፣ ካብ መላእ ክልላት ኢትዮጵያ ቀዳመይቲ ኮይና (ኩለን

ዝተረፉ ክልላት ትሕቲ 50 እየን ኣመዝጊበን)፡፡ ገሪሙዋቶም "ንኻልኦት ክልላት እውን ልምዲ ክኾነን ምሽጥር ዓወትኩም ንኺድ ንፈትሾ" ተባሂሉ ጉዕዞ ናብ ትግራይ፡፡ ናይ ክልላትን ፌደራል መንግስቲን ተወከልቲ ኣብ ዘለዉዎ ተቖፂረንእንተገደፋ 13 ጥራሕ ኮይነንተረኺበን፤ "ኣየ የትግራይ ዳታ!" ተባሂሉ፡፡ ፌደራል መንግስቲ ብብርኪ ሃገር 2.5፣ 2.6 ቢልዮን ፈልሲ ተተኺሉ እንትብል ክልል ትግራይ "2.7 ቢልዮን ፣ 2.9 ቢልዮን 3 ቢልዮን ፈልሲ ተኺልና" ይብል ነይሩ- ብ2004፣ ብ2005፣ ብ2006 ዓ.ም ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመት፡፡ ኣብ መፋርቕ 2009 ዓ.ም እቲ ቑፅሪ ናብ 151 ሚልዮን፣ ፀኒሑ ናብ 147 ሚልዮን ትሕት ክብል ተገይሩ፤ መን ከምዝመኸሮም እንድዒ ኣብ መወዳታእታ ዝሓለፈ ዓመት ድማ እቲ ቑፅሪ ናብ 70 ሚልዮን ኣውሪዶምዎታ ኣለዉ (ኣብ ሞንጎ 70 ሚልዮንን 3 ቢልዮንን ዘሎ ርሕቐት ክንደይ ሰፊሕ ምዃኑ ንገንዘብ)፡፡ 2007 ዓ.ም ንፕሬዚዳንት ኣባይ ሓዊሱ ሰበ-ስልጣን ክልል መንግስቲ " ክልልና 38 ሚልዮን ኩንታል ምህርቲ ሓፊሳ" እንትብሉ ፌደራል መንግስቲ "ሕሶት፣ 17 ሚልዮን ኩንታል ጥራሕ እዩ ተረኺቡ" ኢሉ፤ ብኡ ድማ ተመዝጊቡ፤ ክልል መንግስቲ እውን "ካብ በልኩምስ" ኢሉ ተቐቢሉዎ፡፡ ኣብ ኩሎም ዓውድታት (ጥዕና፣ ሕርሻ፣ ደኣንት ወ.ዘ.ተ) ዝስንከቱ ካብ ሓቂን ካብ ምኽንያትን ኣዝዮም ዝርሓቑ ኣሃዛት ብልቢ ንዝዕዘቦም ዝዮም ዘስገድግዱ እዮም፡፡ እዚ ናይቲ ሞያዊ ፍልጠት፣ ክእለት፣ ዓቕሚ ዘይኮነስ ፖለቲካዊ ተኣማንነትን ተለኣኣኽነትን ዘቐድም መስርሕ ሹመት ህ.ወ.ሓ.ት ውፅኢት እዩ፤ ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ተዘሪኡ ዘሎ ኣኼባን ናይ ሕሶት ፀብፃን ሞይኡ ዝገበረ ቢሮክራሲ መሕፈሪ፣ መዋረዲ፣ መውቅዒ ህዝቢ ትግራይ እዩ ኮይኑ፤ ኣብዚ ሀዚ እዋን ተፈጢሩ ንዘሎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ናይ ባዕሉ ኣበርክቶ ከምዝገበረ እውን ግልፂ እዩ፡፡

7. መራሕቲ ንምፍጣር ስሩዕ ፕሮጀክት ተቐሪፁ ክስራሕ ይግባእ፤ ኣብ ሓንቲ ገዛፍ ዓዲ ዘለና ብቑፅሪ ውሑዳት (ማይኖሪቲ) ህዝቢ ምዃንና እውን ኣይረሳዕ፤

ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እቲ ዝዓበየ ዕማም ናይ ፅባሕ በላሕቲ መራሕቲ ናይ ምፍጣር ዕማም እዩ ክኸውን ዘለዎ፤ናይ ብዙሓት ዝማዕበላን ኣብ ከይዲ ምዕባለ ዘለዋን ሃገራት (ንኣብነት ቻይና፣ እንግሊዝ፣ ቅድሚ ትራምፕ ዝነበረት ኣሜሪካ፣ ኣውስትራልያ፣ እስራኤል ወ.ዘ.ተ) ልምዲ ከምዘርእየና መራሕቲ ናይ ምፍጣር ዋኒን እቲ ዝዓበየ ቆላሕታን ቀዳምነትን ዝግበኦ ዋኒን ከምዝኾነ እዩ፡፡ ብፍላይ ካብ ኣይሁዳውያን፣ እንግሊዛውያንን ካልኦት ብስርኦምን ብብልሖምን ዓወት ዝተጎናፀፉን ረብሐኦምን ዓለማዊ ስፍረኦምን ዘኽበሩን ህዝብታትን እንወስዶ ተሞክሮ መራሕቲ ናይ ምፍጣር ጉዳይ ናይ ዝኾነ መፃኢኡ ዝሐሸ ክገብር ዝህቅን ማሕበረሰብ ኣውራ ዛዕባ ክኸውን ዘለዎን ጥንቃቐን ብልሕን ዝሓትትን ከምዝኾነን እዩ፡፡

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ንሕና ተጋሩ መራሕቲ ኣብ ምፍጣር፣ ብሉፃትና ኣብ ምልላይን ንቕድሚት ምምፃእን ኣዚና ድሒርና ኣለና፡፡ ንህሉው ጠለባት ዓለም፣ ንውሽጣዊን ደጋዊን ተጻብኦታትና ዝምጥኑን

መሪሖም ፈንፂሖም ዝወፁን መራሕቲ ኣይንፈጥርን ዘለና፤ ኣብ ኩሉ ዓውዲ ፅባሕ ዘይድፍኡ ብሉፃት ኤሊታት ኣብ ምፍጣር ኣዚና ድሒርና ኣለና፡፡

ንሕና መራሕቲ ብዛዕባ ምፍጣር ኣዚና ንክንሓስብ ዘገድደና ካልእ ተወሳኺ ምኽንያት እውን ኣለና- ቁፅርና፡፡ እቲ ክንርስዖ ዘይብልና ሓቂ ኣብ ናይ ዲሞክራሲ ባህሊ ዘይዓምበበላ ኣፍሪካ፣ ሰባት ብውልቃዊ ዓቕሞም ዘይኮነስ ብብሄሮም ተጎዛጊዞም ስልጣን ኣብ ዝሕዝሉ ዓዲ፣ በዝሒ ህዝቢ ወሳኒ መሳርሒ ስልጣን እዩ፡፡ ማይኖሪቲ ኮይንካ ኣብ ሓደ ዓዲ መሰልካ ተኽብር፣ረብሓኻ እተረጋግፅ ወይ ንሰባት ኹሎም ብማዕረ ብውፅኢቶም ዝልክዕ፣ ዲሞክራሲያዊ፣ ፍትሓዊ ሲስተም ምዝርጋሕ እዩ፤ ወይ ድማ ኣብ ወሰንቲ ዓውድታት ነጢሮም ዝወፁ ተፅዕኖ ፈጠርቲ፣ ወሰንቲ፣ ዘይትካእ ተራ ዘለዎም ኢሊታት ብምፍጣር እዩ፤ ብፍላይ ኣብ ዓውዲ ሳይንስን ቴክኖሎጂን፣ ኣብ ኢኮኖሚ፣ ኣብ ሳይናንስ፣ ኣብ ሚድያ፣ ኣብ ስነ-ፅሑፍ ወ.ዘ.ተ ርእይን ዘይትካእን ተራ ዘለዎም ሰባት ክትፈጥር ኣለካ፡፡

እዚ ናይ መራሕቲ፣ ኣብ ኩሉ ዓውዲ ነጢሮም ዝወፁ፣ ዘይድፍኡ፣ ተፅዕኖ ፈጠርቲ ብሉፃት ኤሊታት ናይ ምፍጣር ጉዳይ ብሰብ-ሃፍቲ፣ ብመንግስቲ፣ ሰብ-ሃፍቲን መንግስቲን ብምውዳድ ክውገን ይኽእል እዩ፡፡

ከምቲ ናይ ካልእ ዓለም ተሞክሮ ዘረጋግፀልና እቲ ሓፈሻዊ ዘላቒ መፍትሒኡ ንህዝቢ ብፍላይ ንመንእሰይ empower ምግባር፤ ሰባት ብብቕዓቶምን ብኽእለቶምን ዝሕረዩሉ መስርሕ ምፍጣር፤ ብሓፈሻ ኣብ ትምህርቲ ልዑልን ጥንቃቐን ዝተመልአ ኢንቨስትመንት ምግባር፣ ኣተሓሳስባ ፍልጠት፣ ትምህርቲ ዝኽበረሉ፤ ሓሳብ ልዕልና ዝረኽበሉ ባህሊን ኣተሐሳስባን ምስራፅ፣

ምስኡ ጎኒ ንጎኒ ፅዑቕ ክትትል ዝግበረሎም፣ ንምምርማርን ንምሕሳብን ምቹዋት ዝኾኑ፣ ኩሉ ናይ ንዋትን ሓይሊ-ሰብን ኣቕርቦት ዝተማልአሎም ናይ ኤሊት ኣብያተ-ትምህርቲ ምኽፋትን ዓበይቲ ፈላጣት ብምስታፍ ፍሉይ ካሪክለም ቀሪፅካ ብሉፃት መራሕቲ፣ ተመራመርቲ፣ ሳይንቲስታት፣ ናይ ጥበብ-ሰባት ወ.ዘ.ተምፍራይ ሐዚ ክሕሰበሉ ዘለዎ እዩ፡፡

ኣብ ሓፂር እዋን ክንገብሮም እንኽእሎም ብሉፃት ናይ ምድጋፍ፣ ምብቃዕ፣ ናብ መድረኽ ምስሓብ ስራሕቲ እውን ኣለዉ፡፡ ብምትሕብባር መንግስትን ሰብ-ሃፍቲን ሓደ ራኢ ዘለዎን ብዓበይትን ለባማትን ተጋሩ ዝእለ ትካል ይፈጠር፤ እዚ ትካል ኣብ ሕድሕድ ዓውዲ ብሉፃት ንዝኾኑ ኣብ ስራሕ ዘለዉ መናእሰይ ይሓሪ፤ ነዞም መናእሰይ ብኹሉ መንገዲ(ብፋይናንስ፣ ብሞራል፣ ንምርምርን ሓሳብ ንምምንጫውን ኩነታት ብምምችቻው ወ.ዘ.ተ) ብምድጋፍ፤ ዓቕሞም ዘዕብዩሎም ኩነታት ብምምችቻው፤ መድረኽ ዘይረኸቡ ናብ መድረኽ ክመፁን ብምሕጋዝ መራሕቲ፣ ብሉፃት ኤሊታት ክፍጠሩን ጎሊሆምን ነጢሮምን ክወፁ ምግባርን ይከኣል እዩ፡፡ እቲ ትካል (ማሕበር) ብሉፃት ፀሓፍቲ፣ ተመራመርቲ፣ ከየንቲ፣ ተፈላሰፍቲ፣ ሓሰብቲ፣ መራሕቲ ክፍጠሩን ዓቕሞም ፀንቂቖም ንረብሐኦምን ንረብሓ ህዝቢን ንክውዕሉን ኩሉ-መዳያዊ ሓገዝ ይገብረሎም፤ ኩነታት የመቻችወሎም፡፡ ሙሉእ ግዘኦም ወሲዶም ክፅሕፉ፣ ሓሳብ ከመንጭዉ፣ ክመራመሩ ንዘለዎም ድማ ብዛዕባ ዝበልዑዎ፣ ዝሰትዩዎን ዝህርሱሉን ከይተጨነቑ ሙሉእ ትኹረቶም ኣብ ምፅሓፍን ሓሳብ ኣብ ምፍላቕን ክፅመዱ ዘኽእል ኩነታት ምፍጣር

እውን የድሊ፡፡እዚ ትካል ጎኒ ንጎኒ ድማ ነቶም ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ትግራይ ልዑል ኣበርክቶ ዝገበሩን ንመናእሰይ መርኣያ ክኾኑ ዝኽእሉን ኣፍልጦ ህብ፣ የቐንየልና ይብል፡፡

8. መንእሰይ ትግራይን ኣጓኒፎምዎ ዘለዉ ዝተሓላለኹ ፈተናታትን ተጻብኦታትን ብግቡእ ምርዳእን ፍታሕ ምሃብን የድሊ፤
1. <u>ኢኮኖሚያዊ- ስእነት ሰራሕ፣ ስደት፤</u>

እቲ ዝበዝሕ መንእሰይ ተማሂሩ ስራሕ ስኢኑ ናይ ወለዱ ተጠዋሪ ዝኾነ እዩ፡፡ ከይሰርሐ ሰረሐ ስኢኑ፣ ከይሓርስ መሬት የብሉ፡፡ ኣብ ትግራይ ሰራሕ ደላዪ እየ ኢሉ ብዕሊ ዝተመዝገበ 450 ሽሕ መንእሰይ ከምዘሎ ዝፍለጥ እዩ፡፡ ናይዚ ውፅኢት ድማ መንእሰይ ትግራይ ስደት ፋሕ ብትን ክብል፣ ኣብ ፎቐዶ ባሕርን በረኻን ቀለብ ዓሳን ኣራዊትን ኮይኑ ክተርፍ ግድን ኮይኑ እዩ፡፡

ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወረዳ ኣፅቢ-ደራ ኣብ ኣርባዕተ ጣብያታት (ሓረሳው፣ ገብረኺዳን፣ ሩባ ፈለግ፣ ሓድነት) ጥራሕ ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ናይ ልዕሊ 200 ሂወቶም ንምልዋጥ ናብ ስደት ወፂኦም ኣብ መንገዲ ዝተረፉ መናእሰይ ሬሳ ብሳናዱቕ ተፀይሩ ናብ ዓዲ ከምዝኣተወ፤ ካብኡ ዝዛይድ ቁፅሪ ዘለዎም መናእሰይ ድማ ሬስኦም ቀለብ ዓሳን ኣራዊት በረኻን ኮይኑ ከምዝተረፈ ዕላዊ ፀብፃብ ሰሚዑ ዘይነብዐ ትግራዋይ የለን፡፡ ብተመሳሳሊ ቅድሚ 4ተ ዓመት OCHA ኣብ ልዕሊ ካብ ዓዲ-ዓረብ ተሰጒጎም ዝተመለሱ ወገናት ብዝሰርሖ መፅናዕቲ መሰረት እቶም 40 % ተመለስቲ ተጋሩ ነይሮም፤ ብተመሳሳሊ ድማ ኣብቲ ዝሓለፈ ወርሒ ሕብረት ኣውሮፓ ኣብ ዝሰርሖ ሓደ መፅናዕቲ ብስም ኤርትራውያን ኣብ ሃገራት ኣውሮፓ ዕቑባ ዝሓተቱ እቶም 40 % ተጋሩ ኮይኖም ከምዝተረኽቡ ተረጋጊፁ እዩ፡፡ የመን ኣብ ከቢድ ናይ ሕድሕድ ኲናት ተሸሚማ መሬታ ብላዕልን ብታሕትን ሓዊ ይትፍእ ኣብ ዝነበረትሉ ዓመት ኣብ ዓመተ 2015 ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ ጥራሕ 82 ሽሕ ኢትዮጵያውያን፣ ካብኣቶም ድማ ልዕሊ 70 ሽሕ ተጋሩ ናብ የመን ከምዝኣተዉ ምስንሰምዕ እዚ መንእሰይ ክንደየናይ ኣብ ዓዱ ምንባር ተፀንቂቑ ከምዘሎ ዘረጋግፅ እዩ፡፡

ዋላ ድሕሪ እቲ ኩሉ ስደትን ፋሕ ብትንን መንእሰይ ትግራይ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ከተማታት ትግራይ ካብ መላእ ሃገር እቲ ዝዓበየ ናይ ስራሕ ስእነት ዝተመዝገበለን እየን፡፡ መጠን ስእነት ስራሕ ኢትዮጵያ 17.5 % እንትኸውን ናይ ትግራይ ግን 19.4 %፡፡

ናይዚ ኩሉ ስራሕ ስእነትን ናቱ ውፅኢት ዝኾነ ስደት መናእሰይን ምኽንያታት ግልፂ እዮም፡፡ ኣብ ሴክተር ኢንዳስትሪ ናይ ስራሕ ዕድል ተፈጢሩ ከይበሃል ኣብ ትግራይ ዘሎ ሴክተር ኢንዳስትሪ ዳርጋ ብት.እ.ም.ት ዝውነን እዩ፤ ት.እም.ት ድማ ክሳብ ሐዚ ን18 ሽሕ ሰብ ጥራሕ እያ ናይ ስራሕ ዕድል

ፈጢራ ዘላ፡፡ብመሰረቱ በዛዕባመጠን ዕቤት ኢንዳስትሪ ትግራይ እንትንዛረብናይ 2014/15 ኦፊሴላዊ ኣሃዝ ከምዝሕብሮ ትግራይ 3 % ብምሓዝ ካብ መላእ ሃገር ካብ ታሕቲ ካልኣይ ብርኪ ምሓዛ ዝዝከር እዩ፤ ትግራይ ካብ መላእ ሃገር እቲ ዝተሓተ FDI Per-Capita ዘመዝገበት እውን እያ፡፡ ኣብ መቐለ ተሰሪሑ ዘሎ መንደር ኢንዳስትሪን ኣብ ባዕኽር ክትክል ተባሂሉ ዘሎ ኢንዳስትሪ ኣግሮ-ፕሮሴሲንግን ዕቤት ኢንዳስትሪ ትግራይ ንእሽቶይ ደኾን ፍሒት የብሎ ኢልና ዋላ እንተተስፈውና እውን ምስ ዘለና ቁፅሪ ደላይሰራሕ እንትነፃፀር ግን ኣዝዩ ቁንጣር እዩ፡፡ እቲ ኣብ ገጠራት ትግራይ ዘሎ መንእሰይ ድማ መሬት የብሉን፡፡ ስሩዕ መቐሎ መሬት ካብ ዝግበር ዳርጋ 27 ዓመት ሓሊፉ፡፡ ስለዝኾነ መብዛሕቲኡ ወዲ 40ን ትሕቲኡን መሬት እውን የብሉን፡፡ ስራሕ የብሉ፣ መሬት የብሉ፣ ሂወት የብሉ፣ ተስፋ የብሉ፣ ፋሕ-ጭንግራሕ ናብ ስደት ኮይኑ፤ኣጉዶታትትግራይ ብዘይከፋቲ ማዕፆ በይነን ተሪፈን፡፡

ቢሮክራሲ ትግራይ ድማ ንሰብ ሃፍቲ፣ ንኢንቨስተራት ካብ መላእ ሃገር እቲ ኣዝዩዕሾኽ ዝበሃል እዩ፡፡ ኣሽንኳይዶ ንኢንቨስመንት ምቹው ኩነታት ፈጢሩ ብእግሪን ብፈረሰን ኣታኣላሊሹ ንው ኣብ ትግራይ ኢንቨስት ግበሩ ኢሉ ኢንቨስተራት ክስሕብስ ደፊኡ ዓዱ ከልምዕ ንዝመፀ በዓል ሃፍቲ እኳ ብዝተፈላለየ ሜላታት በርጊጉ ኢንቨስት እንተይገበረ ክምለስ ወይ እንተጀሚሩ ድማ ተስፋ ቆሪፁ ክወፅእ እዩ ዝግበር፤ንት.እ.ም.ት ጥራሕ ዝተፈቐዱ ዓውድታት ከምዘለዉ እውን ዝፍለጥ እዩ፤ ብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ሓርፋፋትን ደፋእቲን ኩነታት ንግድን ኢንቨስትመንትን ትግራይ ካብ 2004-2008 ዓ.ም ኣብ ዘለዉ ዓመታት ካብ መቐለ ጥራሕ ልዕሊ 5000 ትግራዋይ ነጋዳይን በዓል ሃፍቲን ፍቓዱ መሊሱ ካብ ትግራይ ናብ ካሊእ ክልል ክስደድ ከምዝተገበረ ሓበሬታ ኣሎ፡፡

እቲ ካልእ ቀፃሊ ዕቤት ኢንዳስትሪያላይዜሽን ትግራይ ድሩት ክኸውን ዝገበሮ ኣብ ትግራይ “ናይ ስራሕ ፈጠራታት፣ ማኑፋክቸሪንግ ኢንዳስትሪታት” ወ.ዘ.ተ ተባሂሎም ዝፀባበቑ ዘለዉእቶም ናይ ቴክኖሎጂ ሽግግር ዘይፈጥሩ፣ ዝተለመዱ ናይ ሓፂን-መፂን፣ ናይ ዕንጨይቲ፣ ወይ ናይ ፀጉሪ ስራሕቲ እዮም-እዚኦም ብባህሪኦም ናብ ጎኒ እምበር ናብ ላዕሊ ክዓብዩ ዝኽእሉ እውን ኣይኮኑን፡፡

ምስ ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ተታሓሒዙ ክሳብ ሐዚ ዝቐፀለ ናይ ፀጥታ ፀገምን፣ ህ.ወ.ሓ.ት ከም ውድብ ብዘለዋ hegemonic ኣረኣእያ ኣብ ትግራይ ካብ ት.እ.ም.ት ወፃኢ ካሊእ ትርንዕ ዝበለ ኢንቨስትመንት፣ ትርንዕ ዝበለ ቆፃሪ ክህሉ ድሌት ዘይምህላዋን እውን ከም ተወሰኽቲ ምኽንያታት ክጥቀሱ ይኽእሉ እዮም፡

2. <u>ፖለቲካዊ፣</u>

   እዚ ትውልዲ ድምፁ ዘስምዐሉ፣ ሓሳባቱ ዝገልፀሉ መድረኽ የብሉን፤ እቲ ክሳብ ሐዚ ኣብ ስልጣን ተጣቢቑ ዘሎ ናይ ቀደም ትውልዲ ኣብ ልዕሊ እቲ መንእሰይ ብዘለዎ ደረት-ኣልቦ ንዕቐት ንቲ መንእሰይ ሓሳቡን ስምዒቱን ዝገልፀሉ፤ ነንሕድሕዱ ዝመሃሃረሉ፣ መሪሕነት ዝለማመደሉ መድረኽ ክይረክብ ተዓጊቱ እዩ፡፡ መንእሰይ ናብ ሃረምረምን ጊዜያዊ ረብሓን ወይ ብወልፊታት ክፅመድ እምበር ናብ ፖለቲካን መሪሕነትን ከይጥምትን ፖለቲካ ክፈርሕን ንምግባር (de-policization) ተሰሪሑ እዩ፤ እቲ መንእሰይ ካብ ተለኣኣኽነት ዝዘለለ ናይ መሪሕነት ተራ ኣሽንኳይዶ ክፃወትስ ክሓልም እውን እዩ ተኸሊኡ፤

ብተወሳኺ ድማ ብደገ ብፍላይ ነቲ ኣብ መንእሰይ ትግራይ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ምንቕቓሕ፣ መንእሰይ ትግራይ ዘርእዮ ዘሎ ተገዳስነት፣ ናይ ሓሳብ ልዕልና ወ.ዘ.ተ ከም ቀፃሊ ስግኣት ዝወሰዱ ገለ ደጋፊ ሓይልታት ገለ እዋን ቀጥታዊ ስነ-ልቦናዊ ኲናት ክኸፍቱ ይረኣዩ እዮም፣ ገለ እዋናት ድማብበትሪ ህ.ወ.ሓ.ትገይሮም ንመንእሰይ ትግራይ ክወቕዑን ክሳዱ ከድንኑዎን ብምሕሳብ ንህ.ወ.ሓ.ት ዝተዋቐዐ ኣጀንዳ ምሂዞም ከቐብሉይረአ እዩ፡፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ብገለ ደለይቲ ሕማቕ ህዝቢ ትግራይ ተማሂዙ ንመራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት ዝተውሃበን ደሓር ጥርሑ ዝተረፈን“ፀቢብነት” ዝብል ኣጀንዳ ሓደ ኣብነት እዩ፡፡

ስለዝኾነ፣ እዚ ትውልዲ ገጢሞምዎ ዘለዉ ኣዝዮም ዝተሓላለኹ፣ ዝገወዱ፣ ሱር ዝሰደዱ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ ፈተናታት፣ ተፃብኦታት፣ ማሕለኻታት ኩሎም ብዝርዝር ፈቲሽካ እዚ መንእሰይ ፀገማቱ ዝቃለሉሉ፣ ስራሕ ረኺቡ ዝተረጋገአን ትርጉም ዘለዎን ሂወት ክመርሕ ዝኽእለሉ፣ ኣብ ናይታ ክልልን ሃገርን ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን ምንቅስቓሳት ንቑሕ ተሳታፋይ ዝኾነሉም ስትራጂታት ቀሪፅካ ኣብ ተግባር ምውዓል ድሊ፡፡

9. ሓደ ሓደ ኣብ ሞንጎ ተጋሩ ተፈጢሮም ዘለዉ ቁስልታት ምሕካም የድሊ- ናይ 80ታት “ምጥልላም” ከም ኣብነት፣ ሓደግኡን መፍትሒኡን፣

ኣብ ሞንጎ ሓድነት ሓደ ህዝቢ እቲ ዝኸፍአ ንፋስ ዘእቱ፣ እቲ ምትእምማን መንፈስ ዘጥፍእ፣ ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ድሌትን ባህግን ዝኾልፍ ተግባር ምጥልላም (ምክሕሓድ) እዩ፡፡ ናይ ልዕሊ 3000 ዓመታት ናይ መንግስትነት፣ ናይ ስልጣነ ባህሊ ዘለዎ ህዝቢ ትግራይ ምሽጥር እቲ ኩሉ ዓወቱ ሓድነቱ፣ ሕብረቱ፣ ተኸኣኢሉን ተኸባቢሩን ናይ ምንባር ባህሉ፣ ማዕተቡ/እምነቱ፣ ብዓብዩ ድማ ኣብ ሞንጎ ንጉሳንን ሓፋሽን፣ ኣብ ሞንጎ ጭዋን ዓኺይን ብተግባር ዝሸረፍ እዚ ዝብሃል ደርባዊ ኣፈላላይ (class difference) ዘይምንባሩ እዩ -ብፍላይ ቅድሚ ሃፀይ ሚኒሊክ መሬት ትግራይ ዝረግፅ፡፡ ኣብ ሞንጎ መራሕቲን ተመራሒ ህዝብን ዝነበረ መንፈሳዊ ሓድነት፣ ምቅርራብን ምምዕርራይን ብተግባር እውን ዝግለፅ እዩ ነይሩ፣ መራሒ ምስ ተመራሕቲ ሓቢሩ ይበልዕ፣ ሓቢሩ ይጠሚ ፣ ሓቢሩ ይፀምእ፣ ንጉስ ምስ ጭፍራ ሓቢሩ ወፊሩ ይዋጋእ፣ ከም ህዝቡ ይቕስል፣ ይስዋእ፡፡ ብሓፈሻ ኣብ ሞንጎ መራሕን ተመራሕን ሓቢርካ ወፊርካ ሓቢርካ ሙማት እምበር ኣብ ሞንጎኦም ዝነበረ መደባዊ ኣፈላላይ ኣዝዩ ፀቢብን ኣብ መነባብሮን ዘይሸረፍንን እዩ ነይሩ፣ ንሱ እዩ ድማ መሰረት ህዝቢ ናይ ሓድነት ስምዒት ድልዱል ገይሩዎ ፀኒሑ እዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ 25 ዓመታት ኣብ ሞንጎ መሪሕነት ህወሓትን ተጋደልቲ ህወሓትን ዝተርኣየ ናይ ምጥልላም ተግባርን ስዒቡ ዝነበረ ናይቲ መሪሕነት ሕማቕ ኣተሓሕዛን ኣብ ትግራይ ናይ ሕድሕድ ስድራቤት ማዕፆ ዘንኳሕኮሐ ሕማቕ ናይ ታሪኽ ዕበቕ እዩ፡፡ 1985 ዓ.ም ብስም “ምምጥጣን” ኣብ ልዕሊ እቲ

ንወያንኡ፣ ንቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣሚኑ፤ ዕሸል ዕድሚኡ ሙሉእ ዝሃገረ፣ ኣካሉ ዝሰንከለ፣ ካብ ምግዳል ወጻኢ ዝኾነ ሰሪሑ ዝመሓደረሉ ሙያ ዘይብሉ ብዓሰርታት ኣሽሓት ዝቑፀር ተጋዳላይ ብሓንቲ ፀሓይ፣ ብሓንቲ ውሳነ፣ ጥራሕ ኢዱ እዩ ዳርጋ ከም ኮንዶም ተጠቒምካ ናይ ምድርባይ ዓይነት ጥልመት እዩ ተፈፂሙ፡፡ ኣንስቲ ተጋደልቲ ጥራሕ ኢደን ክስጎጋ ምስተወሰነ ኣብ ሓደ ኣደራሽ ኣኼባ ተኻይዱ ነይሩ፡፡ “ኣይተምሃርናን፤ ዕድመ ንእስነትና ኣብ ምግዳል ኣሕሊፍና፤ ካብ ምትኳስ ወጻኢ ዋላ ሓደ ሞያ የብልናን፤ ጥራሕ ኢድና ተሰጕግና እንታይ ሰሪሕና ክንበልዕ?” ኢለን ኣብ ዝሓተታሉ እዋን ሓደ ላዕለዋይ መሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት “ዋላ ሾርሚጥክን ብልዓ” ከምዝበለን ሓንቲ ተጋዳሊት እናነብዐት “ዘይንኽእሎ እኳ!” ከምዝበለትን የዘንትዋ፡፡

ገሊኦን ዝሰንከለ ኣካል ሒዘን ናብ ልመና ኣትየን፤ ገሊኦን ካዛንችስ ናዝሬት ከይደን እቲ ዘይኽእልኡ ነብስኻ ሸይጥካ ምሕዳር ክኢለንኦ፤ ገሊኦን ነብሰን ኣጥፊአን፤ ገሊኦን ናይ ቤተሰብን ጻውራ ኮይነን፤ ውሑዳት ድማ ኣብ ፀምፀም በረኻ መንደር ኣውሮራ ከቕንዓ ከይደን፤ ካብኦን ዝበዝሓ ብዓሶን ብተመንን ተነኺሰን ሞይተን፤ ደቂ ተባዕትዮ እውን ብተመሳሳሊ ገሊኦም ሰሪሖም ክበልዑሉ ዘኽእል ኣካል ዘይብሎም ናብ ልመና ኣትዮም፤ ገሊኦም ኣብ ኣንዳኢስፓ ብዘብዐኝነት ተቐፂሮም፤ ገሊኦም ነብሶም ኣጥፊኦም፤ ገሊኦም ኣብ ክጥውሩሉ ዝግባእ ዕድመ ተጠወርቲ ኮይኖም፤ ገሊኦም ዕርብርብ ጠፊኦም፤ ገሊኦም ኣውሮራ ጠፊኦም፤ ገሊኦም ክሕደት ሰበ-ስልጣን ክምስክሩ ደው ኢሎም ኣለዉ፤

እቶም ቀሊል ቁፀሪ ዘይብሎም ‘ጎሓፍቲ’ ሰበ-ስልጣን ንዚ ኩሉ ተጋዳላይ ተጠቒሞም ጉሒፎም እንተብቅዑ ፀወተኦም ምስ ዓለማዊ ሃፍቲ፣ ውልቃዊ ክብሪን ምቾትን ኮይኑ፤ ንቲ ትማሊ ኣካሉ ሰንኪሉ ናብዚ ዘብቀዖም ብፃይ እውን ቆላሕ ክብሉዎ እውን ይፅየፉ፡፡እዚ ዓብዪ ምጥልላም እዩ፤ እዚ ዓብዪ ምክሕሓድ እዩ፡፡ ህዝቢ ትግራይ፣ ብፍላይ እቲ መንእሰይ እዚ እናረአየ፣ እናሰምዐ እዩ ዓብዩ፡፡

እዚ ኩሉ ምጥልላም ‘እንታይ ይወልድ?’ እንተይልና መልሱ ቀሊል እዩ- ንሓዋሩ ናይ ምሕባር መንፈስ ይቐትል፣ ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ምትእምማን፣ ሓድነት የጥፍእ፡፡ ኣብ ጎረቤትካ ሓደ እግሩ ወይ ዓይኑ ስኢኑ ኣብ ጎደና ዝሓደረን እቶም ሰብ ጥራዶ ክሪኡዎ እኳ ዝፅየፉዎ ተጋዳላይ ትማሊ ርኢኻ ንዓይ እውን ፅባሕ ከምኡ ኢኻ ትብል፡፡ እዚ ሓቢርካ ናይ ምቅላስ፤ ሓቢርካ ንሓደ ዓላማ ናይ ምስላፍ ባህጊ እውን ዝኾልፍ ሕማቕ ስምዒት እዩ፡፡

ንዚ እኮ እዩ ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ኣብ ትግራይ ኣብ ሕድሕድ መናእሰይ ንውትድርና ክምዝገቡ ዝጉሰጉሱ መድረኻት መናእሰይ “ኣያታተይ ሂወቶም ገቢሮም ቤተሰቦም ተበቲኑ ተሪፉ፣ ሓወቦታተይ ከም ኮንዶም ተጠቒምኩም ደርቢ ኹምዎም፣ ኣካሎም ተሰንኪሉ ኣብ ጎደና ተሪፎም፤ ንስኻትኩም V-8 ከምድሌትኩም ትቕያይሩ ኣለኹም፤ ብተን ማይ ዝመስላ መኻይንኩም ካብቲኦ ናብቲኦ ከተሳፍሩዎም እውን ትፅየፉዎም፤ ንሰላምታ እውን ትፅየፉዎም፤” እዩ ዝብል ዘሎ፡፡

እዚ ብእዋኑ ክሕከም ዘለዎ ሓደገኛ ስምዒት እዩ፤ ብናተይ ኣረኣእያ መሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት ክገብሮ ዘለዎ፤

- ፈለማ እቲ ቅድሚ 25 ዓመት ዝተፈፀመ መነወሪ ምጥልላም ዓብዪ ታሪኻዊ ጌጋ፣ በደል ከምዝኾነ ካብ ልቢ ይእመን፤

- ቀጊሉ ብሓፈሻ ንህዝቢ ትግራይ፣ ብፍላይ ድማ ንቲ ኣብቲ ሽዑ እዋን ብግፍዒ ዝጉሓፎ ተጋዳላይ ብዕሊ ይቅርታ ይሕተት፤
- ይቅርታ ምሕታት እውን ኣይኮነን ንቶም ኣብቲ ሽዑ እዋን ግዳያት ዝኾኑን ንቤተሰቦምን ኩሎም ግቡእ ሞራላዊን ንዋታዊን ካሕሳ ይኽፈል፤

- ብኣውሩኡ ድማ እቶም ሰማእታት ዝተሰዉኡሎም ዕላማታት- ሕቶታት ዲሞክራሲ፣ ነፃነት፣ ማዕርነት፣ ማሕበራዊ ፍትሒ፤ ልምዓት ክምለሰሉ፤ ንዞም ጠለባት እዚኦም ክምልሱ ዝኽእሉ ዝብሎም ሰባት፣ ኣተሓሳስባታት፣ ወይ ውድባት ብዘይሰኽፈት ክመርጽ ጥጡሕ ባይታ ክፍጠር ይግበኦ፡፡

10. ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ታሪኽ ዘለዋ ግጉይ ኣረኣእያ ይተኣረም፤

ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ታሪኽ ዘለዋ ኣረኣእያ ክእረም ዘለዎ እዩ ፤ ንህ.ወ.ሓ.ት "ታሪኽ እንጀራ ክኸውን ኣይኽእልን" ፤ ንህ.ወ.ሓ.ት "ትማሊ ምስ ሎሚ ዘራኽቦ ነገር የለን" ፤ ንህ.ወ.ሓ.ት "ናይ ትማሊ ናይ ስልጣነ፣ ልዕልና፣ ጅግንነት፣ ዓወት ታሪኽ ንሎሚ ዝህቦ ረብሓ የለን፤ ብዛዕባ ናይ ትማሊ ድሙቕ ናይ ስልጣነን ጅግንነትን ታሪኽናን ታሪኽ ኣቦታትናን ክንሓሳብ እውን ኣይግበኣናን"፤

እዚ ግን ኣዝዩ ዝተጋገየ ኣረኣእያ እዩ፤ ነገራት ስቕ ኢሎም ካብ ባዶ (de-novo) ኣይለዓሉን ፤ ኣብ ሎሚ ናይ ትማሊ ርጋፅ ኣሎ፤ ሎሚ ብእንገብሮ እዩ ድማናይ ፅባሕ ናይ ጉዕዞና ኣንፈትዝውሰን፡፡ ብዛዕባ ናይ ትማሊ ናይ ስልጣነ፣ ናይ ልዕልና፣ ናይ ጅግንነት፣ ናይ ዓወትን ውድቀትን ታሪኽና ምልስ ኢልካምርኣይ ድርብ ረብሓታት ዘርክበልና እዩ፤ ሓደ ካብ ናይ ትማሊ ዓወትናን ውድቀትናን ንምሃር፤ ካልኣይ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ፍልስፍናና ካብ ባዕልና(ውሽጥና) ክፈልቕ፣ ካብ ዘለና ክንጅምር የኽእለና፤ ናትና ዘይኮነ ተለቂሕና ካብ በዶ ከይንጅምርን ፈተናታት ከይበዝሑናን እውን የኽእለና- ከምዚ ሐዚ ካብ ዘይናትና ተለቂሕና ብምብጋስና የጋጥመና ዘሎ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ ገርጨውጨው ከየጋጥመና የኽእለና፤ ሳልሳይ፤ ሓቀኛ ስእሊ ግዝፈትን ድምቀትን ታሪኽናን መንነትናን ብምሓዝን ዓርሰ-እምነትና ብምሕያልን ነቶም ክንሶም ንዛንታ ዝበቅዕ ታሪኽዘይብሎም፣ ውሽጦም ብፅልኣትን ዓርሰ-ትሕትናን መሊኦም ሕሶት ብምድግጋም፣ ነቲ ድሙቕ ታሪኽና ፀለሎ ብምኽዳን፣ ብሓይሊ ፕሮፖጋንዳ ተገልቢጦም ርእስና ከድኑናን ከምበርክኹናን ዝደልዩ ሓይልታት ጥራሕ ዝባኖም ከነትርፎም የኽእለና፡፡

ኣቦና ብላታ ሃይለማርያም ረዳ "ተጋሩ ስረ ምዕጣቕ ንኽእል ኢና፤ ቂም መቑፀሪ ግን የብልናን" ይብሉ፡፡ መምህር ገብረኺዳን ድማ "ተጋሩ ተቓሊስና ዓወት ምሕፋስ ንኽእል ኢና ፤ ምስተዓወትና በጥ ኢልና ስለንህርስ ግን ናይ ዓወትና ፍረ ናይ ምሕፋስ ባህሊ የብልናን"

ይብሉ፡፡ ብዛዕባ ቁምን ፅልኣትን ኣይኮንናን ንዛረብ ዘለና፤ ኣብ ሎሚ ናይ ትግሊ ርጋፅ ከምዘሎ ዘየስተብህል፤ ካብ ትግሊ ዘይምሃር ብዛዕባ መፃኢ ክእምት ኣይኽእልን፡፡ ስለዝኾነ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ታሪኽ ዘለዋ ኣረኣእያ ክእረም ይግበኦ፡፡

11. ፖሊሲ "ኣይ-ኲናት፣ ኣይ ሰላም"ብወግዒ ከምዝፈሸለ ኣሚንካ ምቕባልን ካልእ ዝሰርሕ ምፍትሒ ምንዳይን የድሊ፤

ፖሊሲ ኣይ ሰላም፣ ኣይ ኲናት ንሸዓብያ ብኢኮኖሚ፣ ብዲፕሎማሲ ካብ ዓለም ነፂልካን ፀቒጢ ፈጢርካ ክዳኸምን ብቲ መናእሰይ ክእለን እዩ ነይሩ፤ መንእሰይ ኤርትራ ግን ክንዲ ነቲ ሕማቕ ስርዓት ተቓሊሱ ዝኣሊን ኣብ ሃገሩ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝሃንፅን ስደት እዩ መሪፁ፡፡ ብዚ ድማ ከባቢ 1 ሚልዮን ትግራዋይ መንእሰይ ከበሳ ኣብ ውሽጢ 15 ዓመታት ብስደት ከምዝወፀን ኣብ ኤርትራ ከቢድ ናይ ዲሞግራፊክ ምዝባዕ ከምዘጋጠመን ዝፍለጥ እዩ፡፡ እቲ ባዕሉ ክወድቕ ዝተብሃለ ሸዓብያ እናገወደ እንትኸይድ፤ እቲ ኩሉ ዋጋ ግን ክልቲኡ ትግራዋይ ህዝቢ እዩ ዝኸፍሎ ዘሎ፤

ብወገን ትግራይ፣ ንክልተ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ናይ ኲናት ሃዋህው ክትነብር፤ ካብ ናይዛ ሃገር ውሱን ዕቤት ተቛዳሲት ከይትኸውን፣ ናይ ኢንቨስትመንት ዕድላት ተሓሪሙዋ፣ መናእሰያ ብሰንኪ ስእነት ስራሕ ናብ ሰደት ፋሕ ጭንግራሕ ክብሉን ፎቖዶ ሽንጥሮን ባሕርን ክተርፉ ገይሩና፡፡ እቲ ፀገም ብፍላይ ኣብተን ናብ ዶብ ቀረባ ዝኾና ዓድታት ብግልፂ ዝረአ እዩ፡፡ ትግራይ ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካዊን ጁሆ (hostage) እዩ ገይሩዋ፡፡

ብወገን ኤርትራ- ብፍላይ ከበሳ ኤርትራ ድማ ካብቲ ናትና ዝገደደ እምበር ዝሓሸ ኣይኮነን፡፡ ብግልፂ ንምዝርራብ ናይ ባሕረ-ነጋሽ ትግራዋይ ህዝቢ ከበሳ ይፀንት እዩ ዝሎ፡፡ እቲ ኩሉ ሸዓብያ ክኸፍሎ ዝብሃለ ዋጋ ክልቲኡ ትግራዋይ ህዝቢ እዩ ዝኸፍሎ ዘሎ፡፡ ሸዓብያ እማ ስራሕ ኣምፀኣለይ ኢሉ ዝሓቶ መንእሰይ የብሉ፤ ፈተና የብሉ፤ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናሓየለን እናጠንከረን እዩ ዝኸይድ ዘሎ፡፡ ስለዚ እቲ ፖሊሲ 100 ፈሺሉ እዩ፡፡

ነዚ ካብ ልቢ ምርዳእን ምቕባልን የድሊ፡፡ ብዚ ውዱቕ ፖሊሲ ክልቲኡ ትግራዋይ ህዝቢ ዘየድሊ ዋጋ እናኸፈለ ክነብር የብሉን፡፡

ሰብ-ሙያ፣ ዓበይቲ ፈላጣት ብምስታፍ ብኻሊእ ዝመስል፣ ዝሰርሕ፣ ንህዝብታት ዝረብሕን ዕድመ ሸዓብያ ዘሐፅርን ለባም ፖሊሲ ክትካእ ይግበኦ፤ እዚ ድማ ብዝተኻኣለ ናህሪ ክውገን ዘለዎ እዩ፡፡

12. <u>ዕንወት ማሕበራዊ እሴታትን ተጋሩ- ብእዋኑ ክዕገት ይግበኦ፤</u>

ንኣሽሓት ዓመታት ተዓቂቦም ዝመፁ ማሕበራዊ እሴታት ተጋሩ ኣብ ሓፂር እዋን ይዓንዉ ኣለዉ፡፡ ናይ ምክብባር፣ ምክእኣል፣ ምትሕግጋዝ፣ ሰብ ብሰብነቱ ምኽባር፣ ብዕድመ ንዝሸምገሉ ምኽባርን ምድማፅን፣

ናይ ሓዳርን ቤተሰባዊነትን ወ.ዘ.ተ እሴታት ተጋሩ ይዓንዉ ኣለዉ፡፡ እቲ ብሉፅ ዝነበረ ክብሪ ሓዳርን ቤተሰባዊነትን ተጋሩ ይዓኑ ኣሎ፡፡ ሎሚ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲን ስሩዓት ኣብያተ-ፍርዲን ካብ ዝመራፅወኦም ዘፋትሐኦም ተፃመድቲ ብክልተ ሰለስተ ኢድ ከምዝዛይዱ እዩ ዝግለፅ፡፡ ሰድራታት ብፍትሕ፣ ብተኸኒ ይብተኑ ኣለዉ፡፡ ኣብ ሓደጋ ዘለዉ ማሕበራዊ እሴታትና ናብ ቦትኦም ክምለሱ ስራሕ የድሊ፡፡

ምስዚ ተተሓሒዙ ኣብ መናእሰይ ትግራይ ዝረአ መጠኑ ዝሓለፎ፣ መዕነዊ ሰታይነት፣ ሰካራምነት፣ ተወላፊነት፣ መጠኑ ዝሓለፎ ዕጥራን ወ.ዘ.ተን ንዞም ናይ ባህሪ ቀውስታት ከም ጅግንነት ዝቖፅር ሓዱሽ ባህሊን ወ.ዘ.ተ እዚኦምሱር ከይሰደዱ ክእረሙ ዝተዋደደን ውሕሉልን ፃዕሪ ይሓቱ፡፡

ሎሚ ኣብ ከምዚኦም ዓይነት ሕመቓት እቲ ቀንዲ ተዋሳኢ እቲ መሪሕነት ባዕሉ ምስ ምዃኑ ፤ ብመሰረቱ ድማ ኣሸንኳይዶ ናይቶም ትማሊ ከም "መላእኽቲ ቅዱሳትን ዘይጋገዩን" ተገይሮም ዝውሰዱ ዝነበሩ መራሕቲስ ናይ ዝኾነ ካልእ መራሒ ኣተሓሳስባን ተግባርን እውን ናብ ዝመርሖ ህዝቡ ምልሓኹ ዘይተርፍ ብምዃኑ፣ ፈለማ ባዕሉ እቲ ኣብ ናይ ስነ-ምግባር ውድቀት፣ ግስርጥና ተሸሚሙ ዘሎ መሪሕነት ካብቲ ኣትዩዎ ዘሎ ናይ ስነ-ምግባር ግርፍጥና ይውፃእ፤ ነቲ ቀፃላይ ትውልዲ ድማ ብፅቡቕ ኣብነት ኮይኑ ይምራሕ፡፡

13. <u>ምዕጋት ብኽነት ገንዘብ ህዝቢ- "ሕክምናዊ" መገሻ ሰበ-ስልጣን ከም ኣብነት፤</u>

ሰበ-ስልጣንን ሰደርኦምን ብሃበ-ተረኽበ፣ ንጉንፋዕ ኮነ ንቑርጥማት ዱባይ፣ ታይላንድ፣ ኣሜሪካ ዝኀዩሉን ሚልዮናት ዶላራት ገንዘብ ህዝቢ ዝባኽነሉ ኩነታት ደው ክብል፤ የግዳስ በቲ ንመገሽኦም ተባሂሉ ዝተሰልዐ ገንዘብ ፅሬቶም፣ደረጅኦም ዝሓለዉ ትካላት ጥዕና ክህነውን ኩሉ ሰብ ክሕከመሎምን ክግበር ይግበእ፡፡ ብመሰረቱ እውን ኩሎም ን"ሕክምና" ተባሂሎም ዝግበሩ መገሻታት ሰበ-ስልጣንን ኣዝማዶምን ኩሎም ብሓቂ ንሕክምና ከምዘይኮኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ፡፡ ኣብዚ ሀዚ እዋን ኣብ ኣውሮፓ፣ ኤሽያን ኣሜሪካን ዘለዋ ኤንባሲታት ኢትዮጵያ ቀንዲ ስርሐን መገሻ፣ መዕረፊ፣ መሐከሚ፣ መሳዕስዒ ሰበ-ስልጣንን ኣዝማዶምን ምምችቻው እዩ ኮይኑ ክበሃል ይከኣል፡፡ ብዚ መንገዲ ኣብ ክንደይ ስራሕ ክውዕል ዝነበረ ብኣማኢት ሚልዮናት ሸርፊ ወጻኢ ሃገር እዩ ዝባኽን ዘሎ፡፡ ብዚ ጓባ በሊዑዎ ዝባኽን ሃፍቲ ብዙሓት ፅሬቶም ዝሓለዉን ዘበናዊ ግልጋሎት ዝወሃበሎምን ትካላት ጥዕና ምህናፅ ይከኣል እዩ፤ ክግበር እውን ኣለዎ፡፡

14. ለውጢ ኣብ ከዳሚ ኣረኣእያ ኣመራርሓ ህ.ወ.ሓ.ት፡

ሓደ ትግራዋይ ውድብ፣ ዝኾነ ኣባል መሪሕነት ሓደ ትግራዋይ ውድብ ማእኸል ፖለቲካዊ ምንቅስቓሱ ምርግጋፅ ረብሓን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ፣ ምምሕያሽ ናብራ ህዝቢ ትግራይ፣ ናይ ህዝቡ ናይ ልምዓት፣ ሰላም፣ ፍትሒ፣ ዲሞክራሲ፣ ነፃነትወ.ዘ.ተ ሕቶታት ምምላስ ክኸውን እዩ ትፅቢት

ዝግበረሉ፡፡ ሓደ ውድብ ንህዝቡ ኣኽቢሩ፣ ናይ ህዝቡ ረብሓን ክብርን ኣኽቢሩ እዩ ንሱ እውን ዝበለፀ ተሰማዒ ክኸውን ዝኽእል፣ ዝበለፀ እውን ዝኽበር፡፡

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግና ነዚ ዓለማዊ ሓቂ ገልቢጦም ዝትርጉምዎ ረጕደ በትሪ ዝሓዙ ተጋሩ ነይሮም ኣለዉን፤

- "ኣብ ውሽጢ ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ ዘለዉ መፃምዲ (ኣሓት) ፓርቲታት፣ ኣመራርሐኦም፣ኣባላቶም፣ዋላ እውን እቲ ዝተረፈ ካብ ትግራዋይ ወፃኢ ዘሎ ካልእ ኢትዮጵያዊ ዝሕጉሰለይ፣ ዝኣምነኒ፣ ዝቕበለኒ ንህዝቢ ትግራይ እንትብድሎ፣ ትሕቲ ሃገሩ ምስ እንትገብሮ እዩ፤ ትግራዋይ ኣብ ጎደናታት ኣዲስ ኣበባ ተዘሪኡ ክልምን ምስዝረአ እዩ" ዝብል ኣረኣእያ ዘለዎም ገለ ኣባላት ኣመራርሓ ህ.ወ.ሓ.ት ነይሮምን ኣለዉን፤ ኣዴታትን ኣቦታትን ትግራይ ብስእነት፣ ብሕሰም ፎቐዶ ጎደናታት ኣዲስ ኣበባ ቀንፊዘው ምባሎም፣ "ስለ ኣቡነ ኣረጋዊ" ኢሎም ኢዶም ንምፅዋት ምዝርገሖም ፖለቲካዊ ከሰቢ ዘርክበሉ ዝመስሎ ላዕለዋይ ኣመራርሓ፣ ጀነራል ነይሩን ኣሎ፡፡ እቲ ዓለማዊ ሓቂ ኮነ ኣብ ኢትዮጵያ እንሪአ ዘለና ሓቂ ግን ናይዚ ስንኩልን ከዳሚን ኣረኣእያ ተፃራሪ እዩ- ህዝቡ ዘየኽበረ፣ ንህዝቡ ዘበሳብስ፣ ንህዝቡ ልምዓትን ዲሞክራሲን ዘይኮነስ ጭቆናን ድኽነትን ዘውርስ፣ ደጀኑ ዘመናምን ይዋረድ፣ ይነዓቕ፤ እቲ ዝተመነዮ ፍቕሪን እምነትን ዘይኮነስ ውርደት ይሸምት፣ ፖለቲካዊ እጃሙ እውን እናቐሃመ እዩ ዝኸይድ፡፡ ስለዚ እዚ መሰረታዊ ናይ ኣረኣእያ ስንክልና ክንቀፍ፣ ክውገድ፣ ክእረም ኣለዎ፤
- ኣብ ትግራይ ዝግበር ልምዓት ኩሉ "ፃዕዳ-ሓርማዝ (white elephant) እዩ፤ ፀረ ህልውና እቲ ስርዓት እዩ" ዝብል ስንኩል ኣተሓሳስባ እውን ክእረም ይግበኦ፡፡ እዚ ኣረኣእያ እዚ ድሕሪ ናይ 1993 ዓ.ም ናይቲ ፓርቲ ምግምጋዕ ከም ኣተሓሳስባ ዝማዕበለ እንትኸውን እኒ በዓል ሳርት ክፈርሱ፤ ህንፀት ልምዓት መስኖ ጎልጎል ራያ ክቋረፅ፤ ካልኦት ዓበይቲ ትልምታት ክቕህሙን ልምዓታዊ ትካላትን ውዳበታትን ክፈርሱ ዝገበረ እዩ፡፡ እዚ ክንቀፍ፣ ክእረም ይግበኦ፡፡

- ካላእ ክውገድ ዘለዎ ስሉብን ከዳሚን ባህሪ ገለ መሪሕነት እቲ ውድብ ድማ ኣጉል ሰኸፈትን ቅጥዒ-ዘይብሉ ናይ ኣቦነት ስምዒትን እዮም፤"ክብሉኒ፣ ክኹርዩ ደኾን ይኾኑ" እናበልካ፣ ሓቂ ንምዝራብ ሰኸፈት፣ ታሪኽካ ፀለሎ እንትለኽዩዎ ሓቂ ንምዝራብ ሰኸፈት- ኣጉል ሰኸፈት፣ ጥቕም ህዝብኻ ንምኽባር "ፀቢብኩም ከይብሉና፣ ደሓን ዋላ ህዝቢ ትግራይ ይጎዳእ፣ ከይኹርዩስ ህዝቢ ትግራይ መስዋእቲ ይኸፈል፣ ምእንቲ እታ ሃገር ህዝቢ ትግራይ መስዋእቲ ይኸፈል..." ዓላ ዘይብሉ፣ ሃላይ ኣቦነት፤

እዚ እንትንብል ግን መንነቶምን ክብሪ ህዝቦምን ናብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየቕርቡን ንሶም ዝኽበሩን ዝፍርሑን ንህዝቦም እንተኽብሩን ንረብሓ ህዝቦም እንትሰርሑን ከምዝኾነ ዝኣምኑ ሰበ-ስልጣን ኣይነበሩን ማለትና ኣይኮነን- ነይሮምን ኣለዉን እባ፤ ንሕና ኣብዚ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበለ ከዳሚ ኣረኣእያ ክውቃዕ፣ ክእረም ኣለዎ ኢና ንብል ዘለና፤

15. ናይ መሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት ግጉይ ዓርሰ-ምስሊን ኣብ ልዕሊ መናእሰይ ትግራይ ዘለዎ ንዕቐትን- ይፈተሸ፣ ብግልፂ ንዘራረበሉ፣ ይተኣረም፤

ኣብቲ መሪሕነት ዘሎ "ንሕና ጥራሕ ፈላጣት፣ ንሕና ጥራሕ ሓላፍነት ዝስምዐና፣ ንሕና ኩሉ ግዘ ትኽክል፤ እቲ ኻሊእ ህዝቢ ብፍላይ እቲ መንእሰይ ግን ናይ ኣረኣእያ ፀገም ዘለዎ፤ ሓላፍነት ዘይስምዖ እዩ፣ ኩሉ ግዘ ድማ ጌጋ እዩ፣ ንሕና ጥራሕ ክንዛረብ ንስኻትኩም ስቕ ኢልኩም ስምዑና' ዝብል ኣብ ልቢ መራሕቲ ህ.ወ.ሓ.ት ንዘመናት ዝተነደቐ ንነብስኻ ክንዲ እምባ ገይርካ ናይ ምርኣይ ዝንባለ ክእረም ኣለዎ፡፡ ሰበ-ስልጣን ህ.ወ.ሓ.ት ከስምዑ እምበር ክሰምዑ ድሉዋት ኣይኮኑን፤ ብስሩ እውን ካብ ካልእ ሰብ ብፍላይ ካብቲ መንእሰይ ሓሳብ ዝርከብ ኣይመስሎምን፡፡ ካብኦም ዘይምንጩ ሓሳብ ኩሉ ፍሹል እዩ፡፡ ብናቶም ገምጋም ካብቲ ንሶም ዝበልዎ ፍልይ ዝበለ ሓሳብ ዝመፅእ ኩሉ "ናይ ኣረኣእያ ፀገም ዘለዎ እዩ፤ ፕሮግራም ውድብ ኣንቢቡ ዘይተረደአ እዩ፤ ናይ ካልኦት ልእኹቶ ዘለዎ እዩ" ወ.ዘ.ተ፡፡ ከምዚ እናበልካ ንበዓል ሓሳብ ምድሃል እዩ ሎሚ ትግራይ ናይ ውላድ መኻን ገይሩዋ ዘሎ፡፡ እቲ መሪሕነት ንነብሱ ዝሪኣሉ መነፅር ዘስተኻኽለሉ፤ ሐሳብ ዝኽበረሉ፤ ዝበለፅ ሓሳብ ሰዓሪ ኮይኑ ዝወፀሉ መስርሕ ምድላው የድሊ፡፡

16. ትካላዊ ነፃነትን ጥንካረን ማ.ል.ት ናብ ቦትኡ ይመለስ፤

ሓደ እዋን ኣብ ዓለም ዘሎ ትግራዋይ ኣብ ሓደ መኣዲ እትእክብ ጥንክርቲ ፅላል ተጋሩ ዝነበረት ማ.ልት ድሕሪ ናይ 1993 ዓ.ም ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ምግምጋዕ ትካላዊ ነፃነታ ተመንዚዓ ብቐጥታን በተዘዋዋሪ ብመሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት ክትምራሕ እዩ ተገይሩ፡፡ ኣብቲ ሽዑ እዋን ቀንዲ ምኽንያት ተባሂሉ ዝነበረ ዋና ስራሕ ፈፃሚ ማ.ል.ት ዶ/ር ሰለሞን ኣብቲ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ምግምጋዕ ሞንጎኛ ክኸውን ስለዝመረፀን ንቲ ሰዓሪ ጉጅለ ወፂኡ ክድግፍ ፍቓደኛ ስለዘይነበረን እዩ፡፡ ናይታ ማሕበር ትካላዊ ነፃነት ምግሃስ ከይኣኽል ንሳ ክትቅህም እናተገበረ በብኸባቢኡ ናይ ቁሸታትን ጣብያታትን ማሕበር ልምዓታት ክጫጨሓን ማ.ል.ት ናብ ትርጉም ዘይብሉ ብርኪ ክትበፅሕን እዩ ተገይሩ፡፡

ብተወሳኺ ድማ በብኸባቢኡ ማ.ል.ት ንምድጋፍ ተባሂሎም ዝዳለዉ ኣኼባታት ኣውራ ዕማም ማ.ል.ት ከይኮነትስ ህ.ወ.ሓ.ትን ናይ ህ.ወ.ሓ.ት መዋጮን እናኾነ ምስ ከደ ቁፅሪ ኣባላት ማ.ል.ት ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተመናመነ ክኸይድን እታ ማሕበር እውን እናደኸመት ክትከይድን ገይሩዋ እዩ፡፡

ማ.ል.ት ካብ ኢድ ኣመራርሓ ህ.ወ.ሓ.ት ትውፃእ፤ ትካላዊ ነፃነታ ይረጋገፅ፤ ብሓዱሽ፣ ጥንኩርን ነፃን ኣወዳድባ ዳግም ኣባላት ናይ ምልዕዓልን ምምዝጋብን ስራሕ ተካይድ፤ መንግስቲ ትግራይ ድማ ኣብ ምጥንኻር ማ.ል.ት ሓጋዚ ተራ ጥራሕ ይሃልዎ፤ እንተተኻኢሉ (ፍቓደኛ እንተኾይኑን) እተን በብኸባቢኡ ተጫጪሐን ዘለዋ ቁሸታዊ ማሕበራት እውን ናብ ማልት ይፅምበራ፤

17. ኣብ ትግራይ እምነ ኩርናዕ ክቕመጥ እምበር ተፈፂሙ ናብ ተግባር ክሸጋገር ካብ እንርኢ ብዙሓት ዓመታት ኣቑፂርና፤ ኣብ ትግራይ ናብራ ህዝቢ ናይ ምልዋጥ ተኽእሎ ዝነበሮም ፅቡቓት ጅማሮታትና ክኹለፉ ምርኣይ እውን ልሙድ ሓቂ ትግራይ ኮይኑ ኣሎ፡፡

እስቲ ፈቐድኡ ተሰሪቶም ካብ ዝተረስዑ ብዙሓት እምነ-ኩርናዓትን ተጀሚሮም ዝተኾለፉ ፅቡቓት ጅማሮታትናን ንገሊኦም ንጥቀስ፤

- ✓ ጳጉሜን 2፣ 2000 ዓ.ምኣብ ሕንጣሎ ፍሉይ ስሙ ማይ ደርሁ ኣቶ ስዩም መስፍንን ካልኦት ሰበ-ስልጣን ህ.ወ.ሓ.ትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ንዝኽሪ ቐዳማይ ወያነ ሓወልቲ ንምስራሕ እምነ-ኩርናዕ ተቐሚጡ ነይሩ፤ ግን ኣይተሰርሐን፤
- ✓ ብ1988 ዓ.ም መበል 100 ዓመት ዓወት ዓድዋ ኣብ ዝኽበረሉ እዋን ዶ/ር ነጋሶ ጊዳዳ፣ ኣቶ ገብሩ ኣስራት፣ ኣቶ መለስ ዜናዊ ኣብ ዝተረኽቡሉ፤ዳግም ብ2000 ዓ.ም ድማ ኣቡነ ጳውሎስ፣ ኣቶ ፀጋይ በርሀ ኣብ ዝተረኽቡሎም ስነ-ስርዓት ተኸላ-እምነ-ኩርናዕ ንመዘከርታ ዓወት ዓድዋ ክስራሕ ዝብሃለ ሓወልቲን ቤተ-መዘክርን ተረሲዑ ተረፉ፤ ብተመሳሳሊ እቲ 2000 ዓ.ም እምነ-ኩርናዕ ዝተቐመጠሉ ናይ ገለ ኣዋርሕ ዓብዪ መዘራረቢ ዛዕባ ዝነበረ ናይ ዓድዋ ኢኮ ቱሪዝም ፕሮጀክት ብእምነ-ኩርናዕ ተሪፉ ኣብዚ እዋን እዚ ናይቲ ፕሮጀክት መተሓባበሪ ዝነበሩ ዶ/ር ሙሉጌታ ፍስሃ እቲ ኣብ ዓድዋ ክይኮነሎም ዝተረፈ ኣብ መቐደላ ይሰርሑዎ ኣለዉ፤ ኣብ ዓድዋን ከባቢኡን ብእምነ-ኩርናዕ ዝተረፉ ናይ መንገዲ፣ ስታድየም፣ ጥዕና ትካል፣ ቤት ትምህርቲ ወ.ዘ.ተ ብዙሓት እዮም፡፡ እቶም ኣብ ቀረባ ዝተተኸሉ ናይ ፓን-ኣፍሪካኒዝም ዩኒቨርሲቲን ሙዝየምን ስራሕቲኸ ከም ኩሉ-ግዘ እምነ-ኩርናዕ ክተርፉ ድዮም ናብ ተግባር ክሽረፉ- ዕድመ ሂቡና ክንሪኦም ኢና፡፡
- ✓ ድሕሪ ናይ ዒስራን ገለን ዓመታት ናይ ተስፋ ቓላት ፕሮጀክት ጎልጎል ራያ ቅሂማ ተሪፉ፣ህዝቢ ትግራይ ብዛዕባ ፕሮጀክት መስኖ ጎልጎል ራያ ቅድሚ እናሰምዐ፣ ብልቡ ተስፋ እናሕደረ፣ ብወረ እዝኑ እናህጠረ 20 ዓመታት ተቖፂሮም፡፡ እቲ ፕሮጀክት ህ.ወ.ሓ.ት እንትገማገዕ ደሓን ከይዱ ነይሩ እዩ፤ ገለ ናይ ማይ መትረባት እውን ተተኺሎም ነይሮም፤ ደሓር ኩሉ ከምዘይነበረ ኮይኑ፤ ክሳብ ሎሚ ድማ ሓንሳእ "ትራንስፎርመር የለን"፣ ሓንሳእ ዝተገዝኡ ቱቦታት ኣይገጠሙን፣ ሓንሳእ እንታይደኾን እናተብሃለ ኣብ ስራሕ ከይወዓለ ተሪፉ፡፡ ካብኡ 10 ዓመት ድሒሩ ዝተጀመረ ኣብቲ ጎረቤቱ ዘሎ ፕሮጀክት መስኖ ራያ ቆቦ ግን ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ናብ ስራሕ ኣትዩ፤ ዓብዪ ውፅኢት እውን የመዝግብ ኣሎ፡፡
- ✓ ርሑቕ ኣሚታ ስድሪ ዝጀመረት ሳ.ር.ት ቅድሚ 15 ዓመት ምስረፈሰት ብኡ ተሪፉ፤ ንኒ ሳርት ኣፍሪስና መስሓቒ ሸራፋት ዝኾናሎም፣ ዋላ ሓደ ሳይንሳዊ መፅናዕቲ ዘይተገበረሎም "ሆረየ፣ ማይባንኪ"ክንብል ዓድሃገር ዓበይቲ ግድባት መስኖ ይሃንፁ፡፡ትግራይ ልዕሊ 940 ሽሕ ሆረየታት ኩዒታ እንትተብቅዕ እቲ ሆረየ መሬትና ካብ ምብኻን፣ መራብሒ ጣንጡን መፅደፊ ህፃናትን ካብ ምዃን ዝሓለፈ ሓንቲ ረብሓ ከይሃበና፤ ናይ ከባቢ 6 ቢልዮን ብር ኪሳራ ኣስዒቡልና ከምዝኸደ መፅናዕትታት የረጋግፁ፡፡ሳ.ር.ት ክሳብ 2000 ዓ.ም 500 ግድባት ክትሃንፅ ተሊማ ነይራ፤ ናይ SAERT ምፍራስ ናይ ትግራይ ናይ ሕርሻ ልምዓት ተስፋ ኾሊፉዎ እዩ፡፡

✓ ኣብ መቐለ ሮማናት ኣደባባይ ብ2000 ዓ.ም ዝተሰረተ እምነ-ኩርናዕ ሓወልቲ ኣቦና ሃፀይ የውሃንስ ንጉሰ ኣክሱም ንጉሰ ዘነገስት ዘኢትዮጵያ፤ ብ2002 ዓ.ም ኣዜብ መስፍን ምስ በዓልተ ቤት ዑማር ኣልበሽር (ቀዳማዊት እመቤት ሱዳን) ወ/ሮ Fatima Khalid ኮይነን ኣብ ወልቃይት ብዓይነቱ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ኣዴታትን ህፃናትን ሆስፒታል (Maternity Hospital) ንምጥያሽ ዘንበሩኦ እምነ-ኩርናዕ፤ እምነ-ኩርናዕ ካልኣይ ምዕራፍ ሓወልቲ ሰማእታት፤ ብ2006ዓ.ም ወርሒ ነሓሰ ዲያስፖራ ተጋሩ ኣብ መቐለ ብመልዐሊ ካፒታል 200 ሚልዮን ክጅምሩዎን ከም ኩነታቱ ድማ ክሳብ 1 ቢልዮን ብር ከብፅሑዎን ቃል ብምእታው ዘቐመጡዎን እምነ-ኩርናዕመንደር ICT፤ እምነ-ኩርናዕ ህንፀት ተወሰኽቲ ዝተማሓየሽ15 ቃላሚኖታት፤ ፋብሪካ መምከኺ ሓፂን ሽረ፤ ሰለስተ ግዘ ዝተኸለ እምነ-ኩርናዕ ፋብሪካ PVCማይ-መኽደን፤ ዕንይንይ ዝብል ዘሎ ፋብሪካ ብርጭቆ ጎዳ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ፤ ፋብሪካ ጂፕሰም ጂማ፤ መስፋሕፍሒ ፋብሪካ ኣልመዳ፤ ብወረ ዝተረፈ ህንፀት ፕሮጀክት መስኖን ሓይልን ተከዘ-ቁፅሪ-2፤ብዩኒቨርሲቲ መቐለ በብኸባቢኡ ተቐሚጦም ዝተረስዑ ልዕሊ 20 እምነ-ኩርናዓት፤እምነ-ኩርናዕ ህንፀት ሙዝየም ብሄር-ብሄረሰባት ኣብ ዐዲ ገዛእቲ፤ ወ.ዘ.ተ ኣብነታት እዮም፡፡ እዚኦም እቶም ኣዝዮም ውሑዳት ኣብነታት እዮም፡፡

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ነዞም ውድቀትና ዝምስክሩ ገለ ብእምነ-ኩርናዕ ዝተረፉን ተጀሚሮም ዝተኾለፉን ኣብነታት ምጥቃስና ገለ ኒሕ እንተፈጠርልና ካብ ዝብል ተስፋ እዩ ፤ ከም ዘይረሳዕናዮም እውን ንምዝኽኻር እዩ፡፡

18. ኣብዶባዊ ሓድነት ትግራይ ዝርኣዩ ዝለዉ ተፃብኦታት- ውሕሉል ስትራቴጂ የድሊ፤

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን ገብረሚካኤል፤

ኣብ ጎንደርን ዲሲን ተኣጒዱ ኣብ ወልቃይት ዝነተጎ ጉዳይ ምዕራብ ትግራይ ካብ 2001 ዓ.ም ጀሚሩ ፈኸም እናበለ ኣበይ ጀሚሩ ኣበይ ከምዝበፅሐ ኩልና እንፈልጦ ኢና፡፡ መተኣኻኸቢኡ (mobilizing factor) ጉዳይ ወልቃይት ገይሩ ኣብ ጎንደርን ከባቢኡን ንዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ቀንዲ ተሓታቲ ክኸውን ዘለዎ ኣመራርሓ ህ.ወ.ሓ.ት እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣመራርሓ ህ.ወ.ሓ.ት ኣብ ምዕራብ ትግራይ ዝሰጎሞ ግጉይ ፖሊሲ፤ ህዝቢ ምዕራብ ትግራይ ከምቲ ዝተረፈ ክፋል ትግራይ ግዳይ ሕማቕ ምሕደራን ጭቆናን ምምሕዳር ህ.ወ.ሓ.ት ስለዝኾነ፤ ብውፅኢቱ ድማ ብቲ ምምሕዳር ተስፋ ዝቖረፀ ክፍሊ ሕብረተሰብ ዝተፈጠረ ብምኳኑ ፤ ብኻሊእ ወገን ድማ ንዚ ክብለፁ ቅሩባት ደጋዊ ሓይልታት ምህላዎም፡፡ እዚኦም ኩሎም ተደማሚሮም ዘስዓቡዎ ፖለቲካዊ ቅልውላው ንዛ ሃገር ክሳብ ሐዚ ይሕምሳ ኣሎ፡፡ እዚ እንትንብል ግን ብስሩ ካብ ቀደሙ እውን ኮነ ኢሎምእቲ ብሓቂ ዝተገበረ ቋንቋ መሰረት ዝገበረ ኣወዳድባ ክልላት እናሃለወን ብኡ መሰረት ድማ ካብ ክልል ኣምሓራ ናብ ክልል ትግራይ ዝታኻለሉ ቦታታት ከምዘለዉ ኩሉ ካብ ትግራይ ናብ ክልል ኣምሓራ ዝተጠረፉ ብዙሓት ቦታታት

ከምዘለዉ እናተፈለጠ መሬት ጎንደር ናብ ትግራይ ብሓይሊ ተጠሪሩ እናበሉ ዘየሎ ምስሊ ንምፍጣር፣ ኣብ ሞንጎ ህዝቢ ምጥርጣርን ጎንኒን ንምልዓልን እቲ ዞባ ዘይቋረፅ ሕንፍሽፍሽ ንምፍጣርን ዝሰርሑ ኣካላት ኣይነበሩን ማለት ግን ኣይኮነን ፤ እቶም ሓይልታት ባይታ ረኺቦም ኣብ ምዕራብ ትግራይን ጎንደርን ሕንፍሽፍሽ ክፈጥሩ ዝበሮም ግን ብኣውሩኡ መሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት እዩ፡፡

ብመስረቱ እቲ ፈለማ ዝነበረ ሕቶ ነበርቲ ኣብርሃጅራ፣ኣብደራፊዕ፣ዓደርቃይ ዘቕረቡዎ "ንሕና ተጋሩ እናሃለና ስንምንታይ ቋንቋ መሰረት ዝገበረ ፌደራሊዝም ኣባና እውን ከምቲ ዝተረፈ ክፋል ኢትዮጵያ ተግባራዊ ዘይኾውን፣ትግርኛ ተዛረብቲ እናሃለና ንምንታይ ኣብትሕቲ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዘይንመሓደር?"ዝብል ሕቶ እዩ ነይሩ፤ ከምቲ ዝብሃል ዓሰርተታት ኣሽሓት ፊርማታት ተኣኪቡ ናብ ቤ/ምባይቶ ፌደረሽን ኣትዩ ነይሩ፡፡ ባይቶ ፌዴሬሽን፣ ክልል ምምሕዳር ኣምሓራ ንቲ ሕቶ ሸፋፊኖምዎ፤ ክልል ትግራይ ድማ ስቕታ መሪፁ፡፡ ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ጎኖም ሓደ ደው ዝበለ ኣካል እኳ ኣይተረኸበን፣ ሚድያታት ውሽጢ ዓዲን ወፃኢን ኩለን ፀማም እዝኒ ሂበንኦም፣ ምምሕዳር ክልል ትግራይ፣ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ፣ ፌደራል መንግስቲ ሕቶኦም ብጽሞና ኣዳሚዖም ፍታሕ ክንዲ ዝህብዎም ኩሉ በሎ በሎ ኢሉዎም፣ ድሂሉዎም፣ ሰማዒ ስኢኖም፤ ፅንሕ ኢሉ ድማ ሰበ-ስልጣን ብኣዴን ንቶም መተሓባበርቲ ሓደ ብሓደ ኣሲሮምዎም፣ ገሊኦም ሃለዋቶም ጠፊኡ ተሪፉ፤ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝፈረመ ህዝቢ እውን ማእለያ ዘይብሉ ግፍዒ በፂሑ፣ ንብረቶምን ገዝኦምን ተሓዲጎም ዝተባረሩ፣ ካብ ኩሉ ዓይነት ማሕበራዊ ግልጋሎታት ዝተኣገዱ፣ ደቆም ካብ ቤት-ትምህርቲ ዝተባረሩ፣ ብዙሕ ቆፂርካ ዘይውዳእ ግፍዒ ዝበፅሖም ተጋሩ ንብዓቶም፣ ቆስሎም ፀይሮም ይነብሩ ኣለዉ- ሰኣን ኣያ፡፡ እምብኣርጉዳይ ምዕራብ ትግራይ በዓል ኣርበኞች ግንቦት ሰባት፣ የጎንደር ሕብረት፣ ወ.ዘ.ተ ንሕና ኣብ ጉዳይ ኣብርሃ ጅራ፣ ዓብደራፊዕ፣ ዓደርቃይ ዘርኣናዮ ሕመቕ፣ ብስርውና ደንዲኖምና፣ ገሚቶምና 180 ዲግሪ ተዓፂፎም፣ መጥቃዕቲ ኮይኖም ናብ ወልቃይት፣ ፀገዴ ኣትዮም፡፡ ብተወሳኺ ድማ ኩለመዳያዊ ሕመቕና፤ ኣብቲ ህዝቢ ብቲ ስርዓት፣ ብቲ ምሕደራ ዝተፈጠረ ዘይዕጉብነትን ቅርሕንቲን ኣፅኒዖም፤ ካብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ እውን ገለ ደገፍቲ (ብፍላይ ብቲ ስርዓት ዝተበደሉመናእሰይ) ከምዝረኸቡ ምስተኣማመኑ እቲ ዝተኣጎደ ሓዊ ክባራዕ ገይሮምዎ፡፡ ኣብዚ ብወገን ምምሕዳር ክልል ትግራይን ክልል ምምሕዳር ኣምሓራን ዝነበሩ ተፃረርቲ ኣካይዳታት ንቲ ጉዳይ ከምዝጋደዱዎ ግልጺ እዩ፡፡ እዚ ድማ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ናብቲ ህዝቢ ውርድ ኢሉ ምስ ህዝቢ ግልፂ ብግልፂ ዝላዘብ፤ ሕቶ ሰናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ ፣ ልምዓት እቲ ህዝቢ ኣዳሚፁ ብግዚኡ ግቡእ ፍታሕ ዝህብ ብትዕቢትን ድንቁርናን ተወጢሩ "ዝበልናኩም ስቕ ኢልኩም ስምዑ፤ ሰፊርና ዝሃብናኩም መጠን ልምዓት፣ ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርን ስቕ ኢልኩም ተቐበሉ" ክብል መሪፁ፡፡ ብኻሊእ ወገን ድማ ኣመራርሓ ብ.ኣ.ዴ.ን ናብቲ ህዝቢ ተለኣኣኽቱ እናስለኸ "ናብክልልናተፀምበሩ፤ ናባና እንተተፀምቢርኩም ኣብቲ ከባቢን ዝነብር ብዝተፈላለየ መንገዲታት ዝመፀ ትግራዋይ መሬቱ ብምሕዳግ ኩሉ ንብሕትኹም ክንህበኩም ኢና፤ ኩሎም ናይ መሰረተ-ልምዓት ጠለባትኩም፣ ናይ ፍትሒን ሰናይ-ምምሕዳርን ባህግኹም ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ክንምልሰልኩም ኢና"ዝብሉኣፍካ ብማይ ዝመልኡ ናይተስፋቓላት ይህቡ ነይሮም፡፡ ምስኡ ድማ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ውድባት ዝተፈጠረ ምትፍናን፤ ብፍላይ ድማ ኣብ ሞንጎ ኣይተ ኣባይ ወልዱን ኣይተገዱን ዝነበረ ክሳብ ተራ ምፅርራፍ ዝበፅሐ ግርጭት

ረኽቢ፣ እዚኦም ኩሎም ተደማሚሮም ነቲ ፀገም ኣብዚ ብርኪ ክበፅሕ ገይሮምዎ እዮም፡፡ ስለዚ ኣብ ምዕራብ ትግራይ ንዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ፣ ነቲ ሐዚ እውን ተደጉሉ እምበር መሊኡ ዘይጠፍአ ሓዊ ቀንዲ ተሓታቲ ብድንቁርናን ትዕቢትን (ignorance and arrogance) ዝተመልአ ሕማቅ ኣካይዳን ኣተሓሕዛን መሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት እዩ፡፡ ዝሓለፈ ሓሊፉ ኣሎ፣ ሐዚ ግን ኣብ ጉዳይ ምዕራብ ትግራይ ውሕሉል ኣካይዳ የድልየና፡፡ ሕቶታት ልምዓት፣ ስናይ-ምምሕዳር፣ ፍትሒ፣ ነፃነት ህዝቢ ብግዝ ይመለሱ፤ ካብ ነባሪ ህዝቢ ተመንዚዖም ናብ ገለ ካድረታትን ስማዊ ልምዓታዊ ሰብ-ሃፍቲን ዝተመሓላለፉ መሬታት ናብ ህዝቢ ይመለሱ፤ ካብ ምዕራብ ትግራይ ሓዊሱ ካብ ኩሉ ኽባቢታት ትግራይ ዓቕሚ ዘለዎም መናእሰይ ናብ መሪሕነት ይምፅኡ፤ ህዝቢ ይደመፅ፣ ሕቶ ህዝቢ ይከበር፣ ይመለስ፤

ቀፃሊ ዒላማ ተፃብኦ ፀረ ረብሓን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ተስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ደቡብ ትግራይናን ከምኡውን ግልፂ እዩ፡፡ ክሳብ ትማሊ 1948/49 ዓ.ም ዶብ ትግራይ ክሳብ ኣልውሃ ምላሽ ዝበፅሕ እዩ ነይሩ፡፡ ኣቦታት ትግራይ ብመኪና ብኡ እንትሓልፉ ኣብ ኣለውሃ ምስ በፅሑ ክሳብዚኣ እኮ እያ ትግራይ እዮም ዝብሉ- ታሪኾም ስለዝፈልጡ፡፡ ሐዚ ብዙሕ ነገር ተቐይሩ፣ ካሊእ መልክዕ ሒዙ እዩ፡፡ ንቶም ተንኮስቲ ተስፋሕፋሕቲ ሓይልታት ግን ታሪኻዊ መርትዖ፣ ሓቂ፣ ምኽንያት ወ.ዘ.ተ ኩሎም ዋጋ የብሎምን::

ንኹሉ መፍትሒኡ ህዝብኻ ምኽባር፣ ህዝብኻ ምድማፅ፣ ንሕቶታት ህዝብኻ ኣኽቢርካን ዋጋ ሂብካን ግቡእ መልሲ ምሃብን እዩ፡፡  ናይቲ ህዝቢ ሕቶታትን ባህግታትን መሰረት ብምግባር ነዞም ሕቶታት ቅልጡፍን ኣዕጋቢን መልሲ ዘርክቡ ፍሉያት  ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ምትእትታው የድሊ፡፡ ናይቲ ህዝቢ ናይ ልምዓት፣ ስናይ ምምሕዳር፣ ዲሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ነፃነት ሕቶታት፣ ባህግታት ቅልጡፍን ኣዕጋቢን መልሲ ክረኽቡ ይግባእ፡፡ ንዝኾነ ትግራዋይ ትግራዋይነት ገይሩ፣ ናይ ልምዓቱ፣ ህልውንኡ፣ ነፃነቱ ውሕስና እምበር ሽኽሙ ክኾኖ ኣይግባእን፡፡ ህዝቢ ይከበር፣ ህዝቢ የደመፅ፣ ሕቶ ህዝቢ ይመለስ፡፡

19. ልምሰት ቢሮክራሲ ትግራይ፤ ምኽነት ሓቀኛ ተተካኢ መሪሕነት፤ ሓደገኝነት እቲ ቅሩብ ትስፉው “ተካኢ” መሪሕነት፤

እዚ ሕዚ ዘሎ ቢሮክራሲ ህ.ወ.ሓ.ት “ኣይተ መለስ ን45 ዓመታት ዝኸውን ውዱእ ትልሚ ሓንፂፁ ስለዝኸደ፣ ኣይተ መለስ መሊኡ ስለዝሓሰበለይ ስለ ዓዲ ምሕሳብ ኣየድልየንን፤ የግዳስ'ከመይ ሰሪቐ፣ ሓሰየ፣ ዝተጋነነ ናይ ሕሶት ፀብፃብ ሂበ ከመይ ንሓላፍየይ ከሐጉስ፤ከመይ ኣላኺዐ ብሓለቓይ ክፍቶ፤ ከመይ ከዲመ ስልጣን ክውስኽ፤ ከመይከእየ ዝበለፀክጉሕል ከምዘለኒ እዩ ክሓስብ ዝግበኣኒ” እናበለ “ክሓስብ” ወጊሑ ዝመሽዮ መሪሕነት እዩ፡፡ ብፍላይ ኣብ ታሕቲ ተወሪሙ ዘሎን ኣብ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ህ.ወ.ሓ.ትነፀላ ዓጢቑ ዘኹድድ ዘሎን “ተተካኢ መሪሕነት” ዝብሃል ተስፈኛ ኣካል

ብደምቢ እንትፍተሸ ብኣብዝሓ ብኣካዳሚ ድኹም፣ ካብ ዩኒቨርሲቲ ተባሪሩ ካብ ናይ ገለ ውልቀ ኮሌጃት ዲግሪ ዝገዝአ፤ ንምሁርን ዓቕሚ ዘለዎን ትግራዋይ ከም ቀንዲ ፀላኢኡ ዝቖፅር፤ ዝኾነ ስራሕ ሰሪሑ ከድሚ ዘይኽእል፤ ብናይ ሕሶት ፀብፃብ ዝተወለፈ፤ ተለማሚፅካን መሲልካን ካብ ምንባርን ንኣሕሉቕካ እናኽደምካ ዝተኹቡልካ ስልጣን ወይ ገለ ተረፍ-መረፍዓሰቢ ካብ ምልቃምንዝዘልል ራኢ ዘይብሉ፤ ስልጣን ወይ ሰበ-ስልጣን ከም ብሕታዊ ናይ እቶቱ ፍልፍላት ገይሩ ዝወስድ፤ ኣብ ኩሉ ዓይነት ናይ ስነ-ምግባር ውድቀት ዝጠሓለን እዩ፡፡

እዚ እንትንብል ግን ብቲ ናይ ቑፅሪን ማሕተምን ብልጫ ዘለዎ ውዱቕ ሓይሊ ተኸዊሉ፣ ተዳፂሉ፣ ንግዚኡ ተሳዒሩ፣ ቦታ ስኢኑ፣ ርእሱ ኣድኒኑ ክነብር ዝተገደደን መዓልቲ ዝፅበ ዘሎን ዓቕሚ፣ ቅንዕናን ፍቕሪ ህዝብን ዝተላበሰ ውሑድ የለን ማለት ግን ኣይኮነን፡፡

ስለዝኾነ ማህደር እቲ “ተተካኢ” ዝብሃል ሓይሊ ምግልባጥ፤ ቕርብ ኢልካ ካብ ክልተ ሰለስተ ህ.ወ.ሓ.ታዊ ቃላት ምድጋም ዝዘለለ ዓቕሙ፣ ክእለቱ፣ ኣረኣእይኡ፣ ራኢኡ ብደቂቕ ምፍታሽ፤ ዓቕሚን ቅሩብትን ሃልዩዎም መድረኽ ዝሰኣኑ ብመርፍእ ኣልሽካ ናብ ቅድሚት ምምፃእ የድሊ፡፡

ብመሰረቱ፣ ኣብታ ሐዚ ዘላ ዝተሓላለኸትን በብመዓልቱ እናተሓላለኸት፣ እናፀበበት ትኸይድ ዘላ ዓለም ተወዳዳሪ፣ ብሉፅ፣ ፅዕንቶ ፈጣሪ፣ ረብሓን ህልውናን ህዝቡን ዓዱን ዘረጋግፅ መራሒ ናይ ምፍጣር ጉዳይ ኣውራ ዕማም ሓደ ማሕበረሰብ ክኸውን ዘለዎ እዩ፡፡ ከምቲ ቅድም ኢሉ ዝተገለፀ (ቁ-5) ብዙሓት ሃገራት ዓለም (ንኣብነት ቻይና፣ ኣውስትራልያ፣ እንግሊዝ፣ ኣሜሪካ ወ.ዘ.ተ) ብሉፃት ኤሊታት፣ መራሕቲ ዘጩጩሑሎም፣ ዘብቅዑሎም ናይ ባዕሎም incubators ኣለዉዎም፡፡ ኣንፈት ናይ ሓደ ህዝቢ መፃኢ ብኣውሩኡ ዝውሰን ብ’ወሱናትን ወሰንቲን” ብምኧኑ መራሕቲ፣ ኣንፈት ሓበርቲ፣ ኣለይቲ፣ መንገዲ መመላኽትቲ ሙሴታት ናይ ምፍጣር፣ ምስራሕ፣ ምብቃዕ ጉዳይ ኣውራ ዋኒን ሓደ ህዝቢ ክኸውን ዘለዎ እዩ፡፡ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ህልውናን ረብሓን ህዝቢ ትግራይ ቅድሚ ጉጅላዊ ጥቕምን ረብሓን ሰሪዓ ኣንፈት ጉዕዞ ህዝቢ ትግራይ ዝቕይሱ፣ ዝቐይነነ መንገድና ዘቃንዑ ብሉፃት መራሕቲ፣ ኤሊታት ናይ ምፍጣር ስራሕቲ ክትሰርሕ ይግባእ፡፡ ምስኡ ጎኒ ንጎኒ ድማ ኣብ ትምህር ዝግበር ልዑልን ጥንቑ ዝመልአን ኢንቨስትመንት ከም ዘሎ ኮይኑ ፍልጠት ዝኽበረሉ፣ ናይ ሓሳብ (idea) ውድድር ልዕልና ዝረኽበሉ ባህሊን ኣተሐሳስባን ምስራፅ፣ ፤ በሊፁ ዝወፀ ዝሸለመሉን ዝሸየመሉን መስርሕ ምትእትታው የድሊ፡፡

20.ነፃነት ኣብያተ ፍርዲ ይኽበር፤ ናይ ሓሳባት ኣፈላላይ ከም ፀጋ ዝቖፅር ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ይዓምብብ፤

ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ብናፅነት፣ ብዘይፖልቲካዊ ኢድ ኣእታውት ዝሰርሓሉ፤ ውሳንኦን ዝኽበረሉ፤ ፖሊስ ልዕሊ ቤት-ፍርዲ ዘይኮነሉ ሓቀኛ ናይ ፍትሒ ነፃነት ክረጋገፅ ይግባእ፤ ህዝብና ሓቀኛን ስሉጥን ፍትሒ ክረከብ ይግባእ፤ ብሓፈሻ ኩለን ናይ ዲሞክራሲ ትካላት ክጠናኸራ ይግባእ፡፡

ምስኡ ድማ ናይ ሕብረተሰብና ናይ ዲሞክራሲ ባህሊ ክዕምብብ፤ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ከም ፀጋ ናይ ምቑፃርን ምስ ኣፈላላይካ ተኻኢልካ ናይ ምንባር ባህሊን መስርሕን ምትእትታውን ምብርትታዕ የድሊ፤

ኣብ ትግራይ ዝተፈለየ መማረፂ ሓሳብ ዘለዎ ኩሉ ክበረታታዕ እምበር ከም ፀላኢ ክቑፀር ኣይግባእን፡፡ ምህዳር ፖለቲካ ትግራይ ክሰፍሕ ይግበኦ፤ ኣብ ትግራይኣብ ንቑሕ ፖለቲካዊምንቅስቓስ (ናይ ድጋፍ ይኹን ናይ ተቓውሞ) ምስታፍ ክበረታታዕን ከም ፀጋ ክቑፀር ዘለዎን እምበር ኣዝዩ መፍርሒ፣ ሕንጉጋይ፣ ሓደገኛ ስራሕ (a risky business) ክኸውን ኣይግባእን፡፡

መሪሕነት ህ.ወ.ሓ.ት ተበግሶ ወሲዱ ምስቲ "ዝተፈለየ ኣረኣእያን ኣረዳድኣን ኣለኒ፣ ዝተፈላለየ መፍትሒ ሓሳብ ኣለኒ" ዝብል ትግራዋይ ኩሉ ብናፅነትን ብግልፅነትን እዚን ምዚን ንምብህሃል፣ መፍትሒታት ንምንዳይ ግልፂ መድረኻት ይዳለዉ፤ ኩሎም ሓሳባት ብናፅነት ናብ መድረኽ ይምፅኡ፡፡ በቢብርኩ ህዝባዊ መድረኻት (ድራማታት ዘይኮኑስ ሓቀኛ መድረኻት) ይዳለዉ፣ ብፍላይ እቲ ዝምሃረ ኣካል ብግልፂ ዝመያየጠሎም ተደጋገምቲ ነጻ መድረኻት ይፈጠሩ፤ ዝበለፁ ሓሳባት ድማ ሰዓርቲ ኮይኖም ይውፅኡ፤ ሲቪክ ማሕበራት ይጣየሹ፣ ህዝቢ በቢዝመሰሎ ብነፃነት ይወደብ፤ መድኻት ይብዝሑ፣ ብሓሳብ ተፈላሊኻ፣ ተዳሚኻ፣ ተሰዓዒርካ፣ ተጨባቢጥካ ናይ ምፍልላይ ባህሊ ይዓምብብ፣ ኣብ ከይዲ ነቶም መድረኻት ዝመርሑ መራሕቲ እናተፈጠሩ ይኺዱ፤

21.ክልተ ልዑል ቀዳምነት ክወሃቦም ዝግበኦም ኣገደስቲ ተግባራት፤

መስረትቲ እታ ናይ ሐዚ ሃገረ-እስራኤል በዓል Theodor Herzel (ጋዜጠኛ) ኣብ መወዳእታ 19 ክ/ዘመን World Zionist Organization ዝተብሃለ ከም think-tankን መተሓባበሪ ኮሚቴን ኮይኑ ዘገልግል ማሕበር መስሪቶም ብዛዕባ ምጥያሽ ሃገረ-እስራኤል እንትሓስቡ ሓደ ዝተረዳድእሎም ወሰንቲ ዛዕባታት፡

ሀ. ኣይሁዳውያን ሚድያታት ዓለም ክቆፃፀሩ፤
ለ. ኣይሁዳውያን ብተወሳኺ ፋይናንሳዊ ትካላት ዓለም ክቆፃፀሩ እውን ከምዘለዎም፤
ሐ. ኣብ ዓለም ዘለዉ ኣይሁዳውያን ብፍልጠት ውሽጦም ክሃንፁ፣ ኣብ ዓውዲታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ፈንጢሖም ክወፁ፣ ብኹሉ መዳይ ጠንኪሮም ክፀንሑ ጎስጓስ ክገብሩ፤
መ. ኩሉ ኣይሁዳዊ እቲ ዝጠፍኡ ቋንቋኡ እብራይስጥ ክመሃር፣ ኩሉ ሰብ ኣስማቱ ኣይሁዳዊ ክገብር ጎስጓስ ክገብሩ ከምዘለዎም፡፡

ሎሚ እቲ ቐንዲ ውግእ ናይ ክላሽ ዘይኮነስ ናይ ስነ-ሐሳብ እዩ፤ ሚድያ ድማ እቲ ዝዓበየ መሳርሒ ኩናት እዩ፡፡ 1948 ዓ.ም ፈላሚ ቀዳማይ ሚኒስተራ David Ben-Gurion ገይራ ዝተጣየሸት ሃገረ-እስራኤል ምስ ኩሉ ተፃብኦታት ከም ሃገር ደው ክንቕጽል ዝገበራ ኩለመዳያዊ ጥንካረኦ እኳ እንተኾነ ናይ ዓለም ሚድያታት ዳርጋ ኩለን ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ኣይሁዳውያን ዝኣተዋ ምኺነን፣ ኣይሁዳውያን ኣብ ዓውዲታት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ርሒቖም ምስጓሞም፤ ጥንኩራት ዝኾኑ ማእኸል

ልህቐት ቲንክ-ታንክታት ምህላዎም፣ ብኹሉ መዳይ በሊፆም ምርካቦም ብሓዊ ተኸቢቦም ህልውንኦም ኣረጋጊፆም፡፡

ንሕና እውን ክልተ ቀንዲ ቀዳምነት ዝግበኦም ተግባራት ይፅበዩና፤

i. <u>ሚድያ</u>፤ ኣብ ናይ ኢንፎርሜሽን ዘበን ዝብሃል መበል 21 ክፍለ ዘበን ሚድያ ዓብዪ መሳርሒ ምዃኑ ዘየተሓታትት እዩ፡፡ ንሕና ተጋሩ ድማ ተወሳኺ ምኽንያት እውን ኣለና፤ ንዓና ኣድላይነት ምጥያሽ ተበፃሕቲ ሚድያታት ተጋሩ ካብ ዝኾነ ግዘ ንላዕሊ ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ወይ ሰለስተ ዓመታት ኣዝዩ ግልፂ ኮይኑ ኣሎ፡፡ እቲ ቀንዲ ሚድያ የድልየና እንብለሉ ምኽንያት ሚድያ ሓያል መሳርሒ ዕቤት፣ ሰላም፣ ሓድነት ህዝብታት ስለዝኾነ እዩ፡፡ ብተወሳኺድማ ገጢሙና ዘሎ ዝተዋደደ ኲናት ፕሮፖጋንዳ ብእዋኑን ብውሕልልናን ክንምክቶ እንተዘይክኢልና ከስዕበልና ዝኽእል ሓደጋ ዓብዪ ንምዃኑ ካብ ዝሓለፈ ልምድና እውን ዝኣናዮ ስለዝኾነ እዩ፡፡ 24 ሰዓት ሙሉእ ኣብ ልዕሌና ዘርኣዊ ጥፍኣትን ህልቂትን ዝሰብኩ ናይ ፅልኣት ሚድያታት ከም ፍልሖ ተፋርዮም፣ ሰሲኖምኣብ ዘለዉሉ ኩነታት ኢድካን እግርኻን ዓፂፅፍካ ኮፍ ኢልካ ምፅባይ ሓደግኡ ብተግባር ንሪኦ ስለዘለና እዩ፡፡ንሕና እግሪ እግሮም ስዒብና ፅልኣት ክንሰብኽ ኣይኮነን፤ ንሓሳቦም ብሓሳብ፣ ንሕሶቶም ብመርትዖ፣ ንፅልኣቶም ብምኽንያት ክንሙግቶ፣ እቲ በብግዚኡ ዝፍኑዉዎ ዝተዛብዐ መረዳእታ ሚዛን ከነትሕዞ ይግባእ፡፡ ካብኡ ሓሊፉ ድማ ዘላቒ ረብሓታትና ንምውሓስ፣ ንህዝቢን ዓዲን ይጠቕሙ እዮም ዝተብሃሉ ሐሳባት ብዘይሰኽፈት ብግልጺ ንዘራረበሉ፣ ጉዕዞና ኣንፈት ነትሕዘሉ ሚድያ የድልየና፡፡

ስለዝኾነ ተመጋገብቲ ዋኒናት ሒዞም ዝንቀሳቐሱ ነፃ፣ ካብ ፖለቲካዊ ውግንና ነፃ ዝኾኑ፣ ማእኸሎም ረብሓን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ዝገብሩ ሓደሽቲ ሚድያታት ኣብ ውሽጢ ዓዲ(ኣብ ትግራይን ኣዲስ ኣበባን)ን ኣብ ወፃኢ ሃገራትን ከነጣይሽ ይግበኣና፡፡ ኣብ መላእ ዓለም ዘለና ተጋሩ ኣብዚ መዳይ ሓቢርና ክንዓምም፣ ኣብ ዝሓፀረ ግዘ ጥንኩርን ተፅእኖ ፈጣሪን ሚድያ ክህልወና ናብ ተግባር ክንኣቱ ይግባእ፡፡ እዚ ብምትሕብባር ሰብ-ሃፍቲ፣ ትካላት፣ ማሕበራት ወ.ዘ.ተ ክኸውን ይኽእል፡፡ ናይ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ተራ ንምጥያሽ እዞም ሚድያታት ጥጡሕ ባይታ ምፍጣር፤ እቶም ዝፍጠሩ ካብ ኢድ ቁፅፅራ ወፃኢ ዝኾኑ ሚድያታት ከም ሓገዝቲ መሳርሕታት ዕቤትን ለውጢን ወሲዳ ብፅቡቕ ዓይኒ ክትሪኦን ጥራሕ እዩ፡፡

ብተወሳኺ ድማ ነቶም ኣብ ኢድ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ክልል ትግራይ ዘለዋ ሚድያታት እውን ብተመሳሳሊ ምጥንኻር የድሊ፡፡

ii. ምጥያሽ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ በላሕቲን ፈተውቲ ዓዶምን ምሁራት ተጋሩ ዝሓቁፍ ነፃ ቲንክ-ታንክን ማእኸላት ልህቐ ትስትራቴጂያዊ ኣተሓሳስባታት (center for strategic studies)ትግራይን፤

ህሉው ኩነታት ተገንዚቡ፣ፅባሕ ክመፅእ ዝኽእል ኣሚቱ፣ኣንፈት ቀፃሊ ጉዕዞ ዝቕይስ፣ኣውራ ዕማሙ ሓሳብ ምምንጫውን ንዑኡ ዝኸውን ስትራቴጂ ምቕራፅን ዝኾነ ስትራቴጂስት፣ ቲንክ ታንክ፣ ማእኸል

ስትራቴጂያ ሓሳባትእውን የድልየና፡፡ "ሙዚቃና ከመይ ይኺድ፣ግጥምታትና ኣበይ የድህቡ፣ባህልና ከመይ ይኹን፣ማሕበራዊ ፍልስፍናና ከመይ ይቃነ፣ኢኮኖሚና ከመይ ይኺድ፣ምስ ካልኦት ዘለና ሕብረት ከመይ ይሰጉም ወ.ዘ.ተ"ኢሉ፣ኣንፈታትዘቐምጥ Think tank የድልየና፧ ማእኸል ልህቐት ስትራቴጂያዊ ኣተሓሳስባታት (center for strategic studies)የድልየና፣

Macmillan dictionary ብኸምዚ ይገልፆ፡ "A group of people who work together to produce new ideas on a particular subject" ፧ ኣብ Thesaurus.com ዘሎ ትርጉም Think tank ድማ"A research institute ot organization employed to solve complex problems or predict or plan future developments, as in military, political, or social areas" ዝብል ኮይኑ ንረኽቦ ፧ Wikipedia ድማ "An organization that performs research and advocacy concerning topics such as social policy, political strategy, economics, military, technology, and culture" ዝብል ትርጉም ሂቡሉ ይርከብ፧

ዝተፈላለዩ ኣካላት ነናይ ባዕሎም ዋላ ይሃቡዎ ኣብ ኩሎም ትርጉማት እንረኽቦ ተመሳሳልነት ግን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ነጢሮም ዝወፁን በላሕቲ ብኽእለቶም ዘተኣኻኽቡሉ ምኳኑ፧ ማእኸሉ ድማ ኣብ ዝመረፆም ዓውድታት ብምርምራት ዝተደገፉ ሓደሽቲ ሓሳባትን ኣሰራርሓታትን ምምንጫው ምኳኑ እዩ፧

ኣብዚ ሰዓት እዚ ኣብ ዓለም ልዕሊ 6800 think tanks ከምዘለዉ ይግለፅ፡፡ Think tankታት ብዘለዎም ኣወዳድባ፣ ርእዮተ-ኣለማዊ ኣረዳድኣ፣ ዘድህቡሎም ዛዕባታት፣ ፋይናንሳዊ ምንጪ ወ.ዘ.ተ ዝተፈላለየ መልክዕ ክሕዙ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብመንግስቲ ፋይናንስ ዝገበሩ ቲንክ-ታንክታት ኣለዉ፧ ውድባት ናይ ባዕለን ቲንክ-ታንክታት ክምስርታ ይኽእላ፧ ገለገሊኣን ቲንክ-ታንክታት ብዓበይቲ ኩባንያታት ክምሰረታን ንመስራቲኣን ኩባንያ ከገልግላን ዝተጣየሻ እየን፧ ገለገሊኣን ቲንክ-ታንክታት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ንመንግስታት፣ ኮርፖሬሽናት ገንዘብ ተኸፊሉወን ናይ ምምኻር ግልጋሎት ክህባ ይኽእላ እየን፧ ገለ ቲንክ-ታንክታት ምስ ዩኒቨርሲቲታት ዝሰርሓ እየን፧ ገለ ቲንክታንክታት ብሃይማኖት ትካላት ዝተጣየሻ እየን፧ ብርክት ዝበላ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ብድሌቶም ዝተኣኻኸቡ፣ ብናይ ውልቀሰባት ሓገዝ ዝካየዱን ብናይ ባዕሎም ተገዳስነት ኣብ ዝመረፁዎም ዓውድታት ምርምራት ብምግባር ናይ ኣድቮከሲ ስራሕ ዝሰርሑን ኣብ ሃገሮምን ኣብ ዓለምን ናይ ባዕሎም ኣወንታዊ ተፅዕኖ ክፈጥሩ ዝጠየሹ እዮም፡፡

ንኣብነት ኣብ ኣሜሪካ ዝተጠየሸ ፈላማይ ቲንክ ታንክ Carnegie Endowment for International Peace እዩ- ብ1910 ዓ.ም.ፈ፡፡ ኣብ ዓለም ሰላም ንምስፋን ዓሊሙ ብኣንድሬው ጋርኒጀን ፈተውቱን ተጣይሹ፡፡ ብ1916 ዓ.ም.ፈ ብግዱሳት ምሁራት ዝተጣየሸ The Brookings institution ድማ ካብ ዝተመስረተሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ስልጣን ኣየናይ ፖለቲካዊ ፓርቲ ደየበ ብዘየገድስ ከካብ ዓውዱ ብዘተኣኻኸቦም ዓበይቲ ምሁራት ተሓጊዙ፣ ዓበይቲ ሳይንሳዊ ምርምራት እናካየደ፧ ንኣሜሪካ ይረብሕ እዩ ኢሉ ዝኣመነሎም ውፅኢት ምርምራቱ ንፌደራል ትካላት ኣሜሪካ (ንፔንታጎን፣ ንኻልኦት ዝተፈላለያ ሚኒስትሪታት ፌደራል) የቕርብ፣ የማኽር፡፡ እነሆ ድማ ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ናይ ኣሜሪካ እቲ ዝገዘፈን ዝለዓለ ከበሬታን ተቐባልነትን ዘለዎን ናይ ሓሳባት ማእኸል እዩ፡፡

ከም RAND Corporation ዝበሉ ዓበይቲ ቲንክ ታንክታት ድማ ብኒ ፎርድ ፋይናንስ ዝግበሩን ንረብሓ እኒ ፎርድ ዝሰርሑን እዮም፡፡ ኣብ ኣሜሪካ፣ ኣውሮፓ፣ ካናዳ፣ ሩስያ፣ ቻይና ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ንረብሓ ሓደ ፋይናንስ ዝገብረን ትካል ዝሰርሓ ናይ ኮርፖሬሽናት ቲነክታንክታት፤ ንረብሓ ውድበን ዝሰርሓ ናይ ፓርትታት ቲንክ ታንክታት፤ ንረብሓ ሓደ ሃይማኖታዊ ትካል ዝሰርሓ ቲንክ ታንክታት ወ.ዘ.ተ ኣለዋ፡፡

እዚ ካብቲ ኣብ ቀረባ ግዘ ብህ.ወ.ሓ.ታዊ ዲሞክራሲያዊ ማእከላዊነት (Democratic centralism) ፅንሰ-ሐሳብ ዝተጠርነፈ፤ ሓዱሽ ሓሳብ ከፍልቕን ፍሉይ ኣረኣእያከተኣናግድን ኣወዳድቡኡ ዘይፈቕደሉ ናይ ላዕለዎት፣ ማእኸለዎትን ታሕተዎትን ካድረታትን ኣባላትን Think tankኣድማዒ ሓሳብ ከመንጩ ይኽእል እዩ ኢልካ ተስፋ ንምግባር ዘፀግም እንተዀነ ምናልባሽ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ናይ ውልቂ ቲንክ-ታንክ ኮይኑ ክቐፅል ግን ይኽእል፡፡ ህዝቢ ትግራይ ዘድልዮ ግንዝተፈላለዩ ኣረኣእያታትን ኣተሓሳስባታትን ዘለዎም ውግንነኦም ንህዝቦም፣ ንሕሊኖኦምን ንሞየኦምን ጥራሕ ዝዀኑ ነፃ በላሕቲ ምሁራት ተጋሩ ብብቐዓቶም ተሓርዮም ዝሳተፉሉ፣ ብዘይምሽቑራር ዝመሰሎ፣ ዝኣመነሉ፣ ብምርምር ዝረኸቦም ጠቐምቲ እዮም ኢሉ ዝኣመነሎም ሐሳባት ናብ ቅድሚት ዘምፅእ፤ ብዘይሰኸፈት ብነፃነት ዝኣመነሎም ሓሳባት ዘፍልቕን ንፖሊሲ ሓንፀፅቲዝህብን ነፃ Think tankእዩ፡፡

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ እቲ ውድብካ ዘጣየሽቶ ናይ ህ.ወ.ሓ.ት ቲንክ-ታንክ ከም ዘሎ ኮይኑ ረብሓን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ቅድሚ ኩሉ ወሲድካ ኣባላት ውድብካ ይኹኑ ኣይኹኑ፣ ደገፍቲ ውድብካ ይኹኑ ተቓወምቲ ብዘየገድስ፣ በብዓውዱ ዝበለፀ ዓቕሚ ዘለዎም፣ ንዓዱም ከገልግሉ ዝለዓለ ቅሩብነት ዘለዎም፤ ውግንነኦም ንህዝቦም፣ ንሕሊኖኦምን ንሞየኦምን ጥራሕ ዝዀኑ ተጋሩ ምሁራት በላሕቲ ተኣኻኺቦም፣ ካብ ፅዕነቶ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ነፃ ኮይኖም፣ ብዘይምሽቑራር፣ ነፃ ኮይኖም፣ ብምርምር ዝረኸቡዎም ጠቐምቲ እዮም ኢሎም ዝኣምኑሎም ፣ዝመሰሎም፣ ይረብሕ እዩ ዝብሉዎም ሐሳባት ናብ ቅድሚት ዘምፅኡሉ፤ሓሳባቶም ብዘይሰኸፈት ብፖሊሲ ሓንፀፅቲ ዘቕርቡሉ ቲንክ-ታንክ ክህልወና ዝኽእልካዮ ኩሉ ክትገብር እላበወካ፤

22. ኣብ ናይ መሬት ካሕሳ ኣወሃህባ ዘለዉ ፀገማት፤

ብዝተፈላለዩ መንገድታት (ንህንፀት መሰረተ-ልምዓት፣ ንኢንቨስትመንት ወ.ዘ.ተ) ብዘይ እኹል ካሕሳ መሬቶም ተመንዚዖም ኣብ ፀገም ወዲቖም፣ ኣብ ድኽነትን ልመናን ወዲቖም ዘለዉ ናይ ትማሊ ሰብ-መሬት ሓረስቶት ስድራታት ጉዳዮም ዳግም ክረኣየሎም ይግባእ፣ ግቡእ ካሕሳ ብምሃብ ድማ ካብ ዝወደቑዎ ክለዓሉ ይግባእ፡፡ ብፍላይ ኣብ ዙርያ መቐለ ዝነበሩን ንመስርሒ መንበሪ ኣባይቲን ንህንፀት ኢንዳስትሪ መንደርን ዳርጋ ብጥርሑ መሬቶም ዝተመንዝዑን ኣብዚ ሰዓት ኣብ ከቢድ ፀገም ወዲቖም ዘለዉን ሓረስቶት እንደርታ ግቡእ ካሕሳን ሓገዝን ክወሃቦም ይግባእ፡፡ ንቕድሚት ዝግበሩ ተመሳሰልቲ መሬት ሓረስቶት ንልምዓትን ኢንቨስትመንትን ናይ

ምውሳድ ተግባራት ብጥንቃቐ ንሓረስቶት ግቡእ ካሕሳ ብምሃብን ዳግም ክጣይሹ ብምግባርን ክፍፀሙ ይግባእ፤

መጠቓለሊ፤

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን፤

ንሕና መናእሰይ ትግራይ ናይ ኣሓትና፣ ኣሕዋትና፣ ኣያታትና፣ ኣዴታትና ቃልሲ፣ መቑሰልቲ፣ ሞት፣ ጅግንነት ኲሉ ብልዑል ክብሪ ንዝክሮ፤ ኣዚና ድማ ንሕበነሉ፡፡ ኣሓትና፣ ኣሕዋትና፣ ኣያታትና፣ ኣዴታትና ንዝኸፈሉዎ ላዕልን ታሕትን፣ ናይ ኣካልን ሂወትን መስዋእቲ፤ ምእንቲ ረብሓን ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ኢሎም ንዝገበሩዎ ኲሉ ኣዚና ነመስግኖም፤ ታሪኾም ኣካል እቲ ንመዋእላት ከም ሰንሰለት እናተኣሳሰረ ዝመፀ ብጅግንነትን ዓወትን ዝደመቐ ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ እዩሞ ንዘለኣለም እናተኸበረ ይነብር፡፡

ኮይኑ ግና እቲ ናይ 17 ዓመት ደማዊ ቃልሲ ተዛዚሙ ህ.ወ.ሓ.ት መንግስትነት ካብ ዝዓትር 27 ዓመት ሓሊፉ ኣሎ፡፡ 27 ዓመት ማለት ልዕሊ 1 ትውልዲ እዩ፤ ከምዝፍለጥ ብሳይንስ ሓደ ትውልዲ (generation) ዝብሃል 25 ዓመታት እዩ፡፡ ልዕሊ 70 % ትግራዋይ ዕድሚኡ ትሕቲ 40 ዓመት እዩ፡፡ እቲ ደማዊ ኲናት ዳርጋ ኣብ ሕድሕድ ትግራዋይ እኳ በሰላ ዝገደፈ እንተኾነ ልዕሊ 70 % ትግራዋይ ንቲ  ደማዊ ኲናት ዝፈልጦ ብዝገደፎም በሰላታት፣ ብወረ፣ ኣብ መፅሓፍ፣ ኣብ ቴሌቭዥን፣ ኣብ ራድዮ፣ ብዛንታ ወ.ዘ.ተ ጥራሕ እዩ፤ ብዓይኑ ዝረኣዮ፣ ባዕሉ ተዋሳኢ ዝኾነሉ ስለዘይኮነ ድማ ቀጢን ናይ መንፈሳዊ ምትእስሳር ክሪ እዩ ዘለዎ፤ ግዘ ብዝሓለፈ ብዝኸደ ቑፅሪ ድማ እቲ ቀጢን ክሪ መንፈሳዊ ምትእስሳር እውን ዝበለፀ ክቐጥንእዩ፡፡

ኲሎም ትውልድታት ይንኣስ ይዕበ ዝሰርሑዎ፣ ናተይ ዝብሉዎ ታሪኽ ኣለዎም፤ ሓደ ትውልዲ ባዕሉ ንዝሰርሖ ናይ ትውልዱ ታሪኽ ጥራሕ እዩ በዓልናይ ዝኸውን (ዘወንን)፡፡ ሕሉፍ ወለዶ ዝገደፈሉ ታሪኽ “ናይ ኣቦታተይ፣ ናይ ኣዴታተይ ታሪኽ” ኢሉ የኽብሮ እምበር “ናተይ” ክብሎ ኣይኽእልን፣ ኣይግባእን እውን፡፡ እዚ ማለት ንልዕሊ 70 % ትግራዋይ እቲ ሕሉፍ ናይ ገድሊ ታሪኽ ናይ ኣያታቱ፣ ኣዴታቱ ሕሉፍ ታሪኽ እምበር ናሃቱ ኣይኮነን፤ “ናተይ” ኢሉ እውን own ክገብሮ ኣይግባእን፣ መሰል የብሉን፤ ከምኡ እንተገይሩማ ዘይሓላፍነታዊን ናይ ባዕለይ ታሪኽ ክሰርሕ ኣይክእልን ካብ ዝብል ዓርሰ እምነት ዘይምህላው ዝመፀእ እውን እዩ ክኸውን ዝኽእል፡፡

ስለዝኾነ ድማ እንተንኣሰ እቲ ሎሚ ኣብ ትግራይ ዘሎ ልዕሊ 70 ሚእታዊ (ትሕቲ 40 ዓመት ዝኾነ) ትግራዋይ ንታ ንዝሓለፉ 27 ዓመታት በትረ-ስልጣን ዓቲራዘላ ውድብ ንህ.ወ.ሓ.ት ብትማሊ ዘይኮነስ

ብሎሚ ጥራሕ እዩ ክምዝና- ብናይ ሎሚ ኣሰራርሓታታ፣ ባህርያታ፣ መትከላታ፣ ውፅኢታታ፡፡ ካብቶም ብዙሓት መመዘኒ ረቛሓታት ሎሚ ገሊኦም፤

1. ህዝቢ ትግራይ ነዊሕን መሪርን ዕጥቃዊ ቃልሲ ንኸካይድ ቀንዲ ምኽንያት ዝነበረ ብሄራዊ ዕብለላ ሙሉእ ንሙሉእ ተወጊዱዶ? ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ እቲ መንእሰይ ብመንነቱ ይሕበን ዶ ወይስ ይሸቑረር? ባህሉን ቛንቁኡን ብግቡእ ይጥቀም፣ የዕብን ይሕብሕብን ዶ ኣሎ ? ናይ ህዝብታት ማዕርነት ብተግባር ተረጋጊፁ ዶ?
2. ኣብ ትግራይ ዘላቒን ዘተኣማምንን ሰላም ተረጋጊፁ ዶ? ትግራይ ናይ ሰላም ኣየር ድያ ትትንፍስስ ዘላ ወይስ ሐዚ እውን ናይ ኲናት ደመና የንፀላልዋ? ትግራዋይ ኣብ ዝሐሾ ኩርናዕ ኢትዮጵያ ከይዱ ናይ ምንባር፣ ምስራሕ ውሕስንኡ ተረጋጊፁ ዶ? እዚ ሰላምኸ ዘላቕነቱ ዘተኣማምን ድዩ? ኣብ ፅኑዕ መሬት ዝተሃነፀ ድዩ ወይስ ኣብ ልዕሊ ሓሸዋ?
3. ናይ ሓፋሽ ናይ ኢኮኖሚ ተጠቃሚነት ተረጋጊፁዶ? ቁሩባት ምስ ሰበ-ስልጣን ተጎዛጒዞም ካብ ጎሮሮ ድኻ መንዚዖም ሃፍቲ ዝኽዝኑ ሃንጎሪማታት ካብ ምፍጣር ዝዘለለ፣ ኣብዝሓ ህዝቢ ተጠቃሚ ዝገብር ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ተረጋጊፁዶ? ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ ዶ ተረጋጊፁ? ብፍላይ እቲ መንእሰይ ካብቲ ኣሎ ዝብሃል ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ብሓቂ ተረባሓይ ደዩ?
4. ህ.ወ.ሓ.ት ስትራቴጂካዊ ጥቕምታት ትግራይ ኣኽቢራትልናዶ ወይስ ንግዝያዊ ፖለቲካዊ ከስቢ ዘለቕቲ ረብሓታትና ኣሕሊፋ ሂባትልና? ኣብ ቅድሜና ተስፋ ድዩ ዘሎ ወይስ ስግኣት?
5. ኹለ መዳያዊ ብቕዓቱ ዘረጋገፀ፤ ብልዑል ስነ-ምግባር ዝተሃነፀ፣ ሓላፍነት ክስከም ድልዉ ዝኾነ ተረካቢ ትውልዲ ተሃኒፁዶ? ኣብ ትምህርቲ ከመይ ኣለና ኣብያተ-ትምህርትታትና ማእኸል ፍልጠት፣ ክእለት፣ መሳርሕታት ለውጢን ዕቤትን ዶ ኮይነናልና?
6. ተጋሩ ብቑፃልነት ኣብ ናይዛ ሃገር ፖለቲካዊ፣ ኣካዳሚያዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ምንቅስቓስ ዝህልወና እጃም እንታይ ይመስል፤ እጃምና እናቐሃመ ድዩ ዝኸይድ ዘሎ ወይስ እናዓበየ?ብመሰረቱ ንሕና ተጋሩ ኣብ ናይዛ ሃገር ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ ምንቅስቓስ ዘለና እጃም ዕዙዝ ኮይኑ ክቕፅል እንተኾይኑ ኣብ ኩሎም ዓውድታት ብብቕዓቶም ነጢሮም ንቕድሚት ዝወፁ፣ ዘይትክኡ፣ ዘይድፍኡ ኤሊታት ከምዘድልዩና ዝፍለጥ እዩ፤ እሞስ ንዚኦም ዶንፈጥር ዶ ኣለና?
7. ህ.ው.ሓ.ት ናይ መሪሕነት ስግግር ትገብር ኣላዶ፤ ሓደሽቲ መራሕቲ ፈጢራ ዶ? ኣብ 27 ዓመት ክንደይ ብብቕዓቶም፣ ብግዝፈት ራኢኦምን ንዓዶምን ንህዝቦምን ብዘለዎም ፍቕርን መገልገላይነትን ሓርያ ሓደሽቲ መራሕቲ ፈጢራ? ብስሩ እታ ውድብ ንቲ መንእሰይ ትሪኦሉ ዓይኒ ከመይ እዩ? ንሓላፍነት ዝበቅዕ ድያ ገይራ ትሪኦስ ወይስ ካብ ባልጃን ፅላልን ተሸካምነትን ተለኣኣኽነትን ዝሓለፈ ተራ ዘይግበኦ ገይራ?

8. ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ዘለና ረኽቢ፣ብቐፃልነት ኣብ ፖለቲካዊን ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊን ምንቅስቓስ እዛ ሃገር ዝህልወና ቦታን ፅዕንቶን ኣንፈት ጉዕዙኡ ናበይ እዩ? ፅባሕ እንታይ ሒዛትልና ኣላ?
9. ኢኮኖሚ ትግራይ መዋቕራዊ ሽግግር ኣካዩዱ ዶ? ትማሊ ብብዕራይን ብባህላዊ ማሕረሻን ዝሓርስ ዝነበረ ሓረስታይ ትግራይ ሎሚ ኣበይ ኣሎ? ሕርሻና ብሓቂዶ ዘሚኑ? ክንደየናይ ኢና ካብ ናይ ዝናብ ማይ ፅግዕተኛነት ተላቒቕና? ኢኮኖሚና ሕርሻዶ ይመርሖ ወይስ ኢንዳስትሪ፣ ሒዝናዮ ዘለና መንገዲ ናበይ ዝወስደና እዩ?
10. ትግራይ ካብቲ ፌደራላዊ ስርዐት ብማዕርነት ዝግበኣ ረብሓ ትረክብ ዶ ኣላ? እቲ ናይ ህዝቢ ትግራይ ወካሊ እየ ዝብል ውድብ (ህ.ወ.ሓ.ት) ረብሓ ትግራይ ንምርግጋፅ፣ ብፌደራል መንግስቲ ኣብ ዝግበሩ ኢንቨስትመንታት ማዕረ ተጠቃሚት ንምግባር ዶ ይቃለሰላ ኣሎ? እቲ ፌደራል መዋቕር ንትግራይን ህዝቢ ትግራይን ከም ወገኑ ዝቖፅር ድዩ ከም ባዕዲ፣ ከም ጓና?
11. ትግራይ ንኢንቨስትመንት ምችውቲ ዶ ተገይራ? ትግራይ ብናይ ውሽጢ ዓዲን ወጻኢን ኢንቨስተራት ተመራፂት ዶ ተገይራ? ንውልቀ-ኢንቨስትመንት ሓንንፋይ ኢሉ ዝቕበል ጥራሕ ዘይኮነስ ናብ ዘለዎ ኣጫንዩ ከይዱ ኢንቨስትመንት ዝዕውዕ ቢሮክራሲዶ ሃኒፅና? ኣብ ትግራይ ክንደይ ዝኣክል ናይ ኢንቨስትመንት ፍሰት ኣሎ? ንኽንደይ ወገናት ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢርና? ብስሩ'ኸ ፀጋታትና፣ ዕድላትና፣ ተኽእሎታትና ብግቡእ ፈቲሽና ክንዲ ዝድለ ዶ ንምዝምዞም ኣለና?
12. መናእሰይ ትግራይ ንማዕዶ እንተየቋመቱ፣ ኣደዳ ባሕሪን ምድረበዳን እንተይኮኑ ኣብ ዓዶም ሰሪሖም ናብረኦም ዘሸንፍሉ ናይ ስራሕ ዕድል ተፈጢሩ ዶ? ክብረት ትግራዋይ ኣብ ዓዱ እዩሞ ነቲ ኣብ መላእ ዓለም (ብፍላይ ኣብ ዓዲ ዓረብ) ኣብ ሕማቕ ኩነታት ስደት ዘሎን ይበርስ ዘሎን ትግራዋይ መንእሰይ ናብ ዓዱ እንተተመሊሱ ንውኡን ነቲ ኣብ ዓዲ ዘሎን መንእሰይ ዝስከም ኢኮኖሚ ዶ ሃኒፅና?
13. ህ.ወ.ሓ.ት ብዛዕባ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ዘለዎ ራኢ፣ ናይ ነዊሕ ግዘ ትልሚ ኣለዎ'ዶ? እንታይ'ኸ ይመስል? ህ.ወ.ሓ.ት ሎሚ ኮይና ብዛዕባ እታ ድሕሪ 50፣ 100 ዓመታት ዘላትግራይስእሊስእሊ ኣለዋዶ? እንታይ'ኸ ይመስል?እንተሃልዩዋ'ኸ ሒዝናዮ ዘለና መንገዲ ብሓቂ ናብኡ ዘብፅሐና ድዩ?
14. ጉዕዞና ናበይ እዩ? ቀፃሊ ጉዕዞ ተጋሩ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት ተስፋ ዝሓዘለ ድዩ ወይስ ብስግኣት ዝተኸበበ? መፃኢና ዓወት ድዩ ሓዚሉ ዘሎ ወይስ ዕንወት? ህ.ወ.ሓ.ት መፃኢ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፅቡቕ መሰረት ክስረት ዶ ትገብር ኣላ ወይስ ኣርሒቕካ ብዘይ ምእማት መፃኢን ቀፃሊ ህልውናን ህዝቢ ትግራይ ኣብ መንቀራቕሮ ይኣትዉ ኣለዉ ? ወ.ዘ.ተ እዮም ክኾኑ፣

ናይቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ሒደት መርኣያ ሕቶታት መልሲ ገለ እዋናዊ ምስሊ ህ.ወ.ሓ.ትን ትሕዝቶኣን ከርእየና ከምዝኽእል እኣምን፡፡

ዝኸበርካ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ እዚ ትውልዲ ዝረኣዩ፣ ዝጭበጡ፣ ዝልክዑ መለክዒታት/ነጥብታትን እምበር ብትማሊ ክኸውን ኣይግብእን፡፡ ከምቲ ቅድም ኢልና ዝረኣናዮ ድማ ንስኻ ሐዚ ብኣቦ-ወንርነት እትመርሓ ውድብ ህ.ወ.ሓ.ት ብመነፅር እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ መለክዕታት ብመብዛሕቲኦም ከምትወድቕ ዘማትእ ኣይኮነን፡፡ እዚ ድማ ዶ/ር ደብረፅዮን ካብ ዘንቆልቆለ መሰረት ትብገስ ከምዘለኻን ድርብ ድርብርብ ሓላፍነት ይፅበየካ ከምዘሎን፤ ስለዝኾነ ድማ በርቲዕኻ፣ ተሪርካ፣ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ተጋሩ ኩሎም ኣሳቲፍካ፣ ቀትርን ለይትን ክትፅዕር ከምዘለካ ዘመላኽት እዩ፡፡

ሰናይ ናይ ስራሕ ዘበን ተመንየልካ፡፡

ዘፅኣት (ዶ/ር)